ሓንቲ ዓለም



ፍልስፍናን ኣስተንትኖን

ኣማኑኤል ሳህለ





ሓንቲ ዓለም

ብኣማኑኤል ሳህለ

One World: Philosophy and Meditation

En värld: filosofi och meditation

© Amanuel Sahle, 2012, Sweden

ንኹሉም መንእሰያት ኤርትራ
ከም መዘኸርታ

ኣርእስቲ

መቅድም	5
ዓለም ከም ቍሸት	7
መሰረታዊ ባህርያት	11
በይንኻ ምንባር	15
ዩኒቨርሳላዊ ንቕሓት	19
ደረጃ ምስትውዓል	24
እታ ሳልሰይቲ ዓይኒ	28
መፈንጠራ ዓለም	33
ምሹስኳስ ቄልዑ	38
ጽቑጥ ባህርያት	42
ሕልምን ጋህድን	46
ዘረባን ቁምነገሩን	50
ኩሉ ሓላፊ ኢዩ	54
መሰዋእትን ምሳሌታቱን	58
ተመራማርን ተባዕን ኣእምሮ	61
ማሪት ወይ ኣጉል እምነት	65
ደረጃታት ሓጎስ	70

መቅድም

ነዚ መጽሓፍ'ዚ ክጽሕፍ ካብ ዘገደደኒ ሓደ ምኽንያት፡ ኣብ መንጎ ሰባት ዘሎ እተፈላለየ ኣረኣእያን ኣተሓሳስባን ኣተኣማምናን ኣብ ዘየድሊ ጐነጽን ቅርሕንትን ባእስን ይልወጥ ብምሃልዉ ኢዩ። ሰብ ካብ ሳየንሳውን ሎጂካውን ኣተሓሳስባ ወጺኡ ብስምዒት ጥራይ ይምራሕ እንተ ደኣ ኾይኑ፡ ውጽኢቱ ኣሉታውን ኣፍራስን ጥራይ ኢዩ ኪኸውን ዚኽእል።

ኣብዚ ግዜና'ዚ፡ ሰባት ብፖለቲካን ሃይማኖትን ጸታን ዓሌትን ከምኡ'ውን ኣብ ስሰዐ ብእተመርኰሰ ምድላብ ሃብትን፡ ኣብ ምህዋኽን ኣብ ዕዉር ስምዒትን ኣብ እተሰረተ ማያውን መሬታውን ግዝኣትን ዶባዊ ምስሕሓብን ነንሓድሕዶም ኪካሰሱን ኪናቑቱን ይውዕሉ ኣለዉ።

ንደቂሰብ እዛ ዓለም ዝጸበበቶም ትመስል ኣላ። ኣብዘን ዝሓለፋ ዓመታት ከኣ ንዓለም ብስሰዓዊ መገዲ ብምብካል ንዕምራ የሕጽሩዎ ኣለዉ። ኣብ ኩሉ ነገራት ስምምዕ ዚብሃል የልቦን። ኩሉ በብመገዱ ኪኸይድ ይደሊ። ኩሉ ነቲ ናቱ ኣረኣእያ ጥራይ ከማዕብልን ከም ጥዑይን ቅኑዕን ገይሩ ኪወስዶን ይደሊ። ንዓለም ካብቲ ዘላቶ ሻቕሎት ከድሕና ኢሉ ዚቃለስ ግን ውሑድ ኢዩ።

ወድሰብ ንዓለም ከጽንታ እተቐረበ ይመስል። ገሊኡ ድማ ቀልጢፉ ክትጠፍኣሉ እሞ፡ ኣብ መንግስተ ሰማያት ኣትዩ ህይወቱ ኪቕጽል ዚጽበ ዘሎ ይመስል። ገለን ዓለም ንኽይትጠፍእ ይቃለሱ፡ ገለን ከኣ መወዳእታ ዓለም ቀሪቡ ኢዩ እናበሉ ይንበዩን ይሰብኩን። ዓለም ክትጠፍእ ቀሪባ ኢያ እናበሉ ሰብ ዚህውኹን ዘሻቕሉን ግን ኣይወሓዱን።

ናይዚ ኹሉ ጫውጫውን ህውከትን መፍትሒ ግን እንታይ ኢዩ? ሰብ ብኽመይ መገዲ ኢዩ ስጋውን መንፈሳውን ድሕነት ተሰሚዑዎ ኪነብር ዚኽእል? ብኽመይ መገዲኽ ኢዩ ኪሓብርን ኪሰማማዕን ዚኽእል? ንዓለምከ ክንዕቅባ ንፈትንዶ ወይስ ትጥፋእ ንግደፋ? ከመይ ጌርና ኢናኽ ንነፍስናን ንዓለምን ክንዕቅብ እንኽእል? ብሓጺሩ፡ ከመይ ጌርና ኢና ከም ደቅሰብ መጠን ንመንፈሳውን ስጋውን ህይወትና ከነድሕን እንኽእል?

እእምሮ ወድሰብ ክልተ ኣኽናፍ ኢዩ ዘለዎ። ሳየንሳውን ሃይማኖታውን፡ ወይ ከኣ ሎጂካውን መለኮታውን፡ ወይውን ኣእምሮኣውን ልባውን።

ብስምዒትን ዕዉር እምነትን ጥራይ እንተ ደኣ ተመሪሕካ ናብ ማሪትን ኣኽራርነትን ጥራይ ኢኻ እትጥሕል።

ብሳየንስን ብሎጂክን ጥራይ እንተ ተመሪሕካ ድማ ኣብቲ ብማተሪያሊዝምን ዓለማውነትን እተባዕጠ ናብራ ኢኻ እትሰጥም።

ብኽልተኡ ኣኽናፍ፡ ማለት ብሳየንስን ብእምነትን ወይ'ውን ብኣእምሮን ብልብን ጌርካ ምስ እትነፍር (እትሓስብን እትመራመርን) ወይ እትጐዓዝ ግን፡ ነቲ ሓቂ ክትረኽቦን ክትጥቀመሉን ከም እትኽእል ኣየጠራጥርን።

ኣማኑኤል ሳህለ
ሃገረ ሽወደን 2012

ዓለም ከም ቀጨት

ነዛ ዓለም ከም ቁሸት ጌርና እንተ ደኣ ርኢናያ፡ እቲ ኣብኣ ዚነበር ህዝቢ ዳርጋ ኣብ ካንሸሎ ይነብር ከም ዘሎ ጌርካ ምርኣዩ ዘሸግር ኣይኮነን። ኣነ ንእሽቶ ከሎኹ ማለት ኣብ 50ታት፡ ኣብ ካንሸሎ ኢና እንነብር ዝነበርና። ማለት ኣብ ሓደ ቀጽሪ፡ ኣርባዕተ ነኣሽቱ ገዛውቲ (ዓራትን ኣርማድዮን ዘእትዋ)፡ ኣርባዕተ ስድራቤታት፡ ሓንቲ ስድራ ቤት ብገምጋም ሰሰለስተ ቁልዑ፡ ስለዚ ኣብታ ካንሸሎ ምስ ኣቦን ኣደን ሓዊስካ ኣስታት 16 ነፍሳት ይነብሩ ነይሮም። ገለ ካብቶም ኣቦታት፡ ከም ዋርድያ፡ ከም ሚኒዋለ፡ ከም ጸረብቲ ወይ ካርበንቴረ፡ ከም ነደኞቲ፡ ከም ኽብራረ ወይ ከም ቢያንቶነ ኪሰርሑ ከለዉ፡ እተን ኣዴታት ግን ኣብ ገዛ ኢየን ዚውዕላ ነይረን።

ንሕና ከም ህጻናት መጠን፡ ኣዴታትና ናብ ዕዳጋ ኼወርዳ ኽለዋ፡ እተን ናብ ዕዳጋ ዘይወረዳ ኣዴታት ይኣልያና ኔረን። ገለ ዓንተራት ምስ ዚህውኽና፡ ዓበይቲ ኣያታትና ይዘርዩልና ነይሮም። ካብቶም ሰብ ሓዳር ምስ ዚበኣሱ፡ እቶም ሽማግሊታት ዓገብ ይብሉን የተዓርቑን ነይሮም። ብለይቲ ሰረቕቲ ምስ ዚቕልቀሉ፡ ሓቢርካ ትጐዮም፡ ማለት ምስቲ ታርዛን ወይ ባሩድ ዚብሃል ኽልቢ ኼንካ።

እምበኣር፡ ህጻናት ከሎና፡ ዓለምና እታ ካንሸሎ ኢያ ነይራ። ኣብ ኩኵርናዑ`ውን ተመሳሰልቲ ካንሸሎታት ነይረን። ኣብኣተን ኽኣ ድኻታትን ሃብታማትን፡ ኣስላምን ክርስትያንን፡ ከኒኻን (ስድራቤተይ) ተዋህዶን፡ ተጋሩን ኤርትራውያንን፡ ምስ ኢትዮጵያ ዚብሉን ምስ ጣልያን ዚብሉን፡ ኣንድነት ዚብሉን ራቢጣ ኣል ኢስላምያ፡ ደቂ ከበሳን ደቂ ቆላን፡ እተፈላለዩ ብሔራት`ውን ከም ኩነታቱ ይነብሩ ነይሮም።

ኣብቲ እዋንቲ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ካንሸሎ ስኒት ነይሩ፡ ፍቕሪ ነይሩ፡ ምጽውዋር ነይሩ። እዚ ስነት`ዚ ደኣ ካበይ መጺኡ? ካብ ምጽውዋር፡ ካብ ምርድዳእ፡ ካብ ኣእምሮኻ ምስፋሕ። ኣብቲ ግዜ`ቲ ናይ ሃይማኖት ጥሩፍነት ኣይነበረን። ከምዚ ናተይ እምነት እንተ ዘይኣመንካ ናብ ሲኦልካ ኢኻ እተምርሕ፡ ክትድሕን እንተ ደኣ ደሊኻ ግን ነዚ ኣነ ዝኣምኖ እምነት እመን.. ዚብል ወጣምን ገታርን ነግራምን ደፋርን ኣዘራርባ ኣይነበረን። ትግራዋይ ኢኻሞ፡ ኤርትራዊ ኣይኮንካን ዚብል ኣረኣእያ ኣይነበረን። ኣረ ገሊኣምስ፡ ካብ ትግራይ ዘይተወልደስ ኣይጭዋን ኪብሉ ይስምዑ ነይሮም።

ኣነ ከም ኪኻ፡ ስጋ ክስታን ስጋ ኣስላም ዚብል ግጉይ ባህሊ ከይተመከርኩ እየ ዓብየ። ቀንድን መንፈሳውን ዓርኪ ኣቦይ (ስድራይ ኪኻ ኢዮም)፡ ቀሺ

ገብረእግዚኣብሄር ዚበሃሉ ተዋህዶ ኢዮም ነይሮም። እምነትና ተገንዚቦም ግዲ ኸይኖም መስቀል ኣየሳልሙናን ነበሩ። ቀንዲ ተኻፋሊ ጸገምና ድማ ሳሊሕ እተባህለ ኣስላማይ በዓል ድኳን ኢዩ ነይሩ።

ኣቦይ፡ ኣነ ከም ዝፈልጦ፡ ኣብ ከባቢኡ ዝነበሮ ኣረኣእያ፡ ንኹሉ ዚሓቑፍን ንኹሉ ዚጸውርን፡ ስኒትን ሓድነትን ዝዓብለሎ ኢዩ ነይሩ። መጽሓፍ ቅዱስ ከንብብ ርእየዮ ኣይፈልጥን ግን ካብቶም መጽሓፍ ቅዱስ ክጠቕሱን ኪዝምሩን ዚሓድሩ ንላዕሊ ኣምላኽ ዚፈትዎ ስራሕ ይሰርሕ ከም ዝነበረ ብጾቱ የረጋግጹዎ ኢዮም። ኣብ ጽቡቕ ምግባር እምበር፡ ኣብ ጸቢብ ሃይማኖታዊ ኣተሓሳስባ እተቕየደ ኣይነበረን። በዚ ድማ ኣብታ ካንሸሎ፡ ከም መተዓረቒ ኮይኑውን ኣገልግሎቱ የበርክት ከም ዝነበረ ሰብ ይምስክረሉ ኢዩ።

ኣብቲ ካንሸሎ ሽሕኻ ብስራሕ፡ ብሞያ፡ ብመዓርግ፡ ብደረጃ፡ ብትምህርቲ፡ ብባህሊ፡ ብቋንቋ፡ ብእምነት ፍልልያት እንተ ነበረ (እዚ ኸኣ ባህርያዊ ኢዩ) ፡ ናይ ሓደ ባህሊ ወይ እምነት ወይ ቋንቋ ካብ ናይቶም ካልኦት ባህሊ ወይ ቋንቋ ወይ እምነት ይበልጽ ወይ ይትሕት ኢልካ ምሕሳብ ግን ኣይነበረን። ናይ መን ባህሊ ኢዩሞ ንመን ኪውርዝየሉ? ናይ መን እምነት ኢዩሞ ንመን ኪዕበየሉ? ናይ መን ቋንቋ ኢይሞ ንመን ኪዕብልለሉ? ኩሉ በብወገኑ ነቲ ዋንኡ ከም ወርቂ ኢዩ። ኩሉ በብመገዱ ነቲ ዋንኡ ብሉጽ ኢዩ። ናተይ ባህሊ ወይ ቋንቋ ወይ እምነት ዝበለጸ ኢዩሞ ናተይ ደኣ ተቕበል፡ እዚ ናትካስ ዋጋ የብሉን ማለት ህውከትን ሕንፍሽፍሽን ምዝራእ ማለት ኢዩ።

እምበኣር እታ ካንሸሎ ከምዚ ኢያ እትመስል ነይራ። ደሓር ኢያ ደርጊ ምስ መጹ እልፊ ሰለይትን ፈላለይትን ሻረኛታትን ትምክሕተኛታትን ኪኣትዉዋ ዝጀመሩ። ቀስ እናበለት ከኣ ፈረሳ።

እዛ ዓለምና ኸኣ ከምኡ ኢያ። ኣፍሪቃውያን፡ ኣመሪካውያን፡ ኤውሮጳውያን፡ እስያውያን፡ ምስ እተፈላለየ ባህልታቶም፡ ቋንቋታቶም፡ እምነታቶም፡ ኣመለኻኽታኦም፡ ሕብሮም፡ ቁመቶም፡ ቀጠባዊ ደረጃኦም፡ ፖለቲካዊ ዝንባሌታቶም፡ ራኢታቶም፡ ሕሉፍ ታሪኻቶም፡ ያታኦም ወዘተ. ኣብዛ ናብ ካንሸሎ ተለዊጣ ዘላ ዓለም ኢዮም ዚቕመጡ ዘለዉ። ገሊኣቶም ንሕና ጥራይ ኢና ፈላጣት ንኣና ጥራይ ስምዑና ዚብሉ፡ ገሊኣቶም ኣምላኽ ንኣና ኢዩ መሪጹናሞ ንኣና ደኣ ተኸተሉ ዚብሉ፡ ገሊኣቶም ብዘይ ብኣና ዓለም ናብ ገደል ክትኣቱ ኢያ ዚብሉ፡ ገሊኣቶም ኩሉ ናባና ግደፉዎ ባዕልና እቲ ዝሓሸ ቀጠባዊ መገዲ ከነርእየኩም ኢና ዚብሉ፡ ገለ

ናንዳማቶም ንብረት ኪሰርቁ ዚውዕሉ፡ ገለ ህውከት ጥራይ ዚፈጥሩ፡ ገለ ዓለም ጸቢባቶምስ ምስ ጐረባብቶም ኪበኣሱ ግዜኦም ዘሕልፉ፡ ገለ ንገዛእ ህዝቦም ኪቕጥቅጡ ዚውዕሉ፡ ወዘተ.

ከምዚ ባህሪ ዘለዋ ካንሽሎ እንታይ ኢዩ መጻኢ ዕድላ? ሕንፍሽፍሽን ውድቀትን። እንታይ ኢዩኽ ፈውሳ?

ኣብዚ ነጥብዚ ብዙሓት ውልቀሰባት ወይ ጉጅለታት ወይ ሃገራት ከም ሓከምቲ ኮይኖም ኪቕርቡ ይፍትኑ። እዛ ዓለም ክትድሕን እንተ ደኣ ኾይና ከምዝን ከምዝን ኢዩ ዘድልያ፡ ኣይፋልን ከምዚባ፡ ኣይፋልን ንዓይ ግደፉለይ ኣነ እየ እቲ ፈውሲ ዝፈልጦ፡ ኣይፋልካን መን ስልጣን ሂቡካ፡ ወዘተ. ኪበሃሃሉ ይነብሩ ኣለዉ።

እቲ ፈውሲ ግን ቀሊል ኢዩ። ንሱ ኽኣ ተጻዋርነት፡ ኣእምሮኻ ምስፋሕ፡ ንፍልልያት ከም መርገም ዘይኮነስ ከም ምርጫ ጌርካ ምውሳድ፡ ናይ ብጻይካ ኣረኣእያን ኣመለኻኽታን ምኽባር፡ ናይ ብጻይካ እምነት ከም ናትካ ጌርካ ግቡእ ክብሪ ምሃብ፡ ነቲ ምስ ናትካ ራኢ ዘይከይድ ነገራት ዘይምቀናንጻብ፡ ንብጻይካ ከም ነብስኻ ምፍታው፡ ወዘተ...

ኣብታ ኣብ ላዕሊ ዝረኣናያ ካንሽሎኮ እዚ ፈውስዚ ኢዩ ስኒት ኪፈጥር ዝኽኣለ። ኣደይ ለቱ ምስ ኣደይ ሓጀር ብሃይማኖት ኪመናጨታ እንተ ዚውዕላ ነይረን፡ ኣቦይ ሰጃር ድማ ምስ ኣይተ ገብረጻድቕ ብብሔር ኪናቈቱ ዚውዕሉ ነይሮም እንተ ዚኾኑ፡ ኣስበቶረ እልፉ ንሚኒዋለ ግርሙ ይንዕቁዎም እንተ ዚነብሩ፡ ብላታ ገብሩ ድማ ንሽቃ ባይሩ ይዕበዩሎም እንተ ዚነብሩ፡ እታ ካንሽሎ ምዓነወት ነይራ። ግን እቲ ኩነታትስ ከምኡ ኣይነበረን። ኩሉ ተኽባቢሩን ተሳኒዩን ተፋቒሩን ኢዩ ዚነብር ነይሩ። ክሳዕ እቲ ንፍልልያት ከም መሳርሒ ገይሩ ዚጥቀመሉ ዝነበረ ደርጊ ዚመጽእ።

ትምክሕቲ ኣደ ህውከትን ውድቀትን ኢያ። ብእግራ እንተ ቀበርካያ ብርእሳ ኢያ እትበቁል። ብኹሉ ዓይነት መገዲ ከኣ ኢያ እትቕልቀል። ከም ሃይማኖት ኮይና ፍልልያት ተጐሃህር። ከም ቋንቋ፡ ከም ዓሌት፡ ከም ብሔር ኮይና ህውከትን ሕንፍሽፍሽን ትፈጥር። ከም ፖለቲካ ኾይና ዲክታቶርያዊ ስርዓት ትፈጥር። ከም ብሔር ኮይና ዕብለላን ግፍዕን ተስፍን።

ስጋዊ ትምክሕቲ ካብ ሃለወ፡ መንፈሳዊ ትምክሕቲ ኽኣ ኣሎ። እቲ ቀዳማይ ንስጋ ጥራይ ኢዩ ኪቕትሎ ዚፍትን። እቲ ኻልኣይ ግን ንመንፈስን ሕልናን የዕንዎን የብርሶን።

እምበኣር እቲ ነዛ ሓሚማ ዘላ ሃገርናን ነዛ ናብ መገዲ ጥፍኣት እትኸይድ ዘላ ካንሸሎኣዊት ዓለምናን ንምድሓን ዘገልግል ቀንዲ ፈውሲ፡ ተጻዋርነት (Tolerance) ኪኸውን ከሎ፡ እቲ መግደድ ሕማማን እቲ ከም መርዚ ኾይኑ ኪቐትላ ተዳሊዩ ዘሎ ቀመም ከኣ፡ ትምክሕትን ጸቢብ ኣተሓሳስባን ጥሩፋዊ ኣመለኻኽታን ምኻኑ ንኹሉ ግሁድ ኪኸውን ይግባእ።



መሰረታዊ ባህርያት ነገራት

ፈጣሪ ኪህሉ ግድን ካብ ኮነ፡ ብናቱ ምህላው ወይ ሃለዋት ጥራይ ፍጥረት ኪመጽእ ወይ ኪኽሰት ይግደድ። ከምቲ መስትያት እንተሎ ናይ ብርሃን ምንጽብራቕ ዘሎ፡ ፈጣሪኣዊ ሓይሊ ምስ ዚህሉ ድማ፡ ናይ ፍጥረት ምንጽብራቕ ኪህሉ ግድን እዩ። ከምቲ ሓዊ እንተሎ ረስኒ ወይ ዋዒ ድማ ዘሎ፡ ፈጣሪ ምስ ዚህሉ ድማ ግድን ፍጥረት ኪህሉ ስነ-መጎታዊ እዩ።

ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ፈጣሪ ምስ ዚህሉ፡ እቲ ናቱ ነጸብራቕ ዝኾነ ፍጥረት ኪህሉ ግድን እዩ። ስለዚ ፍጥረት ናይቲ ፈጣሪኣዊ ሓይሊ ነጸብራቕ ወይ ግብረ-መልሲ ወይውን ሳዕቤን እዩ ክንብል ንኽእል።

ይኹንምበር፡ ከምቲ ፍልስፍና ሂንዱ ዚገልጾ፡ ፈጣሪ ናይ ምፍራስ ሓይሊ ድማ ስለ ዘለዎ፡ ፍጥረት ኪመጽእ ከሎ፡ ናይ ምፍራስ ውሽጣዊ ባህርያት ሒዙ እዩ መጺኡ። ስለዚ እቲ ፈጣሪኣዊ ሓይሊ፡ ተጻራሪ ዝኾነ ኣፍራሳዊ ሓይሊ ከም ዘጠቓልል ክንግንዘብ ይግባእ።

ከምኡውን እቲ ፈጣሪኣዊ ሓይሊ ብባህርያቱ ዓቃቢ እዩ። ይኹንምበር፡ ምስቲ ዓቃባዊ ሓይሊ ድማ ኣፍራሳዊ ሓይሊውን ይውንን እዩ።

ስለዚ ፍጥረት ኪመጽእ ከሎ፡ ናይ ምዕቃብን ምፍራስን ባህርያት ሒዙ እዩ መጺኡ። ስለዚ ኣብ ሓደ ኣቶም ወይ ንጥረ-ነገር (ከም ፍጡር ኪውሰድ ከሎ)፡ ኣብ ውሽጡ ናይ ነፍሰ-ምዕቃብን ነፍሰ-ምፍራስን ሓይልታት ጐድኒ ንጐድኒ ተደጕሉ ኣሎ። ብሓጺሩ፡ ነገራት ኪፍጠር ከሎ እተዓደሎ ናይ ነፍሰ-ምፍራስን ነፍሰ-ምዕቃብን ባህርያት ኣለዎ።

ንዓቃቢ ሓይሊ ከም ግራቪቲ፡ ንዩክለሳዊ ምትእስሳር፡ ኤለክትሪካዊ ስሕበት ወዘተ. ጌርና ክንወስዶ ኽሎና፡ ንኣፍራሲ ሓይሊ ድማ ከም ኤለትሪካውን ግራቪታውን ምርሕሓቕ፡ ናይ ነገራት ናብ ጸርጊ ምልዋጥ ሓይሊ፡ ናይ ምህላው ተጻይነት ወይ ጸረ-ህላወ ወይውን ጸረ-ነገር (ኣንቲ ማተር) ወዘተ. ጌርና ክንርእዮ ንኽእል።
ንግዜኡ ግን ናይ ነገራት ተጻራርነት ክንርኢ ክንፍትን ኢና።

ሊቃውንቲ ከም ዚብሉዎ፡ ዩኒቨርስ ኪፍጠር ከሎ፡ ነገራትን ጸረ-ነገራትን ሒዙ እዩ መጺኡ። ማለት፡ ኣብ ውሽጡ እቲ ናይ ምዕቃብን ናይ ምፍራስን ሓይልታት ሒዙ እዩ ተፈጢሩ።

ስለዚ ፍጥረት፡ ርእሱ ኪዕቅብን ርእሱ ከጥፍእን ዘኽእለ ሓይልታት ኣለዎ። ካብ ኩሉ ዘገርም ግን፡ ገለ ሊቃውንቲ፡ ኣብ ዩኒቨርስ ካብቲ ናይ ምዕቃብ ሓይሊ፡ እቲ ናይ ምዕናው ወይ ምፍራስ ሓይሊ ብዝያዳ ከም ዚብርትዕን ከም ዚዕብልልን ይእምቱ። ብሓጺሩ ካብ ማተር ወይ ነገር፡ ኣንቲ-ማተር ወይ ድማ ጸረ-ነገር ዝያዳ ዓብላልነት ኣለዎ ይብሉ።

ህንዳውያን ብፍልስፍና ኣዚዮም እተፈልጡ ህዝቢ እዮም። ብዙሓት ሳየንሰኛታት ድማ በቲ ምዕቡል ዝኾነ ፍልስፍናኦም የድንቕዎም። ፍልስፍና ህንዳውያን ወይ ሂንዱ፡ ምስዚ ሕጂ ኣብ ፊዚክስ ዚረአ ዘሎ ቅልጡፍ ምዕባለ ዚሳነ ብምኻኑ፡ ገለ ደቂ-ህንዲ ቅድሚ ሕጂ ማለት ኣሸሓት ዓመታት ይገብር፡ ኣቶሚክ ቦምብ ሰሪሖም ከም ዝነበሩ ምዝንታዉ ደስ ይብሎም። ጸዓዱ ኣብ በዓቲ ኪቕመጡ ኽለዉ፡ ህንዳውያን ብኣቶሚክ ቦምቢታት ገይሮም ይኳሳተሩ ነይሮም ማለቶም እዩ መስለኒ። ግን ብዙሕ ዚእመንሲ ኣይኮነን።

ይኹንምበር፡ እቲ ፍልስፍና ዝዓብለሎ ሃይማኖቶም ምስ ሳየንስ ዚሳነ ይመስል። ብፍላይ ምስ ኣስትሮፊዚክስ (ንኽዋኽብትን ህዋን ዚምልከት ፊዚክስ)።

ናይ ሂንዱ ስላሴ ብራህማን፡ ቪሽኑ፡ ሺቫ፡ ይብሃሉ። ብራህማን ፈጣሪ እዩ፡ ቪሽኑ ዓቃቢ እዩ፡ ሺቫ ድማ ኣፍራስን ኣብ ሞት ከኣ ዓቢ ስልጣን ዘለዎ መለኮታዊ ሓይሊ እዩ።

እቲ ኣብ ኤለክቶሮናትን ኣቶምን ሞለኩላትን ዘሎ ቀጻሊ ምንቅስቓስ፡ ብፍልስፍናን ሃይማኖትን ሂንዱ፡ ትልሂት ናይ ሺቫ ከም ዝኾነ ይእመን። ስለዚ ሺቫ ሳዕሳዒቱ ደው ምስ ዘብል፡ ፍጥረት ደው ኪብል ስለ ዚኽእል፡ ፍጥረት ንኹሉ ቕጽል እቲ ትልሂቱ ብዘይ ምቀራጽ ኪካየድ ኣድላዩ እዩ። ስለዚ ኽኣዩ ኩሉ ፍጥረት ኪንቀሳቀስ ዚቕሰብ።

ሺቫ ከዕኑ ምስ ዚደሊ፡ ንትልሂቱ ደው ኬብሎ ጥራይ እዩ ዘለዎ፡ ሽዑ ድማ ናይ ዩኒቨርስ ምፍራስ ማለት ናይ ዓለማት ገልጠምጠምን ዕንወትን ይኽሰት።

ይኹንምበር፡ ብራህማን ነዚ ገልጠምጠምዚ ትም ኢሉ ኣይርእዮን። እንተ ረኣዮውን ከም ብሓድሽ ኪድኒኖ ክእለት ኣለዎ። ኣብዚ ግን፡ ሓደ ክንፈልጦ ዘሎና ነገር ኣሎ፡ ንሱ ኽኣ ብራህማን ንዩኒቨርስ ከም ብሓድሽ ንኽድኩኖ ላዕልን ታሕትን ኪብል ከም ዘየድልዮ እዩ። ብራህማን

ብህላወኡ ጥራይ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝረኣናዮ፡ ንፍጥረት ከም ዚመጽእ ኪገብር ይኽእል እዩ፡ እቲ ናይ ብራህማን መለኮታዊ ህላው ጥራይ፡ ናይ ምፍጣር ድራኽ ኣለዎ።

ኣብዚ ስሉሳውነት እምነት ሂንዱ ግን ዘገርም ነገራት ይረአ እዩ። ብራህማን ፈጣሪ እዩ፣ ግን ምስ ሺቫን ቪሽኑን ሓድሓደ ግዜ ኪሰማማዕ ከሎ፡ ሓድሓደ ግዜ ግን በቲ ብኢደ ወነኖም ዘካይድዎ ስራሕም ይሹሪ እዩ።

ሺሽኑ ዓቃቢ እዩ። ዓቢ ሓላፍነት ከኣ ኣለዎ። ይኹንበር፡ ምስ ሺቫ ብስራሕ ስለ ዚራኽቡ፡ ሓድሓደ ግዜስ ኣይቃደዉን እዮም።

ከምዚ ዓይነት እምነትዚ ምናልባት ንገለና ከም ጽውጽዋይ ኮይኑ ይረኣየና ይኸውን። ይኹንምበር፡ እዚ ዓይነት ፍልስፍና ወይ እምነትዚ፡ ኣብ ምዕባለ ሳየንስ ብተዘዋዋሪ መገዲ ዓቢ ጽልዋ ገይሩ እዩ። ብድሕሪ ሕጂውን ነቲ ኣብ ትሕተ-ኣቶማት ወይ ድማ ኣብቲ ኮንትም ፊዚክስ ዚብሃል ክፍሊ ፊዚክስ፡ ዓቢ ኣበርክቶ ኪገብር ከም ዚኽእል ገለ ሳየንሰኛታት ይእምቱ።

ኩሉ ፍጥረት ናይ ምቅርራብን ምርሕሓቕን ምግርጫውን ባህርያት ኣለዎ። ሓሳባትውን መንቀሊኡ ነገራት ስለ ዝኾነ (ማለት ካብቲ ብኣቶማት እተሰርሐ ሓንሳል ስለ ዚነቕል። በዚ መሰረትዚ ድማ ፍጡር ምኻኑ ስለ ዘይተርፎ) ካብዚ ባህርያትዚ ከምልጥ ኣይከኣሎን። ስለዚ፡ ኣብ ሓሳባት ከይተረፈ ምቅርራብን ምርሕሓቕን ምግርጫውን ይረአ እዩ።

እቲ ሄግል እተባህለ ብዛዕባ ምዕባለ ሓሳባት እተመራመረ ጀመርናዊ ፈላስፋ ኣብዚ ተመርኩሱ እዩ ነቲ ናይ ታሪኻዊ ምዕባለ ዳየለክቲካውነት (ሞገታውነት) ኪትንትኖ ዝኽኣለ። ንሱ ኸምዚ ይብል፥

ኣብ ነፍስወከፍ ሓሳብ (ተሲስ)፡ ምስቲ ሓሳብ ዚፍጠር ተጻራሪ ሓሳብ (ኣንቲተሲስ) ኣሎ። እቲ ዚእመም ሓሳብን እቲ ዚጻረሮን ብሓደ ይዓብዩ እሞ፡ ኣብ መወዳእታ ክልቲኣቶም ተራኺቦም ካልእ ፍሉይ ሓሳብ (ሲንተሲስ) ይድኸኑ። ይኹንምበር፡ እቲ ዚድኸን ሓድሽ ሓሳብውን ንርእሱ ምስቲ ብባህርያቱ ዘፍርዮ ተጻራሪ ወይ ኣፍራሲ ሓሳብ ኮይኑ እዩ ዚፍጠር። ብሓጺሩ፡ ዝኾነ ነገር፡ መጥፍኢኡ ወይ ተጻራሪኡ ሒዙ እዩ ዚፍጠር። እሞኽ ምስ ብልሓ ትፍጠር ከም እተባህለ፡ ሓሳባት ኮነ እቶም ብእኣም ዝምስረቱ ስልጣናትን ውድባትን ድማ ምስ መጥፍኢኡም እዮም ዚፍጠሩ።

ዞሮኣስተር እተባህለ መስራቲ ሃይማኖት፡ ኣብ ዩኒቨርስ ኣብ መንጎ ኣህሪማንን (እኩይ ወይ ኣፍራሲ ሓይሊ) ኣሁራ ማዝዳን (ሰናይ ወይ ፈጣሪ ሓይሊ) ቀጻሊ ቃልሲ ከም ዚካየድ ይምህር። ብሓጺሩ፡ እቲ ናይ ምፍጣር ሓይሊ በቲ ናይ ምፍራስ ሓይሊ እናተበድህ እዩ ዚንዓዝ። ይኹንምበር፡ እቲ ቃልሲ በቲ ምዕብላል ናይቲ ሃናጺ ወይ ፈጣሪ ሓይሊ ከም ዚድምደም ኣይሓብአን።

ገለ ፈላስፋታት ግን፡ እቲ ብርሃን (ናይ ሰናይ ሓይሊ) ናብቲ ጸልማት (እኩይ ሓይሊ) የብርህ እኳ እንተ ኾነ፡ እቲ ጸልማት መወዳእታ ስለ ዘይብሉ፡ እቲ ብርሃን ነቲ ጸልማት ኩሉ ግዜ ከሳጉጎ እዩ ዚነበር። እቲ ሰናይ ኪዕብልል፡ እቲ እኩይ ድማ ኪዕብለል፡ ዘልኣለማዊ ቃልሲ እዩ ዚካየድ ይብሉ።

ገለ ካልኦት ድማ፡ ንሰናይነት፡ ናይ ፍጹምነት ወይ ኣብሶሉትነት ልብሲ ከልብሱዎ ኽለዉ፡ ንእኩይ ግን ፍጹምነት ከም ዘይብሉ፡ ማለት እቲ እኩይ ባዕሉ ህላው ኣለዎ ዘይኮነስ ጉድለት ናይ ሰናይነት ከም ዝኾነ ይሕብሩ። ብሓጺሩ ከምቲ ጸልማት ጉድለት ናይ ብርሃን ደኣምበር ናቱ ህልውና ዘይብሉ፡ እኩይ ድማ ጉድለት ናይ ሰናይነት ደኣምበር ናይ ገዛእ ርእሱ ህላው ከም ዘይብሉ ይእምቱ።

ከምዚ ካብ ኮነ፡ እቲ ንጸልማት ከሳጉጉ ዚነብር ብርሃን፡ ነቲ ስልጣን ወይ መሰረታዊ ህላው ዘይብሉ ጸልማት እዩ ከሳጉጎ ዚነብር። እቲ ኣወንታዊ ደኣምበር፡ እቲ ኣሉታዊ ውሽጣዊ ሓይሊ የብሉን። ይኹንምበር፡ ነቲ ኣወንታዊ ሓይሊ ንግዜኡ ከኖኽሞ ይኽእል እዩ፡ የኖኽሞ ደኣምበር፡ ኪስዕሮስ ኣይክእልን።

ገባር ሕማቕ ክንደይ ከይጥዕሞ፡ ገባር ጽቡቕ ክንደይ ከይሓስሞ ዚብል ምስላ ኣቦታት ነዚ ሓቅዚ ዘንጸባርቕ ይመስል።

በይንኻ ምንባር

ኣሪስቶትል እተባህለ ግሪኻዊ ፈላስፋ፡ ንሰብ ከም ማሕበራዊ እንስሳ ገይሩ ይሰሞዮ። ሰብ ንበይኑ ኪነብር ኣይክእልን'ዩ ማለቱ እዩ። ባሕታውያን ርእዩ ዘይፈልጥ ኮይኑ ደኾን ይኸውን? ወይ ከኣ ካብ ሕጊ ኣምሊጡም ካብ ሰብ ተነጺሎም ኣብ በረኻ ዚነብሩ ሸፋቱ? ወይ'ውን ሰብ ቀቲሎም ከም ቃኤል ካብ ሰብ ተኸዊሎም ህይወቶም ዚመርሑ ጐሓላሉ?

ኣሪስቶትል ከምዚ ምባሉ ግን፡ ናይ ወድሰብ ሓፈሻዊ ባህርያት ከመልክት ስለ ዝደለየ ደኣምበር ጠፊኡዎስ ኣይመስለንን። ስልጣኔ ንኺመጽእ፡ ወድሰብ ከኣ ብሓሳብን ብግብርን ንኺምዕብል፡ ማሕበራውን ሓባርውን ናብራ ግድን እዩ። ንበይንኻ ነቢርካ እተፍርዮ ነገር የልቦን።

ኩሉ ሰብ ግን ሕደ ኣይኮነን። ካብ ሰብ ተፈልዩ ንበይኑ ምንባር ዚመርጽ ሰብ ከም ዘሎ ክንርስዕ ኣይግባእን። ብኣንጻሩ ድማ ብዘይ ሰብ ወይ ብዘይ ጫውጫው፡ ህይወት ከስተማቕር ዘይክእል ሰብ ኣሎ። እዚ ኹሉ ካብ ኣተዓባብያ፡ ካብ ክትቑጻጸሮ ዘይትኽእል ውሽጣዊ ድፍኢታት፡ ካብ ምሕር ማሕበራዊ ማህሰይቲ፡ ሰብ ካብ ዘይምእማን፡ ብንእሽቶኻ ካብ ዝወረደካ በደላት፡ ወዘተ. ኪኸውን ይኽእል።

ገለ ሰባት'ውን ብምኽንያት ናይ መንፈሳውነት ዝንባሌ በይኖም ምስ ኣምላኾም እናተረዳድኡ ኪነብሩ ዚደልዩ ኣለዉ። ንኣብነት ባሕተውቲ፡ ወይ'ውን ፈለስቲ።

ቀደም ነኣሽቱ ከሎና፡ ባሕተውቲ ቈጽሊ እናበልዉ እዮም ዚነብሩ ይብሉና ነይሮም። ክንርእዮም ምስ እንሓትት ከኣ፡ ሕቡኣን ብምኻኖም ኣይረኣዩን እዮም ንብሃል ኔርና።

እንታይ እዩ በይኖም ከም ዚነብሩ ዚደፋፍኦም? ኢልና ንሓትት። ምስ ኣምላኽ ጥራይ እዮም ዚዛረቡ፡ ዚብል መልሲ ይወሃበና። ሰብ'ከ እንታይ ገይሩዎም? ሰብ ሓጥኣተኛ እዩ ዚብል ኣገራሚ መልሲ ንረክብ። መን'ዩ ካብ መን ኪሓጥእ። ክፉእ ንምግባር ኩልና ሓደ ኢና። ሓደ ዝዓይነቱ ድጉል ናይ ተንኰልን ዓመጽን ዓቕሚ ኣሎና።

ዝኾነኾይኑ፡ ቈልዑት ብምንባርና፡ ባሕታውያን ክንከውን ክንፍትን

ኣይምጸላእናን። ግን ነብሪ ወይ ኣንበሳ እንተ በልዓናኺ? ኢልና ንፈርህ ነበርና። ይኹን'ምበር፡ ምስ ዓበና እንተ ሓሰብናሉ፡ ሓንሳእ ሓንሳእሲ፡ ካብ ምስ ሰብ ምንባር፡ ምስ ኣራዊት ምንባር ዚሓይሽ ኮይኑ ረኺብናዮ።

ገለ ሰባት'ውን ካብ ንእስነቶም ብሑት ናብራ ዚመርጹ ኣለዉ። በይንኻ ምኻድ፡ በይንኻ ምቕማጥ፡ በይንኻ ምብላዕ፡ በይንኻ ምድቃስ ወዘተ....

በይኑ ዚበልዕ በይኑ ይመውት፡ ዚብል ናይ ኣቦታትና ምስላ ግን፡ ንብዙሓት ምስ ሰብ ክም እንሕወስ ገይሩና። በይንና መታን ክይንመውት፡ ዝቕብረና'ውን ክይንስእን። ምናዳ ነቶም ሃርጮምጮም እንብል ዝነበርና፡ እዚ ምስላ'ዚ ራዕዲ ኣእቲዩልና ነበረ።

ሓንቲ ኣረጊት ሰበይቲ ነይረን ጐረቤትና። ጨና ሰብ ኣይፈትዋን፡ ድሙ ግን ነይራተን። ቡን እተሳትየን፣ ከልቢ'ውን ነይሩወን። ነቲ ጋዕገልጠመን ዝሕልወለን፡ ሽታ ክትኰነክን እያ ተባሂላ ክም ገጸ በረኽት ዝተዋህባኣ ጓል ሓፍተን ክኣ ነይራተን። ግን ነዊሕ ክይጸንሐት ሰጕገንኣ።

ካብቲ ሕብረተሰብ ዳርጋ ንጽልቲ እየን። ኩሉ ነገር በይነን እየን ዚገብራኦ። ኩሉ ብምስጢር እዩ ዚተሓዝ። ውሽጢ ገዝኣን ርእዩዎ ዚፈልጥ ሰብ ኣይነበረን። ምስ ሞታ ግን እተን ንውሽጣዊ ናብራኣን ኪርእያ ሃረር ዚብላ ዝነበራ ኣንስቲ፡ ንሓዘን ምኽንያት ብምግባር፡ ንኹሉ ናብራን ትሕዝቶን ናይተን መዋቲት ሰበይቲ ጽቡቕ ገይረን ገላቢጠን ርእየንኣን ዳህሲሰንኣን። ነቲ ወረታት ድማ መስተይ ቡነን ገይረንኣ።

“ምስ መናፍስቲ እየን ዚራኸባ ነይረን ኢሎምወን”
“ኣይፋልን፡ ቁለኣን ሰብ ኣይፈቱን”
“ሓቂ ድዩ ከውታ ለይቲ ምስ ኮነ ተንሲኣን ክዳነን ይሓጽባ ነይረን ዚብሉወን?”……..

ብሓድሓደ መገዲ ኣብ ኤውሮጳ ክም ናይዘን ሰበይቲ ናብራ ዚነብሩ ብዙሓት ሳየንሰኛታት ነይሮም ይብሃል። ካብዛ ዓለም ኪፍለዩ ከለዉ ግን ገለ ንወድሰብ ዘርብሕ ነገራት ገዲፎም እዮም ከይዶም። ክም ኣብነት፡ ታሪኽ ናይቲ ሃይድሮጅን ዝዳህሰሰ ሀንሪ ካቨንዲሽ ትዝ ይብለኒ።

ገለ ሰብ፡ ይትረፍዶ ንበይንኻ ምንባር፡ በይንኻ ዚኽየድ'ውን ኣይመሰሎን። ብዘይ ሰብ ወይ ድምጺ ሰብን ጫውጫውታን፡ ሓንቲ መዓልቲ እኳ ትኹን ኪነብሩ ዘይክእሉ ሰባት ኣለዉ። እዚ ንርእሱ ሕማም እዩ። እቲ ናይ ሓቂ

ብሱል ዚብሃል ሰብ (ማለት ብምስትውዓልን ብስምዒትን) እቲ ንበይኑ ይኹን ኣብ መንጎ እኩባት ሰባት ይኹን መኣዝኑ ዘየጥፍእ ሰብ እዩ።

ንሓንቲ ደቒቕ እኳ ትኹን በይንኻ ክትከውን ዘይትኽእል እንተ ኾንካ፡ ብስለት የብልካን ማለት ከም ዝኾነ ብምሁራን ስነ-ልቦና ኣረጋጊጸምልና እዮም።

ይኹንምበር፡ ካብ ሰብ ተፈሊኻ ንብዙሕ ዓመታት ምንባር፡ ናብ ጽላለ ከድህበልካ ይኽእል እዩ፡ ከመይሲ፡ እቲ ምስ ሰብ ኯንካ ከተማዕብሎ ዚግበኣካ ናይ ሰብኣዊ ርክባት ባህርያት፡ ቀስ እናበለ ስለ ዚሃስስ።

ጃፓን ኣብ ካልኣይ ውግእ ዓለም ምስ ተሳዕረት፡ ሓደ ኣብ ጫካታት ተሓቢኡ ዚዋጋእ ዝነበረ ጃፓናዊ ወትሃደር፡ ጃፓን ክትሰዓር ኣይትኽእልን እያ ብምባል ነቲ እተወደአን ናይ ሰላም ውዕል እተፈረመሉን ውግእ ንበይኑ ን28 ዓመታት መኪቱዎ። ማለት ቀትሪ ኣብ ድፋዕ ይድቅስ፡ ለይቲ ድማ ነዶም ዘየለዉ ጸላእቲ ኪሃድኖም ይሓድር።

ሓደ መዓልቲ ገለ ሰባት ኣብ በረኻ ከዕወንውን ረኺቦምዎ፡ ስዕረት ጃፓን ኣእሚኖም ናብ ዓዱ ምስ መለሱዎ፡ ድሕሪ ቅሩብ ኣዋርሕ ናብቲ ዝነበሮ ጫካ ኪምለስ ሓቲቱ። ተፈቂዱሉ ድማ። ድሕሪ 28 ዓመታት በይንኻ ምንባር፡ ምስ ሰብ ተሓዊስካ ምንባር ኣይከኣልን። ዕስራን ሸሞንተን ዓመታት ንኸንቱ! ገለ ናይ ኣእዋም ወይ እንስሳታት መጽናዕቲ ኣካዪዱ ደኾን ይኸውን? ወሪዱዎ!

ኣብ እንስሳታት እንተ ተመልከትና፡ ነብሪ በይኑ ኪነብር ከሎ፡ ኣህባይ ግን ብጉጅለ እየን ዚነብራ። ይኹንምበር፡ ነብሪ በይኑ ይኹን ወይ ምስ ካልኦት ተጸምቢሩ፡ ህበይ ድማ በይና ትኹን ወይ ብጉጅለ፡ ከምጽኡዎ ኣተመደበሎም ስልጣነን ምዕባለን ስለ ዘየልቦ፡ ዘዘዋጽኦም እንተ ገበሩ ኣይበደሉን። ሰብ ግን፡ ኪምዕብልን ኪስልጥንን ስለ እተፈጥረ፡ ከይሓበረ ድማ ኪምዕብል ስለ ዘይክእል፡ ብሕብረት ኪሰርሕን ኪነብርን ግድን እዩ።

ሃይማኖት ክርስትና ይዓብየሉን ይሰፍሓሉን ኣብ ዝነበረ እዋን (ኣከባቢ 500 ድ.ል.ክ.) ኣብ ማእከላይ ምብራቕን ኤውሮጳን ሰሜን ኣፍሪቃን፡ ብሕትውና ኣዚዩ ገኒኑ ነበረ። ገለ ኣብ ምድረበዳ ቆሎን ማይን እናተመገቡ ዚቕመጡ፡ ገለ ኣብ ኣኽራናትን በዓትታትን ቁጽሊ እናበልዑ ዚነብሩ፡ ቍጽሮም እናበዝሐ ከደ። ክሳብ ሎሚ ድማ። ኣብ ፈቐዶ በረኻታትን ኣኽራናትን ናይዘን ኣብ ላዕሊ እተሰምያ ቦታታት፡ ብስሞም

ዚጽዋዕ ደብርታት ኣሎ።

እዞም ምስ ኣምላኽ እናተራኸቡ ኪነብሩ ዝመረጹ ኣብ ዝሓለፈ ዘመናት ህቡባት ዝነበሩ ባሕተውቲ፡ ኣእምሮኦም ብጥዑዩ ከይደስከለ ወይ ከይተበላሸወ ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋን ምስ ሕብረተሰብ ኪጽምበሩ ይኽእሉ ነበሩ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ እቲ ምስ ፈጣሪኦም ዚገብሩዎ ርክብ፡ ንኣእምሮኦም ፍሉይ ሓይሊ ይህቦ ስለ ዝነበረን ጥዑይ መኣዝን ስለ ዘትሕዞን እዩ።

ይኹንምበር፡ በይንኻ ምንባር ትርጉም ዚህሉዎስ ቁምነገር ምስ እትሰርሕ ጥራይ እዩ። ባሕታዊ ኪንካ ኣብ በረኻ በይንኻ ምንባር፡ ነቲ ሕብረተሰብ እንታይ መኽሰብ የምጽኣሉ? ግን ኣብ ኣድባራት ኪንካ መጻሕፍቲ ምትርጓምን፡ ታሪኻትን ቅርስታትን ምዕቃብን፡ ንዓለም ዓቢ መኽሰብ እዩ። እዚ ድማ፡ በቶም ኣብ ማእከላይ ዘመን ኣብ ኤውሮጳ ዝነበሩ ፈለስቲ (ካቶሊካውያን) ተመስኪሩ እዩ። ብቕንዕና እትገብሮ ኩሉ ስራሕ፡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ከም ጸሎት እዩ ዚቑጸር።

ብመንጽር'ዚ ድማ፡ ውሑዳት ሊቃንውቲ፡ ካብ ሰብ ተፈልዮም ኣብ ገዛ ተዓጽዮም ንዓለም ዘርብሕ ብዙሕ ነገራት ፈልሲፎምን፡ ጽሒፎምን ሓሊፎም እዮም።

በይንኻ ምኻን ኣይጽላእን። ብሑት ህይወት እናሕለፍካ፡ ንከባቢኻ ገለ ከየበርክትካ ካብዛ ዓለም ምሕላፍ ግን፡ ዳርጋ ከም ዘይተፈጠርካ እዩ። እታ ዘይተፍሪ ተኽሊ፡ ተቑሪጻ ናብ ሓዊ እያ እትድርበ።

በእምሮኻ ኮነ፡ ብጽሑፋትካ ወይ ብምህዞታትካ ተሓቢእካ ኮነ ወይ ኣብ ናሕሲ ደዪብካ ንሕብረተሰብ እትገድፈሉ ዝኾነ ይኹን ኣበርክቶ፡ ንዓለም ንቕድሚት ክትገዓዝ ከም ዚሕግዛ ኣይትረስዕ።

እቲ ሕቶ፡ በይንኻ ምንባርን ዘይምንባርን ዘይኮነስ፡ ንህዝብኻን ንሃገርካን ንዓለምን እንታይ ጭቡጥ ነገር ኣበርኪትካ ሓሊፍካ እዩ።

ዩኒቨርሳላዊ ንቕሓት

ወድሰብ ብጥንቲ ኣብ ዓለም ኪነብር ከሎ፡ ነታ ዝነብረላ ዝነበረ ንእሽቶ ቍሽት ከም ዓለም ገይሩ ይወስዳ ነበረ። ክንዮ'ቲ ኣብ ቅድሚኡ ዝነበረ ደረት-ትርኢት ድማ ካልእ መሬት ዘሎ ኣይመስሎን ነበረ። ብምሕላፍ ዘመናትን ብዕቤት ኣእምሮኡን ግን እታ ዓለሙ ካብታ ቍሽቱ ሓሊፋ ካልኦት ሃገራት ክትጥርንፍ ጀመረት።

ንሓደ ቐልዓ ከም ኣብነት ጌርና ክንወስዶ ንኽእል። እቲ ህጻን፡ ወዲ ሰለስተ ወርሒ ኸሎ፡ ግዜኡ እታ ዚድቅሰላ ዓራቱ ንሳ እያ ዓለሙ። ወዲ ሓደ ዓመት ኮይኑ ታቱ ኪብል ምስ ጀመረ ግን እታ ንእሽቶ ክፍሊ-ቤት ንሳ ዓለሙ ትኸውን። ብደገ ጫውጫው ዚብሉ ቁልዑ ኪሰምዕ ከሎ ድማ "ብዘይካ እዛ ንእሽቶ ቤተ'ዶ ካልእ ዓለም ኣሎ'ዩ?" ብምባል ይሓስብን የስተንትንን። ካብ ካንሸሎ ወይ ኣፍደገኡ ኪወጽእ ከሎ ኸኣ'ሞ፡ ነቶም ጎረባብቲ ከም ካልኦት ፕላነታት፡ ነቲ ቀጽሪ ወይ ድማ ድሕሪ ኣፍደገ ዘሎ ጎልጎል ከም ዩኒቨርስ ወይ ህዋ ገይሩ ይወስዶ ይኸውን።

ቀሩብ ጸኒሑ ኣብ ክልተ ዓመቱ ደጋጊሙ ንግዳም ኪወጽእ ምስ ጀመረ፡ ነቲ ኣብ ዙርያኡ ዘሎ ገዛውትን መገድታትን ብምዕዛብ፡ ነታ ዝነብረላ ገዛ ከም ቀሽት፡ ነታ ዝዓበየላ ቀሽት ድማ ከም ዓለሙ ገይሩ ኪወስዳ ይጅምር። ከምኡ ኢሉ እናጐበዘ ምስ ከደ ግን ብዘይካ ቀሽቱ ካልእ ቀሽታት ከም ዘለዋ፡ ብዘይካ ዓዱ ካልእ ዓዲ ከም ዘሎ፡ ብዘይካ ሰማዩ ካልእ ሰማይ ከም ዘሎ፡ ብዘይካ ምድሩ ካልእ ምድሪ ከም ዘሎ፡ ብዘይካ ሃገሩ ካልእ ሃገር ከም ዘሎ ይግንዘብ። ዘይፈልጠ ቋንቋን ባህልን ባህርያትን" ዘይፈልጠም ዓሌታት፡ ዘይተመከሮ ንጥፈታት፡ ሰሚዑዎ ዘይፈልጥ ሃይማኖት ወይ እምነት፡ ብርቂ ዝኾነ ቀጠባውን ፖለቲካውን ኩነታት ይዕዘብን ይምኮርን። ብኣኡ መጠን ድማ ደረጃ ንቕሓቱን ምርምሩን ይውስኽን ይዓብን።

ንሱ ክንዲ ሰብ ምስ ኮነ፡ ብኣዒንቱ ጥራይ ዘይኮነስ ብኣእምሮኡ ገይሩ ንነገራትን ንኣምራትን ይምርምር፡ ብዘይካ ዓሌቱ ካልእ ዓሌት፡ ብዘይካ ኣመጋግባኡ ካልእ ኣመጋግባ፡ ብዘይካ ትልሂቱ ካልእ ትልሂት፡ ብዘይካ ስነስርዓቱ ካልእ ስነስርዓት፡ ብዘይካ ፍልስፍናኡ ካልእ ፍልስፍና፡ ብዘይካ ኣመለኻኽታኡ ካልእ ኣመለኻኽታ፡ ብዘይካ ሃይማኖቱ ካልእ ሃይማኖት

ከም ዘሎ ድማ የስተብህል።

ወድሰብ ኣብ ዓለም ምስ መጸ፡ ንቕሓቱ ካብታ ዚቕመጠላ ዝነበረ ኦም ወይ በዓቲ ወይ ካብቲ ቀረባ ከባቢኡ ዚሓልፍ ኣይነበረን። ንሱን ሰበይቱን ደቁን ኣዝማዱን፡ እቶም ኣብ ዙርያኡ ዚዝምብዩን ዚጸናተዉን ዝነበሩ እንስሳታትን፡ እቶም ፍረታቶምን ሰራውራቶምን ዚምገቦም ዝነበረ ኣእዋምን፡ እዚኣቶም ኢዮም ዓለሙን ዩኒቨርሱን ዝነበሩ። ንኹሉ ነገራት ብናቱ ወይ ብናይ ቤተሰቡ ወይ ብናይ ዓዱ ኣእምሮኣዊ መምዘኒ ወይ መለክትዒ ገይሩ ኢዩ ዚመዝኖ ዝነበረ። ኣረ ንገዛእ ርእሱ ከም ፍሉይ ፍጥረት፡ ነታ ዚቕመጠላ በዓቱ ድማ ከም እንኮ መዕቆቢትን ናይ ህይወቱ መጀመርያን መወዳእታን ገይሩ እዩ ዚወስዳ ዝነበረ።

ቀስ እናበለ ካብ በዓቱ ወጺኡ ናብ ደረጃ ቁሸት ምስ ሓለፈ፡ ኣብቲ ኣፈናዊ ማሕበራዊ ናብራ ድማ ምስ ተጸምበረ ግን ንቕሓቱ ብተዛማዲ መገዲ ኪውስኽ ጀመረ። ከምኡ እናበለ ማሕበራውን ቁጠባውን ፖለቲካውን ናብራኡ ቀየረ። እቲ ንቕሓቱ ድማ ብኣኡ መጠን ኪዓብን ኪምዕብልን ግድን ነበረ።

ዓለምና ብደረጃ ኣህጉር ግዜኡ ዝሓለወን ተዛማድን ሓድሕዳዊ ንግዲ ከምኡውን ምትሕልላፍ ኣካደምያውን ተክኖሎጅያውን ባህላውን ስነጥበባውን ፍልጠት ምስ ኣማዕበለት፡ ንቕሓት ወድሰብ ናብቲ ናይ ዩኒቨርሳላውነት መገዲ ኪሰጋገር ንቡር እዩ። ከምዚ እናበለ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ፡ ወድሰብ ኣብቲ ዓውለማ ወይ ግሎባላይዘሽን (ንዓለም ከም ሓንቲ ሃገር ጌርካ ምርኣይን ኣብኣ ድማ ሓባራዊ ዝኾነ ጽውቕ ንግዳውን ተክኖሎጂካውን ባህላውን ስነጥበባውን ንጥፈታት ምክያድ) ዚብሃል ደረጃ ይርከብ ኣሎ።

ዓለምና እቲ ዘድሊ ዓቕምን ንቕሓትን ደኣ ኣይነበራን እምበር፡ ካብ ጥንቲ ጀሚራስ ብደረጃ ቀኾሸት ይኹን ብደረጃ ዓዲ ወይ ብደረጃ ግዝኣታት ወይ ክልላት ግሎባላይዘሽን ወይ ዓውለማ ነይሩዋ ኢዩ። ንኣብነት፡ ኣስታት ክልተ ሽሕ ዓመታት ይገብር፡ ዓለም ኪብሃል ከሎ፡ ነተን ንማእከላይ ባሕሪ ወይ ከኣ ንመዲተራንያን ባሕሪ ከቢበናኡ ዝነበራ ሃገራት (ከም እኒ እስጳኛ፡ ፈረንሳ፡ ጣልያን፡ ግሪኽ፡ ቱርኪ፡ ጳለስጢንያ፡ ግብጺ፡ ሊብያ፡ ቱኒዝያ ከምኡውን ብመጠኑ ንህንድን ንፋርስን ንቺናን ወዘተ) ጥራይ እዩ ዘጠቓልል ነይሩ። ትሕተ-ግብጺ ኣፍሪቃን መብዛሕትኡ እስያን ኣመሪካን ኣውስትራልያን ግን ጸኒሑ እተዳህሰሰን እተፈልጠን ኣብቲ ብኤውሮጳ ዚምእከል ዓለም ድማ ቀስ እናበለ እተጸምበረን ቦታታት እዩ።

እምበኣር ኣብዘን ኣብ ላዕሊ እተጠቕሳ ሃገራት ብመጠኑስ ዓውለማ ወይ ግሎባላይዘሽን ነይሩ እዩ እንተ ተባህለ ጌጋ ኣይኮነን። ማለት ብንግዲ (መንግስቲ ሮማ ምስ ህንድን ቻይናን ንግዲ የካይድ ነይሩ)። ብሃይማኖት (ህንዲ ዝመበቕሉ ሃይማኖት ቡዲዝም ኣብ እስያ፣ ፋርሳዊ ዝመበቆሉ ሃይማኖት ሚትራይዝም ድማ ክሳዕ ሮማ ተዘርጊሑ ነይሩ)። ብቋንቋ (ቋንቋ ጽርኢ ማለት ግሪኽ ከምኡ'ውን ላቲን ኣብተን ሃገራት መዲተራነያን ነጊሱ ነይሩ)። ብሳየንስ (ናይ ፕላቶን ኣሪስቶትልን ሳየንስ ብዓረብ ተተርጕሙ ኣብ ሃገራት ኣዕራብን ኣብ ሃገራት ሰዓብቲ ምስልምናን፣ ካብ ዓረብ ናብ ላቲን ተተርጕሙ ድማ ኣብ ሃገራት ኤውሮጳ ተዘርጊሑ ነይሩ)። ስለዚ ተዛማዲ ሓድነት ወድሰብ'ሲ ነይሩ እዩ።

ይኹንምበር፣ ምስናይ'ዚ ኽሉ፣ እቲ ናይ ዩኒቨርሳላውነት ንቕሓት ንኺመጽእ ምሹእ እዋን ኣይነበረን። እዚ ንኺክሰትን ኣብ ግብሪ ንክውዕልን ግን፣ ዓለም ብኹሉ ትሕተ-ቅርጻውን ንግዳውን ፖለቲካውን መዳያት ተዛማዲ ሕብረት ከትርእይ ግድን ኢዩ ነይሩ።

ዓለማዊ ንቕሓት ግን ብኸመይ እዩ ዚመጽእ? ንቕሓት (ዩኒቨርሳላዊ ውኖ) ወይ ድማ ብእንግሊዝ ኮንሸስነስ ብኸመይ መገዲ ኢዩ ዚክሰት? ንሱ ብመንፈሳውያንን ዓለማውያንን ፈላስፋታት፣ ብሳየንሰኛታትን ብስነጥበበኛታትን፣ ብተቐነይቲ፣ ብደረስቲ፣ ወዘተ ዚመጽእ ናይ ለውጢ ሓይሊ እዩ። ንሱ ሓድሽ ስነልቦናዊ ወይ ኣእምሮኣዊ ንቕሓት ከም ዚክሰት ይገብር ብኣኡ ኣቢሉ ድማ ሓድሽ ፍጥረት የግህድ።

እዞም ናይ ለውጢ ሃዋርያት እዚኣቶም ብትምህርቶም ኮነ ብኣብነታቶም፣ ብቕልሶም ወይ በቲ ገዲፎምዎ ዚኸዱ መጻሕፍቲ ወይ ስርሓት ወይ ዝኽሪ ገይሮም ንንቕሓት ወድሰብ ኪልውጡን ክብ ከብሉን ሓይሊ ኣለዎም። ንሳቶም ዚጥቀሙሉ ብልሃት፣ ፍሉይ ጥበብን ተወፋይነትን መስዋእትነትን እዩ። እቲ መስዋእትነት ብጉልበትን ብነብስኻ ምግታእን ንኹሉ ጸገማት ብትዕግስቲ ብምብዳህን ኣብ መጠረስታ ድማ በቲ ዝኣመንካሉ ብምምዋት ዚካየድ ወይ ዚፍጸም ተግባር እዩ።

ነዞም ናይ ለውጢ ሃዋርያት'ዚኣቶም ዚሰምየም ወይ ዚኽተሎም ደኣ ይውሕዶም ይኸውን እምበር፣ እቲ ዘምጽኡዎ ሓድሽ ትምህርቲ ወይ ፍልስፍና ወይ ጥበብ ንንቕሓት ወድሰብ ክብ ንምባልን ለውጢ ንምምጻእን ኢዩ። ይኹንምበር፣ ንግዜኡ'ኳ ሰዓብቲ እንተ ሰኣኑ ሓድሓደ ግዜ'ውን ተጻረርትን ተቐናቐንትን እንተ ኣጥረዩ፣ በዚ ኾይኑ በቲ ግን፣ ኣብ

ሓፈሻዊ ኣተሓሳስባን ኣመለኻኽታን ወድሰብ መሰረታዊ ለውጢ ከየምጽኡስ ኣይከዱን እዮም።

እቲ ካብ ኩሉ ዘሕዝን ግን፡ ሰባት በቲ እቶም ናይ ለውጢ ሃዋርያት ዘምጽኡሎም ናይ ሽምዓ ብርሃን ተመሪሖም ኣብ ክንዲ ምኻድ፡ ነቲ ብርሃን ኡፍ ኢሎም ብምጥፋእ፡ ነታ ብርሃና ዝጠፍኣ ሽምዓ ሒዞምዋ ኪጐዓዙን ከምልኹዋን ኪሰግዱላን ይረኣዩ ኣለዉ።

ገሊኦም ድማ፡ ነቲ ትምህርቲ ተቐቢሎም ከብቅዑ፡ ጠውዮም ጠዋውዮም፡ ነቲ ስሱዕ ባህርያቶም ንምርዋይ፡ ንሓላፍን ምድራውን ረብሓታቶም ኪጥቀሙሉ ይረኣዩ ኣለዉ።

ዕድል ኮይኑ ግን፡ ንቐሓት መወዳእታ የብሉን። ቀጻልን ገስጋስን እዩ። ስለዚ ድማ እቶም ከም ሶክራተስ፡ ኣሪስቶትል፡ ጋሊለዮ፡ ማርክስ፡ ኣይሽታይን፡ ወዘተ ዝኣመሰሉ ሊቃውንትን መምህራንን፡ ብእተፈላለየ መገዲ ከም ብሓድሽ እናተወልዱ ንወድሰብ ወርትግ ካብ ምንቃሕን ኣኒንቱ ካብ ምኽፋትን ንምሕጋዝ ኣይከቋርጹን እዮም።

ወድሰብ ኣብዛ ዓለም ምንባር ኪቐጽል ከሎ፡ ብኣኡ መጠን ድማ እቲ ንቐሓቱ እናዓበየ ኪኸይድ ግድን እዩ። ቀደም ንዓለም ከም ሰተታ ንወርሒ ድማ ከም ፋኑስ ገይሩ ይርእያ ነይሩ። ቀደም ንብጻዩ ከም ጸላኢሉ ብምርኣይ ግዜኡ ብቐትለትን ውግእን የሕልፎ ነይሩ። ቀደም ኪገይሽ ከሎ ብጐሓሉን ሽፍታታትን ከተርትን ይጽገም ነይሩ።

ቀደም ብቐቢላን ብዓሌትን ብሃይማንቶን ኪኳሳተር ይነብር ነይሩ። ቀደም ንሕማምን ፈራን፡ መናፍስታዊ ወይ መለኮታዊ ምኽንያት ብምሃብ ኣብ ኣጉል እምነትን ማሪትን ይቄማጣዕ ነይሩ። ቀደም ብጥሜት ምስ ተጠቐዐ ካብ ካልኣ ሃገር መጺኡ ዚረድኦ ትካል (ከም ቀይሕ መስቀል) ኣይነበረን፡ ኣብ ከቢድ ወይ ዘይፍትሓዊ ኩናት ወዲቑ'ውን ዘድሕኖ ተቐዋማት (ከም ሕቡራት መንግስታት) ኣይነበረን። ሕጂ ግን ብመጠኑስ እቲ ኩነታት ዚልወጥ ዘሎ ይመስል።

ከምዚ መኽኒኡ ድማ፡ ንቐሓት ወድሰብ ብተዛማዲ መገዲ ክብ ይብል ስለ ዘሎን ሳልሳይ ዓይኑ ወይ ድማ መንፈሳዊ ዓይኑ ቀስ እናበለ ይኽፈት ስለ ዘሎን እዩ።

ንቐሓት ወድሰብ ግን ናበይ ገጹ እዩ ዚጐዓዝ ዘሎ ዚብል ሕቶ ኪለዓል

ይኽእል። ኩሉ ነገራት ዚዓብን ዚምዕብልን፡ ኣብቲ ንጥፈታቱ ዝያዳ ሕብረትን ምትሕብባርን ስለ ዘርእይ እዩ። እዚ ተርእዮ'ዚ ኣብ ህይወታውያንን ዘይህይወታውያንን ጐሊሑ ይረአ።

በዚ መገድዚ" ንቐሓት ወድሰብ እናዓበየ ብዝኸደሉ መጠን" እቲ ናይ ምርኻብን ምሕባርን ምትሕብባርን ምድግጋፍን ንጥፈታት እናደንፈዐ ይኸይድ እሞ" ወድሰብ በቲ ካብ ፍጹም ስነልቦናውን እምነታውን ሕብረትን ስኒትን ዚረኽቦ ሓይሊ ተጠቒሙ" ምናልባት ንኻልኦት ፕላነታት ኪድህስን ኣብ ግዝኣቱ ንኸእቱን ኩሉ ጠቕሊሉ ናብ ህዋ ገጹ ይጐዓዝ ይኸውን።



ደረጃ ምስትውዓል (ኢንተሊጀንስ)

ኣብ መንጎ ሰባት፡ ናይ ምስትውዓል ዓቕሞም ድሩት ዝኾነን ዘይኮነን ኪርከቡ ይኽእሉ። ኣብ ሓደ ስድራቤት'ውን ሓደ ምስትውዓሉ ዝሕል ዝበለ፡ ሓደ ድማ በሊሕ ክንርኢ፣ ሓደ ሕልናኡ ቀልጢፉ ዘዕርብ፡ ሓደ ድማ ተባላሓታይ፣ ሓደ ዝሑል፡ ሓደ ድማ እሳት ክንርኢ ንኽእል። ኣብ ሓደ ሃገር'ውን ተመሳሳሊ ክስተት ይረአ ኢዩ።

ናይ ገለ ዓሌት ናይ ምስትውዓል ዓቕሚ ካብ ናይ ካልእ ዓሌት ናይ ምስትውዓል ዓቕሚ ይዛይድ ወይ ይብርትዕ ኢልካ ምዝራብ ግን ግጉይ ጥራይ ዘይኮነስ ነውሪ'ውን እዩ። ሳየንስ'ውን ኣይድግፎን። ምስትውዓልን ብልሕን ኣብ ዓሌት ወይ ዘርኢ ዚስረት ተውህቦ ኣይኮነን። ወድሰብ ብሓፈሻ ሓደ ዓይነት ኣእምሮ እዩ ተዓዲሉ። ኣብ መንጎኡ ግን በላሕትን ድኽማትን ኪርከቡ ንቡር እዩ።

ፈረንጂ ካብ ኣፍሪቃውያን ኣዝዮም ዝማዕበሉ ኪኾኑ ዝኽኣሉ፡ ናይ ምስትውዓል ዓቕሞም ካብ ኣፍሪቃውያን ስለ ዝዛዱድ ዘይኮነስ፡ ነቲ ኣእምሮኦም ዝያዳ ስለ ዘስርሑዎ እዩ። ንሳቶም ግን ከምዚ ምስትውዓል ንጻዕዳ ጥራይ እተዋህቦ መለኮታዊ ገጸበረኽት ገይሮም ብምውሳድ፡ ጸዓዱ በላሕቲ፡ ጸለምቲ ግን ዳንደታት እዮም ዚብል ኣብ ዓሌት እተመርኰሰ ርእይቶን ዶግማን ኪስዕቡ ይርኣዩ ኣለዉ።

ንጸዓዱ ወይ ፈረንጂ ካብ ጸለምቲ ንላዕሊ ዝይዳ በላሕቲ ወይ ምዕቡላት መሲሎም ከም ዚረኣዩ ረኣዩ ዝገበሮም ግን እንታይ ኮን ይኽውን? ነዚ ዚገልጽ ገለ ረቓሒታት ኪጥቀስ ይከኣል። ሓድሓደ ካብኡ ድማ፥

ሀ. ብርቱዕ ተፈጥሮኣውን ባህርያውን ናይ ናብራን ህይወትን ጸገማት ስለ እተጓነፎም ለ. ንግዳውን ሰብኣውን ርክባት ምስ እተፈላለዩ ዓሌታት ስለ ዘካየዱ ሐ. ግሪኻውያን ዘውረሱዎም ናይ ምጥርጣርን ምርምርን ባህሊ መ. ካበይ ከም ዝወረሱዎ ዘይፍለጥ ብርቱዕ ናይ ስስዐን ናይ ምውዳብን ሓይሊ ሰ. ብስስዐ እተጸልወ ጽፉፍን ውሕሉልን ኣሰራርሓ።

ንኣና ኣፍሪቃውያን ወይ'ውን ንኽማና ዝመስሉ ብዙሕ ዘይማዕበሉ ዓሌታትን ከምዚ ኣብ ላዕሊ እተጠቕሰ ረቓሒታት ኪጸልወና ብዘይ ምኽኣሉ ግን፡ ካብ ናይ ፈረንጂ ዘይሓምቕ ኣእምሮ ወኒንና ከሎናስ፡

ድሒርና ንነብር ኣለና።

ይኹንምበር፡ ሓደ ኣብ ጫካታት ኣፍሪቃ ዚቕመጥ በላዕ ሰብ፡ ብንእሽቶኡ ኽሎ ናብ ኤውሮጳ ወሲድካ እንተ ተምህሮ፡ ዓቢ ናይ ፊዚክስ ተመራማሪ ኪኸውን ከም ዚኽእል ብግብሪ ተራእዩ እዩ። ጌጋ ደኣ ይኽለኣለይ እምበር፡ ነቲ ኣብ ማርስ ናይ ምዕላብ ብኣመሪካ እተወስደ ዋኒን ከም ፕሮጀክት ዝመርሑ ዝነበረ ሳየንሰኛ፡ ሓደ ብንእሽቶኡ ኣጣል ዚሕሉ ዝነበረ ደሓር ግን ኣብ ኣመሪካ ተሰዲዱ እተማህረ ወዲ ማሊ እዩ ኪብሃል ሰሚዐ ኣለኹ።

ብባህልን ጀዎግራፍን ተቐይዱ እንተ ዘይኮይኑ፡ እቲ ኣብ ጫካታት ኮንጎ ወይ ቦርነዮ እተወልደ ሰብ፡ ተማሂሩ ናይ ጠፈር ተመራማሪ ኪኸውን ይኽእልዩ። ብኣንጻሩ ድማ፡ እቲ ኣብ ስልጡን ሃገር እተወልደ ኤውሮጵያዊ፡ ብሓድሓደ ምኽንያት ኣብ ጫካታት ቦርነዮ ወይ ኣማዞን እንተ ተዕብዮ፡ ሃዳናይ ወይ በላዕ ሰብ ኮይኑ ምተረፈ።

ኣብ ሓደ ስድራቤት ሓምሽተ ውሉዳት ኣለዉ ንበል። ሓደ ንገጠር ይለኣኽ ኣብኡ ድማ ይዓቢ። ሓደ ብሕንቃቕ ይጽየቕ፡ ሓደ ብስድነት ይበላሽ፡ ሓደ ሓላፍነት ይወሃቦ፡ ሓደ ጸገምን ሕማምን የሕልፍ። ናይዞም ሓምሽተ ኣሕዋት ናይ ምስትውዓል ዓቕሚ በቲ ኣገባብ ኣተዓባብያኦም ኪፋላለ ይኽእል እዩ። ምጡን መግቢ ዘይረክብ ሓንጎል፡ ሓላፍነት ዘይስምዖ ሓንጎል፡ ዝሩግ ሓንጎል፡ ብሕማም ዝላደየ ሓንጎል፡ ወላ'ውን ተመሳሳሊ መሰረታዊ ዓቕሚ ይሃሉዎ፡ ኣብ ውጽኢት ኪፈላለ ንቡር እዩ።

ዘራኣይ እኽሉ ኪዘርእ ናብ ግራት ከደ ይብሃል። ኣብኡ ድማ ነቲ እኽሉ ኪበቕ'ለሉን ብዙሕ ኪፈርየሉን ብማለት ናብዝን ናብትን ዘረዎ። እቲ ዚዝራእ ዝነበረ እኽሊ ኩሉ ሓደ ዓይነት ዘርኢ እዩ። ኩሉ ሓደ ናይ ምብቋል ዓቕምን ድጉል ናይ ምፍራይ ሓይልን ኣለዎ። ግንከ፡ ገሊኡ ኣብ ከውሒ ይወድቕ፡ ፍረ ከይሃበ ድማ ይመውት። ገለ ጥቓ ኣእሻሹ ይወድቕ፡ እቲ ኣእሻሹ ድማ ጌና ከይፈረየ ኽሎ ሓኒቑ ይቐትሎ። ገለ ኣብ ማይ ዝበዝሑ ረግረግ ቦታ ይወድቕ፡ ኣየር ስኢኑ ድማ ይምሽምሽ። ገለ ድማ ኣብ ጽቡቕ መሬት ይወድቕ እሞ፡ ይበቑል፡ ይዓቢ፡ ብዙሕ ድማ ይፈሪ።

ኣእምሮ ሰብ ድማ ከምኡ እዩ። ጽቡቕን ምቹእን ተሰማማዕን ግዜን ቦታን ኩነታትን ምስ ረኸበ ከም ኩሉ ሓንጎል ተኣምራት ከርእይ ይኽእል እዩ። ሓደ ኣብ ካሊፎርንያ ካብ ምሁራት ስድራቤት እተወልደ ኣመሪካዊ ህጻን ኣምጺእካ፡ ኣብቲ ጫካ ኣማዞን እንተ ተዕብዮ'ውን፡ ቀስቱን ፍላጻኡን ሒዙ

ደድሕሪ ኣህባይ ምጕየየ እምበር፡ ኮምፕዩተር ዓዲጉ ኪመራመር፡ ወይ ሳየንሰኛ ኪኸውን ብማለት ኪቃለስ ኣይምተራእየን። ኪሓምም ከሎ፡ ኣቑጽልቲ ቀንጢቡ ኪበልዕ ላዕልን ታሕትን ምበለ። ወይ'ውን መናፍስቲ እዮም ኣሕሚሞኒ ብማለት ምሉእ ለይቲ ኪለሃይን ከጕርዕን ምሓደረ።

ፍልልይ ዓቕሚ ምስትውዓል ኣብ እንስሳታት ጕሊሑ እዩ ዚረአ። ንኣብነት ጻጸ ካብ ኣንበጣ፡ ኣሞራ ካብ ሰገን፡ ከልቢ ካብ በጊዕ ዝዛየደ ናይ ምስትውዓል ክእለት ኣለዎ። እዚኣቶም ግን ብዓሌት'ውን ኣይራኸቡን እዮም። ነንሓድሕዶም ኪዋሰቡ'ውን ኣይክእሉን። ስለዚ እተፍለላየ ክብታ ወይ ደረጃ ምስትውዓል ኪህሉዎም ግድን እዩ። ወድሰብ ግን ሓደ ዓሌት እዩ። ነንሓድሕዱ ኪዋሰብ'ውን ይኽእል እዩ። ስለዚ ደረጃ ምስትውዓሉ ማዕረ እዩ።

ብናይ ምስትውዓል ዓቕሚ ወይ ኢንተሊጀንስ፡ ኣመሪካውያን ካብ ቻይናውያን፡ እስያውያን ካብ ኣፍሪቃውያን፡ ጃፓናውያን ካብ ዓረባውያን ኣይበልጹ ኣይትሕቱ። ኩሉ ናይ ግዜን ኩነታትን ምቕእነትን ጉዳይ እዩ። ዓረባውያን ብ15 ክፍለዘመን ብሳየንስን ፍልስፍናን ኪመርሑ ኸለዉ፡ ገለ ህዝብታት ፈረንጂ ኣብ ህድሞ ይቕመጡ ከም ዝነበሩ ትፈልጡዶ? ጥንታውያን ግብጻውያን ሓረማት ወይ ፒራሚድስ ኪሰርሑ ኸለዉ፡ እንግሊዛውያን ኩናት ሒዞም ደድሕሪ ዓጋዜን ይጕዩ ከም ዝነበሩኸ ሰሚዕኩም ኣሎኹም'ዶ?

ኣፍሪቃውያን'ውን ከምዚ ሎሚ ከይኮነ" ብጥንቲ ንዓለም ይመርሑዋ ምንባሮም ከጠራጥረና ኣይግባእን። ዝኾነኾይኑ፡ እዚ ንተመራመርቲ ታሪክን ስነ-ሰብን ንግደፈሎም። ይኹንምበር፡ ኩሉ ብኣርኣያ ስሳሰ እተፈጥረ ሰብ ሓደ ዓይነት ኣእምሮ እዩ ዘለዎ። ሓደ ካብ ሓደ ሓለፋ ናይ ምስትውዓል ዓቕሚ የብሉን። ኩሉ ግን ዘዘመኑ ኣለዎ። ኩሉ'ውን መመዓልቱ ኣሎዎ። መን ይፈልጥ ኣብ ዚመጽእ ዘመናት፡ ናይ ኣፍሪቃውያንን እስያውያንን መንፈሳውነት እተሓወሶ ምስትውዓል ዘድልየሉ ዓለም ይመጽእ ግዲ ይኸውን!

ኩሉ ሰብ ሓደ ዓቕሚ ምስትውዓል እናሃለዎ ስለምንታይ ደኣዩ ገሊኡ ህዝቢ ድሑር ገለ ድማ ኣዝዩ ምዕቡል? ድሑርነት ኣብ ኣመለኻኽታን ኣተሓሳስባን፡ ኣብ ባህልን ዕውር እምነትን፡ ድሩት ሰብኣዊ ርክብን እተመርኰሰ ይመስል።

ሓደ መዓልቲ ምስ ሓደ ብጀዮሎጂ እተመረቐ ሰብ ክዕልል ከለኹ፡ ንሱ

ብሓድሓደ ብሕታዊ እምነት፡ ነቲ እተማህሮን ዲግሪ ዝወሰደሉን ኣምራት፡ ማለት ዓለም ካብ እትፍጠር ሚልዮናት ዓመታት ከም ዝገበረት ዚብል ምህሮ ከም ዘይቅበሎ ኣሚቱለይ። ገሪሙንን ኣስደሚሙንን። ሓደ ካልእ'ውን ምሁርን መዛኒ ኣእምሮን ኣለዎ ዝብሎ ዝነበርኩ፡ ሓዳር ኪፍትን ብማለት ኪምርያ ከም ዝደሊ ኣፍኢሙለይ። ገሪሙኒ። ንጓል ኣንስተይቲ ከም መፈተኒ ሓዳሩ ኪወስዳ እቲ ኣእምሮኡ ከመይ ኢሉ ከም እተቐበሎ ኣይተረደኣንን።

ኮምፕዩተር ዝፈላሰፍ ሰብ'ውን ንሕማሙ ብቒጽለ-መጽሊ ኪፍውስ ላዕልን ታሕትን ኪብል ርእየ። ገጠራዊ ሕክምና ሳየንሳዊ መሰረት ኪህሉዎ ይኽእል ይኸውን፡ ግንከ ኣጠቓቕማኡ ብርግጽ ዚፈልጦ ሰብ ውሑድ እዩ። እሞ እዚ ሰብ'ዚ ደኣ ነቲ ኣጠቓቕማኡ ዚፈልጦ ናይ ፈረንጂ ኣፋውስ ዘይወስድ!

ሓደ ካልእ'ውን፡ ብትምህርቲ ፕሮፌሰር ዚብል መዓርግ ተቐቢሉ፡ ካብ ገጠር ዓዱን ኣውራጃኡን ወጻኢ ንላዕሊ ኪርእይን ኪሓስብን ዘይክእል ኮይኑ ረኺበዮ።

እሞኸ ነቲ ተኣምር ንኽፈጥር እተደኮነ ብኣምላኽ ብዘይ ኣድልዎን ሻራን እተዓደለና ኣእምሮ፡ ብሰንኪ ሰንኮፍ ኣረኣእያን ኣመለኻኽታን ዕዉር እምነትን ኪዓኑ ትም ኢልና ምርኣይና ቅኑዕ ዲዩ?



እታ ሳልሰይቲ ዓይኒ

ዓይኒ ኣይኮነን፡ ልቢ እዩ ዚርእይ ኪብሃል ሰሚኩም ኣለኹም። ካብ ልቢ ሓሊፉ ድማ ኣእምሮ እዩ ዝያዳ ዚርእይ። ካብኡ ሓሊፉ ድማ እቲ ትኩርን መስተውዓልን ኣእምሮ ደረት ትርኢት ሓሊፉ ይርእይ።

ኣህባይ ኩዕንቲ ኪኣርያ ኽለዋ ኣብቲ ዚፍሕራኦ መሬት ወርቂ እንተ ዚረኽባ፡ ንኣኡ ደርብየን ናብ ኵዕንተን መድሃባ። ዋጋ ወርቂ ዘለልን ዚግምትን ምስትውዓል ስለ ዘይብለን። ክንዮ ኵዕንቲ ኪርእያ ስለ ዘይክእላ።

ሳልሳይቲ ዓይኒ ምህላው፡ ዓሚቕ ናይ ምስትውዓል ሓይሊ ምህላው ማለት እዩ። እዚ ውሽጣዊ ዓይኒ'ዚ ንኹሉ ሰብ ተዋሂቡዎ ኽለ፡ ገሊኡ ይጥቀመሉ ገሊኡ ኣይጥቀመሉን። ኪጥቀመሉ'ውን ኣይደልን።

ክልተ ዓይነት ዓይነስዉራት እዮም ዘለዉ። ናይ ዓይኒ ዕዉራት። ናይ ልቢ ዕዉራት።

ኣብ ዓለም ዘሎ ኩሉ ህይወታውን ዘይህይወታውን ነገራት ምልክት ናይቲ ዘይረኣይ ሓቂ እዩ። ኩሉ ብናቱ ቋንቋን ምልክታትን ኪዛረበና እዩ ዚውዕል። እቲ ኣብ መንጽር ዚረኣየካ ዘሎ ዓብን ጽኑዕን ጎቦ፡ ብዛዕባ ጽንዓትን ብርታዐን ይምህረካ ወይ ይእምተልካ ኣሎ፣ እታ ክትበቕሉ ኢላ ሒኽዮ እትብል ዘላ ንእሽቶ ተኽሊ በለስ፡ ብዛዕባ ተስፋን እምነትን ኢያ እትእምተልካ ዘላ። እታ ኣብ ኦም ኮይና ብሓጎስን ደስታን እትዝምር ዘላ ዑፍ፡ ብዛዕባ ራህዋን ብሩህ መጻኢን ኢያ እተዘንትወልካ ዘላ።

እቶም በሊሕ ኣእምሮ እተዓደሎም እንተ ዘይኮይኖም ግን፡ ነዚ ምልክታት'ዚ ዘንብቡዎን ዘስተውዕሉዎ ውሑዳት እዮም።

ንነዊሕ ግዜ ዘይረኣኻዮ ብጻይካ ሓደ መዓልቲ ኣብ መገዲ ጎፍ ይብለካ፣ ሰላምታ ድሕሪ ምልውዋጥ ድማ ዘረባ ይጅመር። እንታይ እዩ ኪብለካ ደልዩ? ገለስ ኪብለካ ደልዩ ኣሎ። ሕቡእ ወይ ግሁድ መልእኽቲ ኣለዎ። ብሃንደበት ኣይተጓንፈካን። ንኽትራኸቡ ተመዲቡልኩም ስለ ዝኾነ፡ ስምዓዮ ደኣ። ካብ ዘረባኡ ወይ ካብ ዕሸነቱ ገለ ተመሃር። ግን ከኣ ኣይትፍረዶ፣ ብዘይ ገለ ምኽንያት ኣይተዛረበን እሞ እስከ ነቲ ዘረባኡ

ኣስተንትኖ። ነቲ ኩነታት በታ ሳልሰይቲ ዓይንኻ ጌርካ ረኣዮ።

ሓደ ካብቲ ንምስትውዓል ነገራት ዚኽልክለና ዓጋቲ ነገር፡ ኣዒንትና ንደጋዊ ቅርጺ ጥራይ ስለ ዚርእይን ብኣኡ ስለ ዚፈርድን እዩ። ነፍስወከፍና ከክልተ ኣዒንቲ ተዓዲሉና ኣሎ። ብኽልቲኣን ጌርና ድማ ንኽባቢና ንዕዘብ። ምርኣይ ኣገዳሲ ብምኻኑ ድማ፡ ሓንቲ እንተ ነቒረት በታ ዝተረፈት ጌርና ምርኣይና ንቕጽል። ክልተኣተን ግብ እንተ ኢለን ግን ነታ ሳልሰይቲ ዓይኒ (ማለት ንኣእምሮናን ምስትውዓልናን) ከነበርትዓ ንፍትን። ንኣኣ ዘንቀሩ ስለ ዘየልቦ ድማ ክንሽገር ኣይግባእን።

ወድሰብ ኣብ ልዕል'ተን ክልተ ኣዒንቱ፡ ሳልሰይቲ ዓይኒ ኣላቶ። እቲ ውሽጣዊ ዓይኒ'ዚ ዘይብሉ ሰብ፡ ናይ ዕዉር ዕዉር እዩ። ናይ ዓይኒ ዑረት ኪፍወስ ይኽእል ይኸውን። ናይ ልቢ ዑረት ግን ፈውሲ የብሉን።

ናይዘን ኣብ ገጽና ዘለዋ ክልተ ኣዒንቲ ቀንዲ ስራሕ፡ ነቲ ካብ ደገ ዚመጸን ስእሊ ተሰኪመን ናብ ሓንጎል ምውሳድ ጥራይ እዩ። ፈረስ የብጽሕ እምበር ኣይዋጋእን ተባሂሉ እዩ። ሓንጎል ዘይብሉ ሰብ ግን ሽሕ ኣዒንቲ እንተ ኣለዎ'ውን ክርእይ ኣይክእልን። ይጥምት ግን ኣይርእን። ኣእዛን ኣለዎም ዘይሰምዓ። ኣዒንቲ ኣለዋኦም ዘይርእያ እተባህለ ነዚ ሓቅ'ዚ ንምርግጋጽ እዩ።

ገሪማ ዘይተኣደነ ሃብቲ ኣለዎ። ዕስራ ቪላታት፡ ሓምሽተ ርሻናት፡ ዓሰርተ ናይ ጽዕነት መኻይን፡ ገለ ፋብሪካታት፣ ንሃብቱ ምስክር ዚኾና ኸኣ ሓሓሊፉ ዚቕልበን ኣማኒታት'ውን ኣለዋኣ።

ምስዚ ኸሉ ግን፡ ገሪማ እቲ ዕስራ ቪላታቱ ሓደ ንግሆ ከም ዑፍ ነፊሩ ከይከይድ ኣብ መመዓልቲ እናኸደ ክርእዮ ግድን እዩ። እቲ ርሻናቱ ድማ ንታሕቲ ሃሚሙ ከይሰምጥ ኣብ መመዓልቲ ኪበጽሑ ንቡር እዩ። ነተን ናይ ጽዕነት መኻይኑ ጸዲፈን ከይጠፍኣ ኣብ መመዓልቲ ኪሕልወን ከም መደብ ወሲዱዎ እዩ። ፋብሪካታቱ ብገለ ጠንቂልቲ ናብ ኣግራብ ወይ ናብ ኣዕኑድ ከይልወጥ ድማ ኣብ መመዓልቲ ከማዕዱዎ ሕድሪ ኣለዎ።

ገሪማ ከም ሃብታም ኪቕጽር ይኽእል'ዶ? ገሪማ ነቲ ብደጋዊ ዓይኒ ጥራይ ዚርእዮ ሰብ ሃብታም እዩ። ነቲ ንገሪማ ብውሽጣዊ ዓይኒ ዚርእዮ ግን ኣዝዩ ድኻን ምግዱርን ሰብ ኣሎ እንተ ተባህለ ገሪማ ጥራይ እዩ።

ድኽነት ናይ ኣእምሮ ጉዳይ ብምኻኑ፡ ብደጋዊ ዓይኒ ኣይረአን። ድኽነት

ናይ ኣእምሮ ኩነታት ስለ ዝኾነ፡ ብውሽጣዊ ዓይኒ ጥራይ እዩ ዚረአ።

ሳልሳይ ወይ ውሽጣዊ ዓይኒ፡ ኣብቲ ድኽነት ሃብቲ፣ ኣብቲ ሃብቲ ድኽነት፣ ኣብቲ ጽቡቕ ሕማቕ፣ ኣብቲ ሕማቕ ጽቡቕ፣ ኣብቲ ብርሃን ጸልማት፣ ኣብቲ ጸልማት ድማ ብርሃን፣ ኣብቲ ምቕልጣፍ ምድግንጋይ፣ ኣብቲ ምድንጋይ ድማ ምቕልጣፍ፣ ኣብቲ ጥሜት ጽጋብ፣ ኣብቲ ጽጋብ ድማ ጥሜት፣ ኣብቲ ጉርሒ ዕሽነት፣ ኣብቲ ዕሽነት ድማ ልቦና ንምርኣይን ንምልላይን ሓይሊ ኣለዎ።

ደጋዊ ዓይኒ ነቲ ሕጂ ኣብ ቅድመኡ ቁይሙ ዘሎ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ነቲ ብድሕረኡን ብቕድመኡን፡ ብጸጋሙን ብየማኑን፡ ብልዕለኡን ብትሕተኡን ዘሎ ነገራት'ውን ይርእይ እዩ። እዚ ድማ ምስትውዓል ይብሃል።

ሓደ እትፈልጦ ሰብ ኣብተን ናይ ዓድታት ኣውቶቡስ ምስ እትረኽቦ፡ መኣስ ከም እተሰቕለን፡ ኣበይ ከም ዚወርድን፡ ናበይ ኪኸይድ ከም ዝደለየን፡ ንዓዱ ይምለስ ወይ ካብ ዓዱ ይብገስ ምህላዉን፡ ስለምንታይ ይገይሽ ከም ዘሎን፡ ምኽፋሉን ዘይምኽፋሉን፡ ኣይትፈልጥን። ምሳኻ ይጐዓዝ ከም ዘሎ ጥራይ ኢኻ እትፈልጥ። ካብቲ ዘረባኡ ግን ካብዘን እተጠቕሳ ሕቶታት ገለ ኸምለኻልካ ይኽእላ ይኾና፡ ክትእምት'ውን ትኽእል ትኸውን። በሊሕ ኣእምሮን ብርቱዕ ናይ ምግንዛብን ምዝማድን ዓቕሚ ምስ ዚህልወካ ድማ፡ ልክዕ ሓበሬታኳ እንተ ዘይሃበካ፡ ካብቲ ኣዘራርባኡን ዕላሉን ባህርያቱን ገለ ኣራሪኻን ኣዛሚድካን ብዛዕባ'ቲ ሰብን መገሻኡን ብዙሕ ክትፈልጥ ትኽእል።

ብላዕሊ ላዕሊ ጥራይ ክትርእዮ ከለኻ ግን፡ እከለ ካብ ኣስመራ ተላዒሉ ናብቲ ቦታ'ዚ ምሳይ ይገይሽ ነይሩ ክትብል ጥራይ ኢኻ እትኽእል። እዚ ሰብ ግን ኣብ መገዲ ተሰቒሉ፡ ኣብ መገዲ'ውን ይወርድ ይኸውን። ወይ'ውን ካልእ ኣውቶቡስ ወሲዱ ናብ ካልእ ዓዲ ይኸይድ ይኸውን። ይኹንምበር፡ ባዕሉ እንተ ዘይነጊሩካ ምኽንያት መስቀሊኡ ምሉእ ብምሉኡ ኣረጋጊጽካ ምፍላጥ ኣይከኣልን። ካብ ዘረቡኡ ኣስተውዒልካ ብምስትብሃል ግን ኪግመት ይከኣል።

ብተመሳሳሊ መገዲ፡ ሓደ ድኻ ሰብ ክትርእይ ከለኻ፡ ምናልባት ገለ ሓድሽ ንግዲ ብምክያድ ናብ ሃብቲ ገጹ ይጐዓዝ ምህላዉ ክትፈልጥ ኣይትኽእልን። ምናልባት ኣብታ ናይ ህይወት 'ናይ ሃብቲ' ኣውቶቡስ ተሰቒሉ፡ ኣብ መንነ ወሪዱ፡ ናብ ናይ 'ድኽነት ኣውቶቡስ' ተሰቒሉ ይቕጽል ይኸውን። ወይ'ውን ኣብ መገዲ ወሪዱ ኣብ ሓንቲ ናይ 'ቅለት

ኣውቶቡስ' ይስቀል ይኸውን። ወይ'ውን ኣብ ናይ ህይወት በረኻ ወሪዱ በታ ናይ 'ኣነንትን ትዕቢትን ኣውቶቡስ' ይቕጽል ይኸውን። ናይ ህይወት ግዴታኡ ከይከፈለ'ውን ይገዓዝ ይህሉ።

ዕቡይ ሰብ ክትርእይ ከለኻ፡ ምናልባት ትዕቢቱ ወዲኡ ናብ ናይ ሕስራን መገዲ ይገዓዝ ይህሉ። ወይ'ውን ኣብታ ናይ 'ትዕቢት ኣውቶቡስ' ኣብ ፍርቂ መገዲ ጥራይ ተሰቒሉ ይኸውን። ኣብ ፍርቂ መገዲ'ውን ይወርድ ይኸውን። ካብታ ናይ 'ትዕቢት ኣውቶቡስ' ወሪዱ'ውን ኣብታ ናይ 'ሕፍረት ኣውቶቡስ' ይስቀል ይኸውን። ንሳ ኸኣ ሒዛቶ ናብቲ ናይ 'ፍጹም ውርደት' ገደል ትጸድፍ ትኸውን። ወይ'ውን ካብታ ናይ 'ጽድቂ ኣውቶቡስ' ወሪዱ ብናይ 'ርክሰት ኣእጋሩ' ይቕጽል ይኸውን።

ብሃንደበት ኣብ ሓደ መሳልል ወይ ኣስካላ በየን ከም ዝመጸ ከይረኣኻዮ ጎፍ ዚብለካ ሰብ፡ ሰላምታ ተዋሃሂብካ ክሳዕ እትፍለዮ፡ ይወርድ ወይ ይድይብ ምህላዉ ከትፈልጥ ኣይከኣልን። ካብቲ መሳልል ነፊሩ ኪዓርግ ድዩስ ወይስ ዘሊሉ ኪወድቕ ምኻኑ'ውን ኣይትፈልጥን። ወሪዱ ወይ ደዪቡ ንየማን ድዩ ወይስ ንጸጋም ምባሉ'ውን ኣይትፈልጥን። መስተውዓሊ ሰብ ግን ኪግምት ይኽእል።

ኣብ መገዲ ረኺብካ ደው ኣቢልካ እተዕልሎ ሰብ፡ ንጸጋም ድዩስ ወይስ ንየማን ይጥወ። ወይስ ኣብ ሓደ ባር ድዩ ዚኣቱስ ወይስ ታክሲ እዩ ዚስቀል ክትፈልጥ ኣይከኣልን፣ ኪግመት'ውን ኣይከኣልን። ንሓደ ሰብ ልቡ ነፊሑ ወይ ደኒኑ ብምኻዱ፡ ጽቡቕ ወይ ሕማቕ እዩ ዘሎ ኢልካ ክትፈርድ ኣይከኣልን። ሰብ ንኽምስል ኢሉ'ውን ኣካላቱ ባህርያቱን ይጠዋውዮ እዩ። ምስ እተዘራርቦ ግን፡ ካብቲ ዘረባኡ (ወላ'ውን ይሓሱ) ብዛዕባ ኩነታቱ ክትግምት ትኽእል።

እቲ ብደጋዊ ዓይኒ ዝርእይ ግን፡ ንእከለ ረኺበዮ፡ ጽቡቕ ኣሎ። ንእከለ ረኺበዮ ነይረ፡ ተስፋ የብሉን። እከለ ኣብ መገዲ ተጓኒፉኒ፡ ብፍጹም ዚዕረ ሰብ ኣይኮነን፡ እናበለ ይዛረብ ይኸውን። ብምስትውዓልን ብውሸጢ ዓይኒ ዚርእይ ግን ብደጋዊ ነገራት ኣይታለልን።

ጽብቕትን ምልክዕትን ሰበይቲ ብመልክዓ ክትምካሕ እያ እትነብር። እቲ ኑቲ ዘይፈርስ ዚመስል ክቡር ህንጻ-ሰብ ዘዕኑ እርጋን ከም ዘርክባ ግን ኣይትፈልጥን። ጠባይ ነባሪ እዩ፡ መልክዕ ግን ብእርጋን ጥራይ ዘይኮነስ፡ ብንእሽቶ ሓደጋ'ውን ኪበርስ ይኽእል።

ይኹንምበር፡ መልክዐኛ ሰበይቲ ነቲ ብደጋዊ ኣዒንቲ ዝርእይ ጥራይ እያ ከተታልሎ እትኽእል። ነቲ ብሳልሳይ ዓይኒ ገይሩ ዝርእይ ግን ክትሓባብሎ ኣይትኽእልን። ብድሕሪኣን ብቐድሚኣን፡ ብየማናን ብጸጋማን፡ ብልዕሊኣን ብትሕቲኣን ኣዛዊሩ ብልቦና ስለ ዝምልከታ፡ ኣይታለልን። ንህይወትን ንጥፈትን ወድሰብ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ኣውቶቡሳዊ ጉዕዞ ገይሩ ስለ ዚወስዶ፡ ኣይግራህን፡ ብኽንቱ ድማ ኣይጥበርን።

መስተውዓሊ ሰብ ንኹሉ ኣዚሩ ስለ ዚርእይን ዚምልከትን፡ ኣብ ጸገም ንኺኣቱ ዘሎ ተኽእሎ ኣዝዩ ውሑድ እዩ። ዓሻን ዳንደን ግን ጸገማት መካይዶምን መናበሪኦምን እዩ። ካብ ሓንቲ ናይ 'ጸገም ኣውቶቡስ' ናብታ ብድሕሪኣ እትመጽእ ናይ 'መከራ ኣውቶቡስ' እናተሳገሩ ድማ ምድራዊ ጉዕዞኦም ይቕጽሉ።



መፈንጠራ ዓለም

ከምቲ ጸሓይ ንዓለም እትስሕባ፡ ካብኣ ፈንጢሳ ከይትዕዘር ድማ በቲ ግራቪታዊ ሓይላ ኣሲራ እትሕዛ፡ ዓለም ድማ ብዓለማዊ ግራቪቲ ገይራ ንወድሰብን ድልየታቱን ናብኣ እያ እትስሕቦ። ፈንጢሱ ከይዕዘር ድማ በቲ ንዋታዊ ሓይላ ገይራ ኣሲራ ትሕዞ።

ኩሉ ወድሰብ ዚንተየሉ ሃብቲ ካብ መሬት እዩ ዚወጽእ፣ ወርቂ፡ ብሩር፡ ማኪና፡ ክዳን፡ ራድዮ፡ ኮምፕዩተር፡ ቪላ፡ ኣደራሽ፡ ወዘተ.

ኩሉ እንበልያን እንሰትዮን፡ ኩሉ እነጊጸሉን እንኹርዓሉን ነገራት፡ ካብታ ኣብ ልዕሊኣ እንመላለስን ጡፍ ክንብለላን ደገ ክንወጸላን እንውዕል ምድሪ እዩ ዚፍልፍል።

ካብ ከርሳ ብዚወጽእ ሃብቲ ሒዝና ንምካሕ። ተመሊስና ድማ ብእግርና እናረገጽናያ ንኽይድ፣ ኩሉ ሃብታም ሰብ ከምታ ተረጊጻ እትኽይድ መሰረት ኩሉ ሃብቲ ዝኾነት ግን ከኣ ትሕትና ዝመልኣ መሬት ነይሩ እንተ ዚኸውን፡ ማለት ንባዕሉ ትሕትና ዘርእይ ነይሩ እንተ ዚኸውን፡ ዓለም ናብ ገነት ምተለወጠት ነይራ።

ዝኾነ ኾይኑ፡ እቲ ንወድሰብ ክሳዕ ዕለተ ሞቱ ምስዛ ዓለም ጠቢቑ ከም ዚነብር ዚገብሮ ምኽንያት፡ ናይዛ ምድራዊት ዓለም ልግበት ወይ ስሕበት እዩ። ንሱ ድማ ሃብታም ወይ ድኻ ኣይብልን። ከምቲ እቲ ሃብታም ነቲ ኣዋርቑ ልቡ ዚመልቁሉ፡ እቲ ድኻ'ውን ነታ ቀያሕ ንሳንቲም ልቡ ከም ዚመልቁላ ትፈልጡ ዲኹም? ድኻ መናን ኣሎ፡ ሃብታም መናን ድማ ኣሎ። ድኻ በቃቕ ኣሎ፡ ሃብታም ከኣ በቃቕ ኣሎ። ኩሉ ናይ ልግበትን ዘይልግበትን ጉዳይ እዩ፣

ሓደ መዓልቲ ሓደ ባሕታዊ ካብዚ ናይዛ ዓለም ልግበትን ስሕበትን ተገላጊሉ ብሰላም ኣብ ጫካ ይነብር ነበረ። ምስ ኣህባይን ኣናብርን ይዛረብ፡ ምስ ኣዕዋፍ ድማ ይዝቲ፡ ምስ ኣእዋም ድማ ይጠቓቐስ። ምግቡ ቁጽለመጽሊ፡ ክዳኑ ቁርበት እንስሳታት፡ መስተይ ማዩ ድማ ሓምሓም ነበረ።

ይኹንምበር፡ ናይቲ ሃገር ንጉስ ካብቲ ባሕታዊ ኪመሃሮ ዝደለዮ ነገር ስለ

ዝነበረ ነቲ ባሕታዊ ኪርእዮ ሃረር ይብል ነበረ። ቀንዲ ድልየቱ ድማ ካብቲ ናይዛ ዓለም ዘብለጭልጭ ነገራት ምህዳም ነበረ።

ባሕታዊ ተጸዊዑ ኣብ ቅድሚ ንጉስ ቀሪቡ ምስ ሰገደ። ንጉስ ድማ ብዛዕባ ናይዛ ዓለም ልግበትን ጸገማታን ብሕጽር ዝበለ መገዲ ኪምህሮ ሓተቶ። ባሕታዊ ካብ ተመክሮኡ ተበጊሱ ንንጉስ ብዙሕ ነገራት ኣብረሃሉ። ካብዛ ረሳሕ ዓለም ከመይ ኢሉ ኪገላገል ከም ዚኽእል'ውን ሓበሮ። ንጉስ ብትምህርቲ ባሕታዊ ዓገበ። ዓስቡ ከይህቦ ግን እቲ ባሕታዊ ካብ ኩሉ ዓለማዊ ነገራት ናጻ ነበረ'ሞ፡ እቲ ንጉስ ገለ ከይሃበ ኣፋነዎ።

ባሕታዊ ካብ ንጉስ ተሰናቢቱ ካብቲ ኣደራሽ ምስ ወጸ፡ ድሕሪ ናይ ሓደ ኪሎመተር ጕዕዞ፡ ነታ መስተይ ማዩ ዝኾነት ሓምሓም ኣብቲ ኣደራሽ ከም ዝረስዓ ዘከረ። ተመሊሱ ድማ ነቶም ዓሻኽር ተወከሶም። ንሳቶም ድማ ንንጉስ ሓበሩዎ። ሽዑ ንጉስ ኣዝዩ ገረሞ። ነቲ ባሕታዊ ጸዊዑ ድማ፦

"ንስኻ ካብቲ ዓለማዊ ነገራት ከተላቕቕኒ ኢኻ ኣብ ኣደራሽይ ተጸዊዕካ ዝመጻእካ፣ ከመይ ደኣ እዩ ንኣይ ምስዚ ኩሉ ሃብተይን ወርቀይን ብሩረይን ካብ ኩሉ ዓይነት ልግበትን ስሕበትን ከተገላግለኒ እናተጸበኻኻስ ንባዕልኻ ካብታ ኣረጊት ሓምሓምካ ክትገላገል ዘይከኣልካ? ስለዚ ኣብ ትምህርትኻ ጽኑዕ ኣይኮንካን እሞ ደጊም ኪድ ካባይ ረሓቕ፡ ትምህርትኻ ዋጋ የብሉን" ብምባል ኣሰናበቶ ይብሃል።

ኣደይ ለቱ ጓል 95 ዓመት እየን። ምሰ ኣረጋ መሊሱ ከፊኡወን። ሳንቲም ክትጠፍኣን ኣይደልያን። እቲ ናይ ምእካብ ባህርያተን መሊሱ ገዲዱ። ከብሐን ብጠስምን መዓርን መሊኡ። ኣርማድዮኣን ድማ ብሽኮርን ፊኖን። ነቲ ኪበጽሐን ኢሉ ዚመጽእ ሰብ ግን ኣየጫንዋኦን።

"ኣደይ ለቱ፡ ንመኣስ ኪኾነክን ደኣ ኢኽን ነዚ ኹሉ ሽሻይ ትዓቕራኦ ዘለኽን?" ይብላ ዝገረመንን ብልበን ዝቕንኣን ጐረባብቲ።
"ትም በላ፡ መንዶ ክኸይድየ ኢሉክን እዩ?" ይምልሳ ኣደይ ለቱ።

ዚጸድፍ ሰብ ወላ ኣምዐ እዩ ዚሕዝ ይብሃል። ካብቲ ገና ንኺነብር ዕድመ ዘለዎ፡ እቲ ኣብ ኣፍደገ ሞት ዘሎ ሰብ ዝያዳ ስሕበትን ልግበትን ከም ዘጥቅየ ንምፍላጥ ንገለ ዝኣረጉ ሰባት ኬድኩም እስከ ብጽሑዎም።

ገለ ሰባት ከምዚ ይብሉ፦ እቲ ኣብ ግዜ ሞቱ ስሕበትን ልግበትን ገና ዘጥቅየ ሰብ፡ ምስ ሞተ ከም ምትሃት ወይ መናፍስቲ ኮይኑ እዩ ኣብዛ

ዓለም ዚመላለስ። ገና ነዛ ዓለም ስለ ዘይጸገባ። ካብዛ ዓለም ምስ ተፈልየ ከም ጎስት ኾይኑ ብመንፈሱ ናብኣ ብምምላስ። ትሙስሙስ እናበለ ድማ ንሰብ ድቃስ ይኸልእ ይብሉ። ኣይ ሰማይ ኣይ ምድሪ ሓዲግ ኾይኑ ድማ ሰብ ከሰንብድን ከባህርርን ይነብር።

ኣብ ኣመሪካ ዚቕመጡ ዝነበሩ ሱ እተባህሉ ቀያሕቲ ህንዳውያን ነዚ ኣብ ላዕሊ እተጠቕሰ ናይ ምትሃታዊ ትሙስሙስ ተግባር ንምብዳህ ሓደ ባህሊ ፈጢሮም ነበሩ።

ንሱ ድማ፡ ኣደ ውላዳ ምስ ሞታ፡ መጀመርታ ንኣጻብዓ በብሓደ ብፋስ ትቈርጸ። እቲ ናይ ሓዘን ብኽያታ ድማ ምስቲ ቃንዛ ኢዳ ተሓዊሱ ልብኻ ዚሰልብ ጓሂኣ ተፍስስ። ድሕሪ ሒዶት መዓልታት (ዓሱር ዶ ኽንብሎ) ኩለን ናይቲ ዓዲ ጎራዙት ነቲ ናይቲ ዝሞተ ሰብ ብተንዳ እተሰርሐ ገዛ የማዕዱዋ። እንታይ ኮን ደልየን ይኾና?

ሽዑ፡ እታ ኣደ፡ ነተን ጎራዙት ካራ ትዕድለን። ንሳተን ድማ በቲ እተዓደለን ካራ ገይረን ነቲ ተንዳ-ገዛ ተርቲረን ብምቕዳድ ኣትየን ከከም ክእለተን ኣቕሑ ኣልዒለን ንገዛእን የግዕዛኣ። ገለ ሳእኒ ናይቲ ወዲ ዚውስዳ፡ ገለ ኩናቱ፡ ገለ ጉራደኡ፡ ገለ መስተይ ማዩ ወዘተ.

በዚ መገድዚ፡ እታ ኣደ ንወዳ ካብ ልግበትን ስሕበትን ተድሕኖ ኣላ ማለት እዩ። መንፈስ ወይ ምትሃት ወዳ ድማ ናውቱ ወይ ንብረቱ ደልዩ ናብ ምድሪ ኣይቅልቀልን። ከመይሲ ኩሉ ተዓዲሉ ተወዲኡ እዩ። ከምዚ ኢሉ፡ እቲ ውላድ ካብዛ ዓለም ርሒቑ፡ ሰማያዊ ህይወቱ ኣብቲ ናይ ኣቦታቱ መንግሰተ ሰማያት ኮፍ ኢሉ የሕልፎ።

ከምዚ ዓይነት ባህልውን ኣብ ገጠራት ሃገር ግሪኽ ኣሎ። ኣብ ገለ ካልኦት ሃገራትውን ናይቲ ዝሞተ ሰብ ክዳውንትን ናውትን ንብረትን ንድኻታት ይዕደል እሞ፡ እቲ ነፍሰ-ሄር ኣብቲ ዝኽዶ ሰማያዊ ዓዲ ሃዲኡ ይነብር እምበር ንንብረቱ ኪዕዘብ ወይ ተመሊሱ ኪጥቀመሉ ብምባል መንፈሳዊ ወይ ምትሃታዊ ቅርጺ ብምሓዝ ናብዛ ዓለም ቅልቅል ኣይብልን።

ይኹንምበር፡ ንዓለምን ሃብታን ልብኻ ከይሃብካ ምስ እትጥቀመላ ጸገም ኣይፈጥረልካን። ሓደ ሰብ ወርቅን ብሩርን እናሃለዎ ኽሎ ብኣኡ ቅጭጭ ዘይብሎን ገዲፉዎ እንተ ኽደውን ዘይዓጅቦን ኣሎ። ሓደ ኻልእ ድማ፡ ሓንቲ ብኽልተ እግራ እትኽይድ ደርሆ ጥራይ ሒዙ፡ ከይትጠፍኣ ወይውን 'ከይትጸድፎ' ዚሰግእን ዚርበሽን ኣሎ። ልግበት ወይ ስሕበት፡ ብዙሕ ሃብቲ

ወይ ሒደት ሃብቲ ኣይብልን። ልቢ ሰብ ኣብ ሚልዮናት ዶላራትን ኣብ ሓንቲ ቀያሕ ሳንቲምን ተመሳሳሊ ልግበት ኪህሉዋ ይኽእል እዩ። ኩሉ ሃብታም ዝኾነ ሰብ ዓለማዊ ማለት ኣይኮነን። ኩሉ ድኻ ዝኾነ ድማ መንፈሳዊ ማለት ኣይኮነን። ልብኻ ብሓንቲ ቀያሕ ሳንቲም ትርበሽ እንተ ደኣ ኾይና፡ ብሚልዮናት ኣቓርሽ እሞ ኸኣ ነፊራ ከይትኸደካ ክትፈርህ ይግባእ።

ስለዚ፡ ኩሉ ገዲፍካዮ እትኸይድ ምኻንካ ፈሊጥካ፡ ንንብረትካ ምሒር ልብኻ ኣይተውድቖሉ። ተኸናኸኖ፡ ተጠቕመሉ፡ ተደሰተሉ፡ ንኣኻ ኢሉ እዩ ተፈጢሩ። ግን ኣመና ልብኻን ቀልብኻን መንፈስካን ከተንብረሉ ምስ እትጅምር፡ እቲ ልግበትካ እናደልደለን እቲ ስሕበትካ ድማ እናጠንከረን ስለ ዚኸይድ፡ ኣብቲ ህይወትካ ብዙሕ መንፈሳውን ስነ-ልቦናውን ጸገማት ኪፈጥረልካ ይኽእል እዩ።

እሞ ካብ ልግበትን ስሕበትን ዓለም ንምድሓን እንታይ ምግባር ይሓይሽ?

ክሪሽና ሙርቲ እተባህለ ህንዳዊ መምህር ከምዚ ይብል፦

ሓደ ንደቂሰብ ንሞት ከም ዚፈርሁ ዚገብሮም፡ እቲ ኣብ ዓለም ዘለዎም ምሒር ልግበት ወይ ስሕበት እዩ። ነዚ ካብ ናይ ሓጺን ሰንሰለት ብዚድልድል መገዲ ኣሲሩካ ዚነብር ልግበትዚ ንምቅላል ወይ ንምፍኻስ፡ ንምንታይ መዓልቲ መዓልቲ ካብቲ ሰንሰለት ሓንቲ ቀለቤት ወይ ዓንኬል እናሰበርካ ዘይትነብር።

ተመን ነኺሱካ ከይትመወት እንተ ደኣ ደሊኻ፡ ኣብ መመዓልቲ ኣብ ደምካ ሒደት መርዚ ተመን ኣእትወሉ። ድሕሪ ነዊሕ እዋን ኣካላትካ ነቲ መርዚ ተመን ኪለምዶ እዩ። ሽዑ ተመን ምስ ነኽሰካ፡ ኣይትመውትን።

ብተመሳሳሊ መገዲ፡ ነዛ ዓለም ኣብ መመዓልቲ ቀቀሩብ ሙተላ። ሎሚ ንሓደ ኣዚኻ እትደልዮ ነገር ነንብስኻ ክልኣያ። ጽባሕ ነቲ ናይ ወርቂ ሀርፋንካ ቅተሎ። ድሕሪ ጽባሕ ነቲ ናይ ፍትወተ-ስጋ ባህግኻ ጐሓፎ። ብድሕሪኡ ነቲ ጠገለ ዘይብሉ ናይ ምብላዕ ሽውሃትካ ኣልግሶ። ደጊምካ ነቲ ናይ ሽጋራ፡ ቁማር፡ ምሕሳው፡ መስተ፡ ዝሙት፡ ስርቂ ኣመላትካ ደርብዮ። ቀጺልካ ነቲ ናይ ጉቦኛ ባህርያትካ ጽረጎ ወዘተ።

ቀስ እናበልካ ነቲ ድልየታትካ ምስ ቀተልካዮ፡ እቲ ልግበት ድማ ብኣኡ መጠን እናጎደለ ይኽይድ እሞ፡ ካብዛ ዓለም ኣብ እትፍለየሉ እዋን፡ ሰተት

ኢልካ ኢኻ ናብ ዓዲ እግዚሄርካ እትምለስ። ዘይወዳእካዮ ነገር ወይ ጉዳይ ወይ ህርፋን ሃልዩካ ድማ ከም ምትሃት ወይ ፋሉል መንፈስ ኴንካ ናብዛ ዓለም ብምምጻእን ትሙስሙስ ብምባልን ንሰብ ኣይትህውኽን ወይ ኣይትርብሽን።

እዚ ኣብ ላዕሊ እተጠቕሰ ናይ ምትሃት ኴንካ ምምጻእ ግን፡ ከም ምሳለኣዊ ኣብነት ኢዩ ተዋሂቡ ዘሎ እምበር፡ ካብዚ ዓለም ብሞት ምስ ተፈለናስ፡ እንታይ ከም እንኽውን እቲ ዝፈጠረና ኣምላኽ ጥራይ ኢዩ ዚፈልጥ።

ይኹንምበር፡ ሰብ ነዛ ዓለም ከሲቡ ነብሱ እንተ ኣጥፊኡ እንታይ ይረብሕ ዚብል ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዚርከብ ጥቕሲ፡ ጌና ግዜ ኽሎና ካብዚ ናይዛ ዓለም መፈንጠራ ክንሃድምን ናብ ኣምላኽና ክንዕቄብን ከም ዘሎና ኢዩ ዚሕብረና።



ምኽሪስኳስ ቄልዑ

መብዛሕትኦም ቄልዑ ምስ ዓበዩ ፓይሎት ሓኪም፡ መሃንድስ፡ ወትሃደር፡ ወዘተ.. ክንከውን ኢና እንደሊ እዮም ዚብሉ። ንዝኾነ ዚሓቶም ሰብ'ውን ብኽምዚ መልክዕ እዮም ዚምልሹሉ። ምስ ዓበኻ ከመይ ክትከውን (ወይ ብምንታይ ክትዝከር) ትደሊ ተባሂሎም እንተ ዚሕተቱ ግን ኪሓስቡ ምጅመሩ።

<u>ወላዲ፥</u> ቢንያም፡ ምስ ዓበኻ ሕያዋይ፡ ምእዙዝ፡ ፍትሐኻ፡ ለባም ወዘተ.... ክትከውን ኣይመደለኻንዶ?

<u>ቢንያም፥</u> እ.. እ? እንታይ? ኣይተረደኣንን.....ናይ ዓቕሊ ወይ ሕያውነት ስራሕ ኣሎ ድዩ?

እምበኣር ሓደ ቄልዓ፡ መጀመርያ ከጥርዮ ዘለዎ ሞያ፡ ንባህርያት እምበር ንጥበብ ዚምልከት ጥራይ ኪኸውን ኣይግባእን። መጀመርያ ነቲ ኣብ ሕብረተሰብ ብሰላምን ብኽብርን ከንብሮ ዚኽእል ባህርያት ከጥሪ ይግባእ፡ ደሓር ነቲ ዚደልዮ ዓይነት ጥበባት ይመሃሮ ወይ ይዕለሞ። ፓይሎት፡ ሓኪም፡ ጠበቓ ወዘተ. ምኻን ኣብ ጽቡቕን ምዕሩግን ዝኾነ ባህርያት እንተ ዘይተመስረቱ ዋጋ የብሉን።

ውላድካ ሽለልተኛ ሓኪም፡ ብልሹው መሃንድስ፡ ሓሳድ ነጋዳይ፡ ጉቦኛ ጠበቓ ወዘተ... ኪኾነልካ ትደሊ'ዶ? ገለ ሰባት "እሂ ደኣ፡ ሓንትስ ይመሃረለይ፡ ናብራኡ ድማ ባዕሉ የካይደለይ እምበር ድላዩ ይኹን" ዚብሉ ኣይስኣኑን። እዚ ግን ንሕብረተሰብን ንሃገርን ዘይምሕሳብ እዩ።

ብኻልእ መገዲ'ውን ንውላድካ "ከምዚ ክትከውን ኢኻ፡ ከምዚ ክትፈጥር ኢኻ" እናበልካ ኣብ ውዱእ ኩነታት ከተእትዎ ጽቡቕ ኣይኮነን። ብትእዛዝካን ድልየትካን መሰረት፡ ጠበቓ እየ ክኸውን ዝደሊ ብምባል ምሉእ ህይወቱ ጠበቓ ኪኸውን ይጽዕር። ግን ጥብቅነት ምስ ባህርያቱ ዘይቃዶ ጥበብ ኮይኑ ይጸንሕ'ሞ ኣብ እእምሮኡ ዘይወጽእ ጭንቀት ይፈጥር። እዚ ኣሉታዊ ናይ ኣእምሮ ኩነታት ድማ ነቲ ሞያኡ ይዘርገሉ።

ሓደ መዓልቲ፡ እንታይ ክትኮኑ ትደልዩ ንብሃል ኣብ ዝነበርናሉ እዋን ሓደ ጐረቤትና ግርህ ኢሉ "በዓል ካሮሳ!" ኢሉ። ኩላትና ድማ ስሒቕና። ካብ

ኩሉ ዘጕሂ ግን፡ እቲ ዝሓተና ዝነበረ ዓቢ ሓውና'ውን ዓው ኢሉ ስሒቹ። እቲ ቁልዓ ፈዚዙ ተሪፉ። ሓኪም ወይ ፓይሎት ስለ ዘይበለ ኢና ስሒቕና። ከመይሲ ከምኡ እዩ ዚብሃል ዚብል ልምዲ ኣብ ኣእምሮና ሰሪጹ ስለ ዝነበረ። ግን ቁልዓ ነናቱ ትምኒት የብሉን ድዩ? ምስሓቕከ እንታይ የድሊ?

ብተመሳሳሊ መገዲ፡ ኣብዚ ቀረባ ግዜ ዝሰማዕኩዎ፡ ሓደ ቁልዓ ምስ ዓበኻ እንታይ ክትከውን ትደሊ ተባሂሉ ምስ ተሓተተ፡ ኣምላኽ ክኸውን እየ ዝደሊ ብምባል ኣስደማሚ መልሲ ሂቡ። ነዚ ቁልዓ'ዚ ክትድህሎ ወይ ኣብ ቅድመኡ በስምኣብ ክትብል ኣይግባእን። መጀመርያ ኣምላኽ እንታይ ም'ኻኑ ቀስ ኢልካ ከተረድኦ ይግባእ። ደሓር ስለምንታይ ኣምላኽ ኪኸውን ከም ዝደለየ ቀስ ኢልካ ሓሳቡ ምውሳድ። ብድሕረኡ እቲ ዚግባእ ምዕዶን ትምህርትን ምሃቡ።

ቁልዑ ከም ነኣሽቱ ኣታኽልቲ እዮም። ከም ሓንቲ ገረብ ድማ ምስ ዓበዩ ፍረኦም ይህቡ። ሓንቲ ተኽሊ ወይኒ ምስ ተኽልካያ፡ ቪኖ ወይ ኩርባዝየ ክትህበካ ኣይኮንካን እትምነ፡ ጥዕይቲ፡ ድልድልቲ፡ ፈራዪትን ኮይና፡ ጥዑምን ጽቡቕን ፍረታት ክትህበካ ኢኻ እትምነ። ቁልዓ ኸኣ ከምኡ እዩ፣ ውላድካ ፍትሒኛን ሕያዋይን... ኮይኑ ኪዓብየልካ ምትምናይ ቀዳምነት ኪወሃቦ ይግባእ።

ኣብ ጃፓን፡ ኣብ ማሕበራውን ቁጠባውን ናብራ ዓቢ ውድድር ስለ ዘሎ፡ ቁልዑ ከይተረፉ ነፍሰ-ቅትለት የካይዱ እዮም ኪብሃል ንሰምዕ። ኣነ'ዶ ካብ እከለ ሰኒፈ... ንሱ ብመንፍዓቱ ኣብዛ ኩባንያ ቀዲሙኒ እንተ ኣትዩ ሞት ይሕሸኒ... ወዘተ.

ወለዲ ኪርድኡዎ ዘለዎም ሓደ ነጥቢ ኣሎ። መጀመርያ ኩሉ ቁልዓ ነናቱ ድጉል ዓቕሚ ኣለዎ። ፈቲና ጸሊእና ሓደ ጸራቢ ኪኸውን'ዩ፡ ሓደ ሓኪም ኪኸውን'ዩ፡ ሓደ ኸኣ መካኒኮ ኪኸውን'ዩ። ኩሉ ሰብ ጠበቓ ኪኸውን ኣይክእልን። ኩሉ'ውን ሓኪም ኪኸውን ኣይክእልን።

ሓደ ሓረስታይ ብዙሕ ዓይነት ዘርኢ ይዘርእ። ብልቱግ፡ ማሽላ፡ ዕፉን፡ ወዘተ...። ግን ድሕሪ ክልተ ወይ ሰለስተ ወርሒ፡ ኣራንችን፡ ሚለን፡ ባናናን... ኣይጽበን። ትጽቢቱስ እቲ ዘሪኡዎ ዘሎ ብጽቡቕ ኪበቑለሉን ኪዓብየሉን ኪፈርየሉን እዩ። ስርሑ ድማ ም'ኹስኳስን ምጽህያይን ምክን'ኻንን ጥራይ እዩ።

ቁልዑ ካባና ፍቕርን ሓልዮትን ምኽርን (ንቕኑዕ መገዲ) ጥራይ እዮም ዚደልዩ። ምውቃዕ፡ ምፍርሃህ፡ ምጽራፍ፡ ምድሃል፡ ኣብ ቁልዑ ዚፍጸም ዓቢ ገበን እዩ። ኣብ ህይወቶም'ውን ዘይሕኽኽ ኣሉታዊ ስምብራት እዩ ዚገድፈሎም። ኣብቲ ማሕበራውን ቀጠባውን ህይወቶም ድማ ብእተፈላለየ መገዲ ኪሃስዮም ይኽእል።

ናይ ወላዲ ልግሚ ዘይብሉን ልባውን ምኽኻስ ነቲ ጸራቢ ኪኸውን ዘለዎ፡ ንፉዕ ጸራቢ፣ ነቲ ሓኪም ኪኸውን ዝነበሮ፡ ንፉዕ ሓኪም፣ ነቲ ዝንባለኡ ኣብ ደርፊ ዝነበረ ድማ፡ ንፉዕ ደራፋይ ከም ዚኸውን ይገብሮ።

ነቲ ዝንባለኡ ጸራቢ ዝነበረ፡ ገኢሕካን ኣፈራረህካን ሓኪም ኪኾነልካ ምጽዓር ግን፡ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስኩዎ፡ ኣብቲ ቁልዓ ጭንቀትን ዘየድሊ ባህርያት ከም ዘጥርይ ምግባር እዩ።

ሓደ ፈላስፋ ከምዚ ይብል፣

“ውላድና ናትና ኣይኰኑን። ኣምላኽ ሕድሪ ዝሃበና ፍጡራት እዮም”። እዚ ዓቢ ዘረባ እዩ። ኩሉ ወላዲ ነዛ ጥቕሲ እዚኣ እንተ ዘስተንትና “ወደይ ከምዚ እዩ... ንለይ ከምዚ እያ...” እናበለ ካብ ልክዕ ኣይምተጃህረን። ወይ “ወደይ ከምዚ ኾይኑ...ንለይ ከምዚ ኾይና..” እናበለ ካብ ግቡእ ንላዕሊ ኣይምገሃየን። ስለዚ፡ ደቅና ብሕድሪ ካብ ተዋህቡና፡ ኣባታቶም ዘሎና ሓላፍነት ኣብ ፍቕርን ምኽስካስን ጥራይ እተመርኰሰ ምኻኑ ከነስተብህል ይግባኣና። ብሓጺሩ፡ እቲ ሓላፍነትና ምኽስካስ ጥራይ እዩ። ብድሕሪኡ ዝኾነ (ንኣታቶምን ንከባቢኦምን ዘርብሕ) ጥበብ እንተ ተኸተሉ ናትና ጉዳይ ኣይኮነን።

“ወደይ ኣንበሳ እዩ፡ ዋዛ የብሉን ወዘተ.” ዚብሉ ወለዲ ኽኣ ኣለዉ። “ወደይ ለጋስ እዩ፡ ቅኑዕ እዩ፡ ዘይናቱ ኣይደልን፡ እሙን እዩ፡ ተኻፊልካ ምብላዕ ይፈቱ” ዚብሉ ግን ውሑዳት እዮም። ዕላማ መብዛሕትኡ ወላዲ፡ ውላዱ ካብ ኩሉ በሊጹ ዝገበረ ገይሩ (ወላ ንኻልኦት ጨፍሊቑን ጐዛዚዩን) ኣብዛ ዓለም ተዓዊቱ ኪሓልፈሉ ኣብ ዚብል ራእይ እተመርኰሰ እዩ። ብሓቂ፡ ነዛ ዓለም ከም ናይ ነንሓድሕዶም ዚበላልዉ ኣኽላባት ቦታ ጌርካ ምውሳዳ ዘጉህን ዘሕዝንን እዩ። ግን ከኣ ኣብ ምዕራባውያን ከምኡ እዩ።

ኣብ ነንሓድሕዶም ዚበላልዉ ሰባት ዚነብሩላ ዓለም ንኣምን እንተ ኾንና ደኣ ስለምንታይ ኢና ተመሊስና ዓለም ጨካን፡ ዓለም ጠላም፡ ዓለም ትሽዓተ... እናበልና እነዕዘምዝም? ነታ ጨካንን ጠላሚትን ዓለም

ባዕልና'ዶ ኣይኮንናን እንፈጥራ ዘሎና?

ነቶም ናብኣ እንሰዶም ህጻናት ድማ ግድን ጨካናትን ጠላማትን ጌርና ከነዕብዮም ክንግደድ ኢና። መታን ኣብኣ ኪዕንብቡን ኪሰፍኑን።

ስለዚ መጀመርያ በቶም እንወልዶም ደቅና ጌርና ጥዕይቲ ዓለም ንምፍጣር ክንፍትን ይግባእ። ብድሕረኡ ድማ ነቶም ብተኸታታሊ ዚመጹ ወለዶታት (ደቅደቅና) ናብ ሓንቲ ጥዕይትን ሰላም ዝመልኣን ዓለም ክንልእኾም ከሎና፡ ሰላምን ራህዋን ምዕባለን ሕዞም ከም ዚጐዓዙ ኣይንጠራጠርን።



ጽቑጥ ባህርያት

ነፍስወከፍ ሰብ ዚሓብኦን ዝጸቕጠን ባህርያት ኣሎዎ። እቲ ዚሕባእ ባህርያት ተሓቢኡን ተሰዊሩን ኪተርፍ ተኽእሎ እኳ እንተ ሃለዎ፡ እቲ ዚጽቀጥ ባህርያት ግን ኣብ ምሹእ እዋናት በጨቕ ምባልስ ኣይገድፍን።

ነቲ ቕዳማይ ከም ዘየሎ ከተምስሎ ትኽእል ትኸውን፡ እቲ ካልኣይ ግን ተሓቢኡካ ዘይኮነስ ተጸቒጡ ስለ ዚጸንሕ፡ ኣብ ውሽጠኻ ከም ዘሎስ ትፈልጥ ኢኻ፡ ክትክሕዶውን ኣይትኽእልን። ሓድሓደ ግዜ'ውን ይስዕረካ እዩ። ይኹንምበር፡ ኣብቲ ሕብረተሰብ ይኹን ኣብቲ ንጥፈታትካ ኣድላዩ ብዘይምኻኑ ወይ'ውን ኣሉታዊ ሳዕቤን ስለ ዘኽትል ክትጸቕጦ ትግደድ።

ውዒሉ ሓዲሩ ግን፡ ከምዚ ንሓንቲ ድሙ ንሰብ ከይትርብሽ ኢልካ ኣብ ባኮ ትዓጽዋ እሞ ኖው እናበለት ትንፋስካ ተሕልፈካ፡ እቲ ክትጸቕጦ እትፍትን ባህሪ ድማ ኖው እናበለ ሞኽ ከም ዘብለካስ ክትፈልጥ ይግባእ።

ንኣብነት እልፉ ዚብሃል ሰብ ከም ኣብነት ንውሰድ። እልፉ ተመሃራይ ከሎ ትሑት ሰብ እዩ ነይሩ። ኩሉ ሰብ ድማ ብትሕትናኡ የመስግኖን ንኣመስገንቲ ይህቦን ነበረ። ደሓር ግን ስራሕ ሒዙ መዝነት ምስ ተዋህቦ ብኣኡ ዘይተበሳበሰን ዘየልቀሰን ሰብ የልቦን። እቲ ናይ ምጭቋን ሕቡእ ባህርያቱ ምሹእ ግዜ ምስ ረኸበ ንላዕሊ ገንፊሉ፣ እዚ ሕቡእ ባህርዚ ንእልፉ እውን ጋሻ እዩ፣ ከምቲ ሓንቲ ፍረ ዓተር ኣብ ባይታ ወዲቓ ንዓመታት ትም ትብል እሞ ማይ ምስ ረኸበት ክትበቑል እትጅምር። እዚ ድማ ኸምኡ እዩ፣ ሕቡእ ባህሪ እልፉ ናይ ስልጣን ዝናብ ምስ ረኸበ ኪበቑል ጀሚሩ፣

ጽቑጥ ባህሪ ግን ከምዚ ዚስዕብ ኢዩ። ገሪማ ዚብሃል ሰብ ካብ ኩሉ ነገራት ብዝያዳ መስተን ዝሙትን እዩ ዚፈቱ። ግን ከኣ ወዲ ዓበይቲ ስለ ዝኾነ ነቲ ድልየቱ ጸቒጡ ዓቢ ሰብ ኪመስል ይጽዕር። ድኽመት ከም ዘለዎ ይፈልጥ እዩ ግን ጸቒጡ ጸቓቒጡ እዩ ከጥፍኡ ዚደሊ። እቲ እኩይ ሓይሊ ባህርያቱ ግን ጸጸኒሑስ የሰንፎ እዩ። ስለዚ ኣብ ክንዲ ኣብ ዓዱ ዚሰክርን ዚዝሙን፡ ናብ ወጻኢ ሃገር ኪኸይድ ከሎ፡ ምስ ዊስክን ኣመንዝራታትን ኪሕመስ የሕልፎ። ኣብዚ ዓዲ ምስ መጸ ድማ ንኸምስል ምስላታት እናጠቕሰን ምስ ዓበይቲ ሰባት እናተመሓዘወን ፈቐዶ መርዓን ቀብርን እናኸደን ደብርታት እናተሳለመን ነቲ ዘሳቐዮ ጽቑጥ ባህርያት ኪሸፍኖ

ይጽዕር።

ከም ተወሳኺ ኣብነትውን ሓደ ፈላሲ ንውሰድ። ፈላሲ ህይወቱ ንፈጣሪኡ ዝወፈየን ንዓለም ዝመነን ሰብ እዩ። ንነፍሱ ካብ ፍትወት ስጋን ስስዐን ብምግታእ ድማ ምስ ዓለምን ቅለታን ዘይተሓለለ ቃልሲ የካይድ። ይኹንምበር ነቲ ናይ ፍትወት ስጋን ስስዐን ባህርያት ጸቢጡ እዩ ዚጐዓዝ ዘሎ። እዚ እኩይ ሓይል'ዚ ኸኣ እናተኾተኹ የሳቐዮ። ንሱ ግን ቃልሱ ምስ ስጋ ስለ ዝኾነ ነቲ ስምዒታቱ ምሉእ ህይወቱ ኪገትኦ እዩ ዚነብር። ቃልሲ ክሳዕ ግዜ ሞት ይካየድ። እቲ ሰብ ክሳዕ መወዳእታ ዕጉስ ምስ ዚኸውን ድማ ይዕወት። ኢዱ ምስ ዚህብ ግን ኣይ ምስ ዓለም ኣይ ምስ እዝጊ ሰንፈላል ኾይኑ ይተርፍ።

ይኹንምበር ከምዚ ዝበለ ሰብ ካልእ ስራሕ ስለ ዘለዎ ህይወቱ ኹሉ ምስ ጽቑጥ ድሌታቱ ኪቃለስ ጥራይ ኣየሕልፎን። ነቲ ናይ ፍትወት ስጋን ስስዐን እኩይ ሓይልታት ናብ ካልእ ቅዱስ ሓይልታት ኪልውጦ ወይ ከሳግሮስ ዘይሕለል ጻዕሪ እዩ ዘካይድ። እዚ ኣብ ፊዝክስ ምልዋጥ ጸዓት ወይ ትራንስፎርመሽን ኦፍ ኣነርጂ ይብሃል።

ዝኾነ ሓይሊ ካብ ተንቀሳቓሲ ጸዓት ናብ ኤለትሪካዊ፡ ካብ ኤለትሪካዊ ድማ ናብ ሙቐታዊ ጸዓት ኪለዋወጥ ይኽእል። ስለዚ ነቲ ናይ ፍትወተ-ስጋ ሓይሊ፡ ጸሓፋይ ወይ ሰኣላይ ወይ ተመራማራይ ብምኻን ናብ ናይ ጥበብ ሓይሊ ክትልውጦ ትኽእል ኢኻ። ትም ኢልካ ምስ እትርእዮ ግን፡ መጀመርታ ምሉእ ህይወትካ ክትቃለሶ ጥራይ ግዜኻ ከተሕልፍ ኢኻ፣ ብኻልኣይ መገዲ ድማ ካልእ ቁም ነገር ኣይክትገብርን ኢኻ። ስለዚ ብሰላም ክትነብር እንተ ደሊኻስ፡ ነዚ ኣፍራሲ ወይ ኣሉታዊ ሓይል'ዚ ብኣድማዒ ወይ ኣዎንታዊ ሓይሊ ክትትክኦ ግድን እዩ። እዚ ብስነልቦናዊ ኣዘራርባ ሳብሊመሽን ይብሃል።

ኣደይ ለቱ ብንእሽቶኣን ከለዋ በኻዱት ቁልዓ እየን ነይረን። ገለ ነገር ምስ ዚደልያ ብብኽያት ገይረን እየን ንድልየታተን ዚገልጻኡ ነይረን። ብብኽያት ገይረን ድማ ድላየን ይረኽባን። ከም ስልቲ ድማ ይጥቀማሉን ነበራ። እዚ ናይ ብኽያት ስልቲ ግን ምስ ዓበያ ኪጥቀማሉ ዘምሕረለን ኮይኑ ኣይተሰመዐንን፣ ከመይሲ ገለ ነገር ደልየን ከይበኽያ ማሕበራውን ስነልቦናውን ቀይዲ ኪፈኽደለን ኣይከኣለን።

እናዓበያ ምስ ከዳ፡ ብብኽያት ብዙሕ ዚሳለጥ ነገራት ብዙሕ ዘሎ ኾይኑ ስለ ዘይተሰመዐን፡ ኪጸኽማኡ መረጻ። ግን ከኣ እተጸኽጠ ነገር ከምታ ኣብ ባኮ

ወይ ሳጹን እተዓጸወት እሞ ክትወጽእ ደልያ ኛው እናበለት እተሳቐየካ ድሙ ስለ ዝኾነ፡ ኣደይ ለቱ ነቲ ናይ ብኽያት ሓያል ባህርያተን ናብ ናይ ቁየቓን እንጽርጽሮትን ውሕጅ ኪልውጣኣ ግድን ኮነን። ስለዚ ኣደይ ለቱ መንጸርጸሪት ኮይነን ተረፉ። ምሉእ ዘመነን ድማ ከንጸርጽራን ኪቋየቓን ኪጻረፉን ኣሕለፉኡ። ምስ ሞታ ድማ እቲ ጎረቤት። "ኣደይ ለቱስ መንግስተ ሰማይ ደኣ የዋርሰን እምበር ገንጫር እየን ነይረን" ኢሉወን።

ስእሉ ዚብሃል ሰብ ገና ውሉድ ከብል ኣቐሑ ምስብባር ዳርጋ ከም ልምዲ ገይሩ ወሲዱዎ ነበረ። ሓንቲ ኣቐሓ ምስ ዚረክብ ፈናጢሑ ኪድርብያ ኣለዎ። ግደፍ ኢልካዮ ኣይሰምዕን። እናሓለፈ ገዛ ከየዕንወሎም ዝፈርሁ ወለዲ ድማ ኪቋየቕዎን ኪቃለሱዎን ፈተኑ።

ዝኾነኾይኑ ምስ ጐበዘ ነቲ ኣዕናዊ ባህርያቱ ኪጸቕጦ ግድን ኮኖ። ጸቒጥካ ግን ነዊሕ ኪኽየድ ኣይክኣልን። ባህሪ ከም ትኪ መውጽኢ ኣይስእንን እዩሞ ወይ ነቲ መውጽእ ትኪ ክትቅይሮ ወይ ድማ ነቲ ትኪ ናብ ካልእ ሞያ ክተውዕሎ ይግባእ።

ዕድል ኮይኑ ስእሉ ሓደ እዋን ኣብ መካኒኮ ቦታ ረኺቡ ኪሰርሕ ጀመረ። ነዊሕ ክይሰርሐ እቲ ዓምኡ በቲ መንፈዓቱ ገረሞ። ብፈቲሕካ ምእሳር፡ በቲንካ ምልግጋብ፡ ሞቶረ ዝሞንታረ ገርካ ናብቲ ዝነበሮ ብምምላስ ዚወዳደሮ ኣይነበረን። በዚ ኽኣ ነቲ ጸቒጡዎ ዝነበረ ባህርያቱ ብኻልእ መገዲ ኪጥቀመሉ ከኣለ።

ከምዚ ኢሉ ምስ ነፍዐ፡ ሲኞር ቢያንኪ መስተውዓልን ወረጃን ብምንባሩ፡ ንዓዱ ቅድሚ ምኻዱ፡ ነቲ ጋራጅ ንስእሉ ገዲፉሉ ኸደ። ስእሉ ዝሓዛ ማኪና ካልኣይ ግዜ ናብ ጋራጅ ኣይተምልሰካን እያ ተባሂሉ ድማ ይውረየሉ ነበረ።

ማሩ እተባህለ ሰብ ግን፡ ብባህርያቱ ሕጊ ኣይፈቱን። ከም ኣድገ በቐሊ ድላዩ ኪገብርን ኪዕንድርን ግን ደስ ይብሎ። ንሕጊ ከም ጨካን ቀይዲ ገይሩ ስለ ዚወስዶ፡ ኩሉ ስራሑ ንሕጊ ዚጥሕሰን ዚጻረርን እዩ። ማሩ ትምህርቲ ምስ ጀመረ፡ ነዚ ባህርይዚ ጸቒጡ ንቑሩብ ኣዋርሕ ተጓዕዘ። ደሓር ግን ኣይከኣለን። እቲ እኩይ ባህርያቱ እናገንፈለ ሞኸ ስለ ዘበሎ፡ ትምህርቲ ገዲፉ ናይ ጽርግያ ተናባዪ ወይ'ውን በጋሚንዶ ኾነ።

ሓደ መዓልቲ ሓደ ካብ ኣዝማዱ ናብ ቤቱ ወሲዱ መዓዶ። ምናልባት ናይ ቀለም ትምህርቲ ዚጸልእ እንተኾነውን ካልእ ሞያዊ ትምህርቲ ከምህሮ ከም ዚደሊ ድማ ሓበሮ።

በዚ ተሳመሚዑ ማሩ ቅብኣ ወይ ስእሊ ኪመሃር ጀመረ። ግን ከኣ ነዊሕ ከይከደ ነቲ ሕግታት ስነ-ቅብኣ ኪጸልኡ ጀመረሞ ናቱ ዓይነት ፋሉል ዝኾነ ኣሳኣእላ ኣማዕበለ። ነዚ ዝረኣዩ ሰባት ኪወቕሱዎ ፈተኑ። ንሱ ግን "እንታይ ገደሰኩም" ብማለት ንገሊኣቶም ብጉስጢ ንገሊኣቶም ድማ ብኣኹድር ኣባረሮም። በዚ እተናደደ ዘመዱ ምትሕብባሩ ኣቋረጸ። ማሩ ግን ንበይኑ ገዛ ተኻርዩ ኪቕብእ ጀመረ።

ሓደ እዋን ሓደ ብዛዕባ ስነ-ቅብኣ ዓቢ ፍልጠት ዝነበሮ ሰብ፡ ነቲ ናይ ማሩ ቅብኣ ምስ ረኣዮ ኣዝዩ ተመሰጠ። እቲ ዓይነት ኣቀባብኣ ሓድሽን ኣገራምን ኣገባብ ምኾኑ ድማ ገለጸሉ።

ገለ ፈረንጂ ነቲ ስእሊ ምስ ረኣዩዎ ኪገዝኡሉ ጀመሩ። በዚ ድማ ማሩ ዘይሓሰቦ ሃብቲ ዱብ ኢሉ ወረዶ። ነቲ ሕጊ ዘይናይ ምኽባር እኩይ ሓይሉ ጸቒጡዎ ኣብ ክንዲ ዚነብር ወይ'ውን ከም ዚግንፍል ገይሩ ዕንወት ካብ ዘምጽኣሉ፡ ናብ ኣድማሚ ሓይሊ ብምልዋጥ፡ ህይወቱ ብምሾትን ደስታን ኪመርሕ ከኣለ።



ሕልምን ጋህድን

ወድሰብ ካብቲ ለይቲ ኪሓልሞ ዚሓድር፡ ቀትሪ ኪሓልሞ ዚውዕል ይበዝሕ። ሎተሪያ እንተ ዝበጽሓኒ፣ ዲቪ እንተ ዝስዕር፣ ነዛ ጓል እዚኣ እንተ ዝምርዓዋ፡ ዕድለይ ኮይኑ ድማ ብዙሕ እንተ ተውርሰኒ፣ እቲ ሃብታም ኣኮይ ቪላ እንተ ዘውርሰኒ፣ ግብሪ መንግስቲ እንተ ዚድምሰሰለይ፣ ወዘተ። ገለ ናይ ህንዲ ፊልም ኪርእዩ ግዜኣም ዘሕልፉ መንእሰያት'ውን፡ ጓል ንጉስ እንተ ዝምርያ፣ መልኣኽ ካብ ሰማይ ወሪዱ ወርቂ እተሓብኣሉ ቦታ እንተ ዘርእየኒ፣ ደርሆይ ወርቂ እንቋቑሑ እንተ ትወልደልይ ወዘተ.....

ሓድሓደ መዓልታዊ ሕልሚ ግን ምስ ተስፋን ጽቡቕ ትምኒትን እተኣሳሰረ'ውን ኪኸውን ይኽእል። ንኣብነት፡ ማትሪክ እንተ ዝሓልፍ፣ ንግደይ እንተ ዝቕድወለይ፣ ደሞዘይ እንተ ዚውስኽለይ፣ ትምህርተይ ወዲአ ንተወሳኺ ፍልጠት ወጻኢ እንተ ዝኸይድ፣ ወዘተ..... ሰብ ብተስፋ እዩ ዚነብር። መዓልቲ ይኹን ለይቲ ኪሓልም ከኣ መሰሉ እዩ።

ይኹንምበር፡ ተስፋን ጽቡቕ ትምኒትን ኣብ ትልምን ውደባን ጻዕርን ኪምርኮስ ከሎ፡ መዓልታዊ ሕልሚ ግን መብዛሕትኡ እዋን ኣብ ተኣምርን ከንቱ ትምኒትን እተመርኮሰ እዩ።

ተኣምራት'ውን ብምኽንያት ደኣምበር ትም ኢሉ ኣይመጽእን። ሕብስቲ ካብ ሰማይ ክድርበየልካ ኢልካ ምሉእ መዓልቲ ክትምህለል እንተ ወዓልካ ወይ'ውን ዘይትቕብጽ ብምኻንካ እንተ ሓደርካ፡ እቲ ዕላማኻ ንወድሰብ ብሓፈሻ ዘርብሕ እንተ ዘይኮይኑ፡ ሓንቲ ቆሎ ስርናይ'ኳ ትኹን ካብ ሰማይ እትነጥበካ ኣይመስለንን። ምናልባት ሰሪሕካ ብላዕ ዚብል ዘይተጸበኻዮ ድምጺ ካብ ሰማይ ብነጐዳ መልክዕ ይመጸካ ይኸውን።

ኮፍ ኢልካ ኢድካ ኣጣሚርካ እናወዓልካ ማነጀር ናይ ሓደ ትካል ንምኻን ክትሕልን ከሎኻ ብቕትሩ ትሓልም ኢኻ ዘሎኻ። ናይ ስነጥበብ መጻሕፍቲ ኣንቢብካ ኣይትፈልጥ፡ ተዋስኦን ፊልምታትን ተኻታቲልካ ኣይትፈልጥ፡ ጥር ኢልካ ዳይረክተር ናይ ሓንቲ ዓባይ ፊልም ክኸውን እየ ኢልካ ምሕሳብ፡ ብቕትሪ ምሕላም ጥራይ ዘይኮነስ፡ ጽላለ'ውን ኢዩ።

ዘይኮንካዮ ምምሳል'ውን ጸኒሑ ጸኒሑስ ንዓኻ'ውን ናይ ሓቂ ኮይኑ

ኪስመዓካ ስለ ዚኽእል፡ ኣብ ናይ ሕልሚ ዓለም ከም ምንባር ኪቕጸር ይከኣል። ንኣብነት፡ ፍልጠት ዘይብልካ ክነስኻ፡ ኣሎኒ ኢልካ ምስ እትሓስብ፡ ቀስ እናበልካ ነብስኻ ከተእምናን ከተረጋግጸላን ስለ እትኽእል፡ ንነብስኻ ጐቲትካ ብሓይሊ ኣብቲ ናይ ሕልሚ ዓለም ተእትዋ ኣለኻ ማለት እዩ። ይኹንምበር፡ ቡቲ ጸኒሑ ዘይሓሰብካዮ ዚጓነፈካ ውርደትን ሕንከትን ብህጹጽ ናብ ናይ ጋህዲ ዓለም ክትሳገር ትግደድ። ትዕቢት ምስ ዚመልከካ ግን፡ ኣብቲ ግጉይ ሕልምኻ ክሳዕ ግዜ ሞትካ ክትነብር ትግደድ።

ዝኾነኾይኑ፡ ወላ እቲ ኣብ ተስፋን ጽቡቕ ትምኒትን ይመርኰስ እምበር፡ ብቕትሪ ዚካየድ ሕልሚ'ውን ኪበዝሕ ከሎስ ጽቡቕ ኣይኮነን። ኪበዝሕ ኪበዝሕ ኣብ መወዳእታ እታ ዓለም ንርእሳ ሕልሚ ኮይና ትረኣየካ ወይ ባዕላ ናብ ሕልሚ ትቕየር እሞ፡ ነቲ ግህዶን ሕልምን ትሓዋውሶ። በዚ ኩነት'ዚ እተጸልወ ሓንጎል፡ ውሂሉ ሓዲሩ ኣብ ጽላለ ከብጽሓካ ስለ ዚኽእል ብኣጋኡ ምጥንቃቕ የድሊ።

ወድሰብ ነታ ናይ ጋህድን ሓላፍነት እትሰክመካን ሓድሓድ ግዜ'ውን ከም ግብርኻ ዘይትፈድየካ ዓለም ኪፈትዋ ኣይክእልን። ስለዚ ኽኣ'ዩ ወድሰብ ኣብ ሕልሚ ዓለም ምንባር ዚመርጽ።

መብዛሕትኡ ሰብ ኣብቲ ናይ ሕልሚ ዓለም ምስ ኣተወ፡ ካብቲ ጥዑም ድቃሱ ኪበራበር ኣይደልን። ነቲ ከበራብሮ ወይ ከተንስኡ ዚፍትን ብጻዩ ድማ ይጸልኡ። ብሓድሓደ ምኽንያት እንተ ተበራቢሩ ድማ፡ መስተ ብምስታይ ይኹን፡ ኣደንዛዚ ዕጸ ብምትካኽ ይኹን፡ ወይ'ውን ኣብ ስምዒታዊ ሃይማኖት ብምስታፍ፡ ናብታ ናይ ሕልሚ ዓለሙ ይምለስ። ኣብኣ ድማ ሕልማዊ ምንባሩ ይቕጽል።

ቁልዓ ኣብ ማህጸን ኣዲኡ ከሎ ብሰራውር ደም ኣዲኡ ገይሩ ብኾፉ ኽሎ እዩ መግቢ ዚመጸ። ንሱ ኣይሓስብ፡ ኣይጽበ፡ ኣይጽዕር፡ ኣይጭነቕ፡ ኣይስከፍ። ኣብቲ ማያዊ ኣከባቢ ማህጸን ኣደኡ ኮይኑ እናተንሳፈፈ ብህድኣትን ደስታን ሰለማዊ ህይወቱ ይመርሕ። እታ ዓለሙ ግን መወዳእታ ኣለዋ።

ሓደ መዓልቲ ኣብቲ ማህጸን ምንቅጥቃጥ መሬት ብዝጥዕም ኣገባብ ኩሉ ኪናወጽ ይጅምር። ሓጐጽጐጽ ዚብል ድምጽታት ብኽሉ ወገናት ይቃላሕ። ናይ ቅልውላው ኣውያትን ጭደራን ድምጺ ብኽሉ ኩርናዓት የድሂ።

እቲ ዕሸል ዚዛረብ እንተ ዚኸውን ነይሩ፡ ምስ ኣደኡ ብኸምዚ መገዲ ምተዛተየ፥
ዕሸል፥ “ኣደ። እንታይ ኢዩ ዘንቀጥቅጥ ዘሎ? እንታይ ኢዩ'ኸ እዚ ጫውጫው? መወዳእታ ዓለም'ዶ ኸይኑ ኢዩ?”

ኣደ፥ “ኣይፋልን ዝወደይ፡ እዝስ መወዳእታ ዓለም ኣይኮነን... ኣይትሰንብድ። እዝስ መጀመርታ ናይታ ሓዳስ ክትኣትዋ ዘሎካ ዓለም እዩ።”

እቲ ዕሸል ግን ኣይሕጐሰን፣ ከመይሲ ካብታ ጥዕምቲ ማህጸናዊት ዓለሙ፡ ናብታ ጻዕርን ድኻምን ዝመልኣ መሬታዊት ዓለም ኢዩ ዚኣቱ ዘሎ። በዚ ምኽንያት'ዚ ዶኸን ይኸውን ህጻን ናብዛ ዓለም እዚኣ ኪኣቱ ኸሎ ዚበክይ? ግን ከኣ ፈትዩ ጸሊኡ ኪኣትዋ ኣለዎ። ንድሕሪት ምምላስ ዚብሃል ነገር የልቦን።

ገለ ሊቃውንቲ፡ ወድሰብ ብእተፈላለየ መገዲ ናብ ማህጸናዊ ናብራኡ ናይ ምምላስ ውሽጣዊ ባህጊ ኣሎዎ ኪብሉ ይስምዑ። ግን እታ እትጽበዮን ሓንትን ዘይተጋላብጥን ናይ መወዳእታ ማህጸን፡ እታ ክልተ ሜትሮ ብፍርቂ ሜትሮ እትዕቀን መቓብሩ ኢያ።

ኣብ ገለ ሃገራት፡ ነቲ ዝሞተ ሰብ ወይ ሬሳ፡ ኣብ መቓብር ከእትዉዎ ኸለዉ፡ ከምቲ ኣብ ማህጸን ኣደኡ ከሎ ዚሕዞ ቅርጺ ገይሮም ኢዮም ዘትሕዙዎ ይብሃል (ማለት ተጨቢጡ ብጎቦ ከም ዚኸውን ይገብርዎ)። ካብ ኣደኡ መሬት ተፈጢሩ፡ ናብ ኣደኡ መሬት ድማ ይምለስ ኣሎ ማለት እዩ።

ገለ ሰባት ድማ ኣለዉ መስተ ከይሰተዩ ኪነብሩ ዘይክእሉ። እቲ ወልፊ ኣብ ደሞም ኣትዩዎም ጥራይ ዘይኮነስ፡ ነቲ ኣብ ዓለም ዘለዎም ኣረኣእያ'ውን ብመስተ ናብ ማህጸናዊ ዓለም ኪቐይርዎ ስለ ዝደልዩ እዩ ይብሃል።

ንኣብነት ኣብ ቀዪሕ ዝሕብራ ዓለም ይነብሩ እንተ ኣለዉ፡ ነቲ ቀዪሕ ብምጽላእ፡ መስተ ሰትዮም ኣብ ቀጠልያ ዚሕብራ ዓለም ኪነብሩ ይፍትኑ። መስተ ኣብ ዝስትዩሉ እዋን እታ ቀያሕ ዓለም ናብ ቀጠልያ ትልወጥ። መስተ ኣብ ዘይሰትዩሉ እዋን ግን እታ ዓለም ናብ ቀዪሕነታ ትምለስ። ንሳቶም ግን ነታ ቀያሕ ዓለም ኣይፈትውዋን። ብእተፈላለየ ኣልኮላትን መደንዘዚታትን ገይሮም ድማ ነታ ዓለም ናብ ቀጠልያ ኪመልሱዋ

ይፍትኑ።

ገለ ሊቃውንትን ተፈላሰፍትን፡ እዚ እንርእዮ ዘሎና ዓለም ናይ ሓሳብና ነጸብራቕ ደኣምበር ግዙፋዊ ህላዌ ከም ዘይብሉ ኪገልጹ ፈቲኖም ነይሮም። ከምዚ ኪብሉ ከለዉ፡ ክልተ መረዳእታ ነይርዎም፥ ቀዳማይ፡ ኩሉ ነገር ብህዋሳትና ዚፍለጥ ስለ ዝኾነ፡ ህዋሳትና ምስ ዘይህሉ፡ እቲ ነገር'ውን የለን ማለቶም ኪኸውን ከሎ፣ ብኻልኣይ ደረጃ ድማ፡ ኩሉ ነገር ብኣቶምስ ስለ እተሰርሐ፡ ኣቶምስ ድማ ብመሰረቶም ሞገዳት (ወይቭስ) ስለ ዝኾኑ፡ ሞገዳት ድማ ግዙፋዊ ህልውና ስለ ዘይብሎም፡ ኩሉ ነገራት ግዙፋዊ ህልዉና የብሉን ይብሉ ነበሩ።

ብተመሳሳሊ መገዲ፡ ገለ ሰባት፡ እቲ ሓቅነት ኣብ ቅድመኡም ከሎ፡ ካብኡ ኪሃድሙ ይፍትኑ። ሓደ ካብቲ ዘዘውትሩዎ መገዲ ድማ ነብስኻ ብምጥባር እዩ። በዚ ኣገባብ'ዚ እቲ ሰብ ነቲ ዘጨንቕ ዘሎ ነገራት ከም ዘየሎ ኣምሲሉ ኪነብር ይፍትን። ግን ከኣ ኣይኮነሉን።

ኣብዚ ሓደ ከነስተውዕሎ ዘሎና ነገር ኣሎ። ሰብ፡ ንኹሉ ኣብ ከባቢኡ ዘሎ ፍጡር ኪጥብር ይኽእል፣ ማለት ንብጻዩ፡ ንወለዱ፡ ንሃገሩ፡ ንዓለም፡ ከታልል ይኽእል። ንነብሱ ግን ከታልል ኣይክእልን' ንጉስ ዘይኮንካ ክነስኻ፡ ኣነ ንጉስ እየ እናበልካ ብዙሓት ሰዓብቲ ከተጥሪ ትኽእል። ኩሉ ሰብ'ውን ኪኣምነካ ይኽእል። ግን፡ ንጉስ ከም ዘይኮንካ ዚፈልጥ ኣብዛ ዓለም ሓደ ሰብ ጥራይ እዩ ዘሎ። ንሱ ኸኣ ንስኻ ኢኻ።

ዝኾነኾይኑ፡ ሕልሚ ጥዑም እዩ፡ ጋህዲ ግን መሪር እዩ። ስለዚ ከኣዩ ወድሰብ ብብዙሕ መገዲ ነቲ ጋህዲ ገዲፉ ነቲ ሕልሚ ኪመርጽ ዚፍትን፡ ነዊሕ ከይጸንሐ ድማ ኣብ ጸገም ዚኣቱ። ምኽንያቱ እቲ ኪሓልም ዚነብር፡ ካብቲ ሕልሙ ኣብ ዚበራበረሉ እዋን፡ እቲ ጋህዲ ካብቲ ዝነበሮ ዝያዳ መሪሩን ዓርዒሩን ይጸንሖ'ሞ፡ ካብቲ ቀዳማዩስ እቲ ዳሕራዩ ገዲዱ ይረኽቦ።

ዘረባን ቁምነገሩን

ሰብ ኣብዚ ዓለም ምስ መጸ ይዛረብ ከም ዘይነበረ ምሁራን ይሕብሩ። ከም ናይ ኣህባይ ድምጽ'ስባ ነይሩዎ ይኸውን። ግን እዚ ብልሃት'ዚ ሓሳቡ ብምሉኡ ንምትሕልላፍ እኹል ኣይነበረን። ስለዚ ወድሰብ ንኹሉ'ቲ ዘድልዮ ነገራትን ዚሓስቦ ዝነበረ እማመታትን ብተግባር ጥራይ እዩ ዚፍጽሞ ወይ ዘርእዮ ዝነበረ። ድሕሪ ሚልዮናት ዓመታት ኪዛረብ ምስ ጀመረ ግን፣ ነቲ ተግባራቱ ብዘረባ ተከኣ። ግብሪ ወሓደ፣ ዘረባ በዝሐ፣ በዓል ጉዳይ ረብረበ።

ብፍላይ እቲ ኣብቲ ግዜ'ቲ ዓቕሚ ዘይነበሮ ሰብ (ብፍላይ ኣንስትን ቁልዑን) ዘረባ ከብዝሕ ግድን ነበረ። ተንኮል ኪፍሕሱ ዚሓድሩን ሕልና ዘይብሎምን ሰባት ግን ዘረባ ከውሕዱ ደኣ ጀመሩ (እንተ ተዛረቡ ድማ፣ ትልምታቶም ንምሽፋን ነበረ)። ልቦም ንኽይርከብ፣ መጢኖም ኪዛረቡ መረጹ።

ዘመናት እናሓለፉ ምስ ከደ፣ መብዛሕትኡ ወድሰብ ነቲ ውሽጣዊ ሓሳባቱን ተንኮላቱን ብዘረባ ገይሩ ሸፋፈኖን ኣጌጸን። በዚ መሰረት'ዚ ወድሰብ ንዘረባ ዚጥቀመሉ መልእኽቲ ንምትሕልላፍኳ እንተ ኾነ፣ መብዛሕትኡ ግዜ ግን ነቲ ድሌታቱ ኪትግብሮ ስለ ዘይክእልን ዘይደልን፣ ነቲ ውሽጣዊ ድራኽታቱ ንምሽፋን ዘረባ ኪጠዋዊ ጀመረ።

በዚ መሰረት'ዚ፣ እቲ ወድሰብ ኬውስኡ ዚውዕል ዘረባ፣ ዳርጋ 90% ስምዒታቱ ኣብ ምሽፋንን ኣብ ታህዲድን እተሰረተ እዩ እንተ በልና ጌጋ ኣይኮነን።

ነቲ ምሉእ መዓልቲ ክትዛረቦ እትውዕል ንኣኻ ድማ ውርዙይ ኮይኑ ዚረኣየካ ዘረባ ብቴፕ መሊእካ እንተ ትሰምዮ፣ ካብቲ ፍረኡ እቲ ሓሰሩ በዚሑ ምረኽብካዮ።
ካብቲ ክትዛረቦ እትውዕል፣ 25% ብዛዕባ ሕማቕ ናይ ሰብ። 5% ብዛዕባ ጽቡቕ ናይ ሰብ። 25% ብዛዕባ ጽቡቕ ናትካ። 5% ብዛዕባ ሕማቕ ናትካ። 29% ብዛዕባ እተበደልካዮ። 1% ብዛዕባ ዝበደልካዮ። 10% ሃጠውቀጠውን በለካ ለኽዓካን ምኻኑ ክትግንዘብ ይግበኣካ።

ሰለዚ፣ ሓድሓደ ግዜስ ትም ብምባልካ፣ ቁምነገር ትገብር ከም ዘለኻ

ክትዝክር ይግባእ። እንታይ ገደሰካ ሳንቡእካ ትቈስል፡ መልሓስካስ ንኽንቱ ትርብርብ? እንግሊዛውያን ኪምስሉ ኸለዉ፡ ትም ምባል ወርቂ እዩ ይብሉ። ትም ምባል'ውን ሓሓሊፉስ ለባም ከምስለካ'ውን ይኽእል ኢዩ።

እቲ ቐዱስ መጽሓፍ'ውን ብወገኑ ከምዚ ይብል፥ ሰብ ዚዛረቦ ዘበለ ዘይጠቅም ኩሉ ቓል ብመዓልቲ ፍርዲ ጸብጻብ ኪህበሉ እዩ። ንበለካ ለኽዓካስ እንታይ ጸብጻብ ኮን ክትህበሉ ትኽውን?

ኣብ ዓለም፡ ካብቲ ጽን ኢሉ ዚሰምዕ፡ እቲ ኪዛረብ ዚደሊ ይበዝሕ። ስምዑኒ፡ ኣነ እየ ኑቲ ኩነታት ዝፈልጦ፡ ንኣይ እዩ ተጋሂዱለይ፡ ኣነ እየ ፈላጥ፡ ካባይ ጥበብ ተመሃሩ ኪብሃል ስለ እተደልየ እዩ። ኩሉ እንተ ተዛሪቡ፡ ሰማዓይ ድማ ካብ ዘይህሉ፡ ከመይ ጌርካ ደኣዩ ኣብ ምርድዳእ ኪብጻሕ ዚከኣል?

ሓደ መዓልቲ ሓደ ለፍላፊ ምስ ሞተ፡ እቲ ቐንዲ ዓርኩ ተጸዊው ቀረበ። "እዚ ዓርከይሲ ብሓቂ ሞይቱ?" ሓተተ። እወ፡ ጸቕጢ ደሙ ተዓቂኑ ባዶ ኾይኑ ተረኺቡ፡ ትርግታ ልቡ ተዓቂኑ ምንም ምልክት ኣየርኣየን፡ በሉዎ፣ ሽዑ እቲ ብጻይ፥ "ትርግታ መልሓሱኽ ዓቂንኩምዎ'ዶ?" ብምባል ሓሳብ ኣቕረበ ይብሃል። ብዙሕ ይዛረብ ነይሩ ኢዩ'ሞ እታ እስትንፋሱ ኣብ መልሓሱ ከይትህሉ ብምስጋእ ደኾን ይኽውን?

ኣብ እንዳ ሜስ ወይ እንዳ ስዋ ኣቲኹም ትፈልጡዶ? ካብቲ ዚሰምዕ፡ እቲ ዚዛረብ ይበዝሕ። ኩሉ ኣፋ ከም ዝሃቦ እዩ ዚዛረብ። ኣርቢትሮ የልቦን። ንምኻኑ እቶም ተዛረብትስ ኣለዉ ኪብሃሉ ይኽእሉዶ? መዓስ ሰብ ኮይኑ ዚዛረብ ዘሎ። እቲ መስተ እኮ'ዩ። እቲ ዚዛረብ ዘሎ ጌሶ፡ እቲ ዚሰምዕ ዘሎ ድማ ጌሶ እዩ'ሞ፡ ትም ኢልካ ምዕዛብ ይሓይሽ።

ይኹንምበር፡ እቲ ብዙሕ ዚዛረብ ሰብ፡ ገለ ጸገምስ ኣለዎ። ኣረ ገለ ሓላፍነት እተዋህቦም ናይ መንግስቲ ሰራሕተኛታትስ ጣውላ እናወቕዑ እዮም ዚዛረቡ። መከረኛ ጣውላ!

ሓደ ተረካብ ዘረባ ዚፈቱ ሰብ ከምዚ ኪብል ሰሚዐዮ፥ ናይ ኣይተ እከለ ናይ ቤትጽሕፈት ጣውላስ ክንደይ ኮን ትተርር! እነሆ ንኣኣ እናዘበጡ ካብ ዚዛረቡ ካልኣይ ዓመቶም ሒዞም። ብኣውሊዕ ግዲ ተሰሪሓ ኾይናስ፡ ጸኒዓ ትነብር ኣላ።

ናይ ገሊኡ ኣብያተጽሕፈት ጣውላ ኪድንገጸሉ እዩ ዚግባእ። ብኣንጽሩ

ግን፡ በቶም ዘረባ ዘይክእሉን ጉድለት ስነ-መጎቶም ብዓውዓው ዚትክኡዎን ሰባት'ውን ከይተረፈ ኪድሰቕ ውዒሉ ገለ ስለ ዘይከውን፡ በቲ ምድልዳሉን ምጥንካሩን ኪምስገን ይግባኡ።

ነቲ ብልሳን ከተሓላልፉዎ ዘይክእሉ ኢድ ወሲኾምሉ ማለት እዩ። ቁምነገር ዘይብሉን ድኹምን ዘረባ ብልዕል ዝብለ ድምጺ ኪስነ ግድን እዩ። ሰብ ዘረባ ምስ ጠፍኡ ኢዩ ዓው ዓው ዘብዝሕ።

እንተ ኽኢልካ ግን ነቲ ዓውዓው ኢሉ ዚዛረብ ሰብ ጽን ኢልካሞ ስምዓዮ'ሞ ድሕሪ ቀሩብ ግዜ ይዓፍር ከም ዘሎ ኪፍለጥ እዩ። ሲጋእ'ውን ኪብል እዩ። ብሓጺሩ ከም መንደቕ ኩኖ። እቲ ዘረባኡ ድማ ኣባኻ በጺሑ፡ ተራጺሙ ናብኡ ኪምለስ እዩ።

እቲ ዘገርም ግን፡ እቲ ሃላው ሰብ ክትኰልፎ ምስ እትፍትን እዩ ዘረባኡ ኪቕጽል ዝደሊ። "ቁምነገር እየ ዝዛረብ ዘለኹ መስለኒ፡ በዚ ምኽንያትዚ ኽኣዩ ኪኽሎልፈኒ ዚደሊ ዘሎ" ዚብል ግቡይ ርድኢት ስለ ዚሰርጾ፡ ዘረባኡ ብቕጻሊ የንጐድጕዶ። ብኻልእ መገዲ ድማ፡ ምናልባት ዘይትሰምየ ዘለኻ መሲሉዎ ስለ ዘህተፍትፍ፡ ጽን ኢልካ ምስ እትሰምየ፡ ወይለይ ይሰምዓኒ እባዩ ዘሎ ብምባል በቲ ከንቱ ዘረባኡ ከይትመዝኖ ፈሪሁ ግዲ ኾይኑ መብዛሕትኡ ግዜ ነቲ ዘረባኡ ባዕሉ የቋርጾ እዩ።

ዘረባ ግን ብልሳን ጥራይ ኣይኮነን ዚመሓላለፍ። ኣካላትና'ውን ብወገኖም ይዛረቡ እዮም። ኣፍና፡ ኣዒንትና፡ ኣእዳውና፡ ርእስና፡ ናይ ገጽና ጭዋዳታት፡ ሕብሪ ገጽና... ኩሉ ብናቱ መገዲ ይዛረብ እዩ።

ንሓደ ቅንዕና ዘይብሉ ሰብ ኪዛረብ ከሎ ቀው ኢልካ ጠምዶ'ሞ ነቲ ኣካላዊ ምልክታት እናተኸታተልካ ነቲ ናይ ውሽጡ ትምርምሮ ዘለኻ ግዲ ዚመስሎ ኾይኑ ሰጋእጋእ እዩ ዚብል።

ኣካላዊ ቋንቋ ግን መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ መንጎ ፍቑራት እዩ ዚረአ። ፍቑራት ካብ ብልሳኖም ንላዕሊ ብኣዒንቶምን ብገጾምን መልእኽቲ የመሓላልፉ።

ግንከ፡ እቲ ኣዝዩ ቁምነገር ዘይብሉ ዘረባ ኣብ መንጎ ፍቑራት ዝካየድ ዘረባ እዩ ይብሃል። እቲ መልእኽቲ ካብ ብዘረባ ብዝያዳ ብልቢ ስለ ዚተሓላለፍ፡ እቲ ብኣፍ ዚወጽእ ቃላት መብዛሕትኡ ግዜ ቁምነገር ዘለዎ ኣይመስልን።

ዝኾነ ሰብ ኪዛረብ ከሎ ወይ ትም ኪብል ከሎ መልእኽቲ እዩ ዘተሓላልፍ ዘሎ። ትም ምባል ንርእሱ ዓቢ መልእኽቲ እዩ። ንሓደ ዓውዓው እናበለ ሞኽ ዘብለካ ሰብ፡ ኣብ ክንዲ ብዱላ፡ ብ'ስቕታ' ክትሃርሞ ትኽእል ኢኻ። ኣይመዘናይን ወይ ኣይመዛርብተይን ኢኻ ኢኻ እትብሎ ዘለኻ። ናይ ዱላ ስምብራት ንሳልስቲ ጥራይ ኪጸንሕ ከሎ፡ ናይ 'ስቕታ ዱላ' ግን ንኣዋርሕ እዩ ዚጸንሕ።

ሓደ ካብቲ ናይ ጽን ኢልካ ምስማዕ ኣገዳስነት፡ ሓሳባት ንምውህላልን ኣብቲ ዘድሊ እዋን ድማ 'ከቢድ መሳርያ' ንምትኳስን ስለ ዚሕግዘካ እዩ። ንሓደ ዓውዓው ዚብል ሰብ፡ ትም ኢልካ ስምዓዮ፡ ኣዋህልል፡ ነቲ ድኽመታቱን ዝንቡዕ ስነ-መትቱን ኣብ ኣእምሮኻ መዝግቦ። ንሱ ግን ጽቡቕ ዘሎ መሲሉዎ ብቑጻሊ ኪልፍልፍ እዩ። ሃለውለው ከብዝሕ እዩ። ጠያይቱ ተኩሱ ምስ ወድኡ፡ ሽዑ፡ ኣብ ሓደ ህሞት፡ ዘረባኻ ኣዝንበሉ፡ ተዓኒዱ ድማ ኪተርፍ ኢዩ።

ገለ ሰብ ከኣ ኣሎ ኣምላኽ ዘይዓደሎ ግዲ ኾይኑ፡ ዘረባኡ ከም ሕንዚ ዚነድፍ። ክልተ ዘረባ እንተ ተዛረበ፡ እታ ሓንቲ ዕረ እታ ሓንቲ ኽኣ ጥረ እየን። ኣብ ዘይሕማምካ ከየብጸሓካ ኽሎ" ነዚ ሰብ'ዚ ረሓቆ።

ሓደ ብጻየይን ከምዚ ኪብል ጽቡቕ ትምህርቲ ምሂሩኒ፣ "ካብቲ ጣውላ እናሃረመ ዓው ኢሉ ዚዛረብ ዘይኮነስ ካብቲ ጽን ኢሉ ዚሰምዕሞ ግን ደሓር ቀስ ኢሉ ዘረባ ዚድርቢ ሰብ ደኣ ተጠንቀቕ"።

ነቲ ዓውዓው ኢሉ ዚዛረብ ሰብ ቁምነገር ስለ ዘይብሉ ግዲ ኣይትግበረሉ፣ ነቲ ጽን ኢሉ ዚሰምዕን ብዙሕ ዘይዛረብን ሰብ ግን ቡቲ ዘረባኻ ሒዙ ከየሰራጥየካ ብማለት ተጠንቀቕሉ ደኣ።

ኩሉ ሓላፊ ኢዩ!

ኣብ ዘይርገጽ ዝኾነ ዓለም ዲና እንነብር ዘሎና? ከመይ ጌርና ደኣ መዓልታዊ ንጥፈታትና ነካይድ ኣሎና? መልሱ ቀሊል እዩ፣ ንሱ ኸኣ እምነት ኢዩ። ኣብ ተመክሮናን ኣብ መንፈስናን እተሰረተ እምነት።

ናይ ነገራት ምድግጋም ኣብቲ እምነትና ዓቢ ግደ ኣሎዎ። ጸሓይ ደጋጊማ ስለ እትበርቕን እትዓርብን ንጽባሒቱ ድማ ስለ እትበርቕ፡ ብዛዕባ ምብራቓን ምዕራባን ኣይንሓስብን ኣይንሰግእንውን። ትም ኢልና ድማ መዓልታዊ ስራሕና ነካይድ እምበር፡ “ጽባሕ ደኣ ከይበረቕት ከይትተርፍ” ብምባል ኣይንጭነቕን።

እቲ እንጐዓዘሉ መሬት ንታሕቲ ሒዙና ሃተፍ ከይብል ኣይንሰግእን። ከመይሲ ንመዋእል ተሰኪሙና ከይዱ እዩ። ማኪና ነፊራ መጺኣ ከይትሃርመና ኣይንጭነቕን። ከመይሲ መኻይን ኪነፍራ ኣንኒፈናና ስለ ዘይፈልጣ። ባኒ ክንበልዕ ከሎና ሓይልን ጥዕናን ከም ዚህበና ኣይንጠራጠርን። ከመይሲ ደጋጊምና በሊዕናዮስ ጽቡቕ ውጽኢት ሂቡና እዩ። ኣብ ክንዳኡ ሓመድ ወይ ሳዕሪ ምስ እንበልዕ ግን ከብድና ከም ዚቕርጸና ንፈልጥ። እዚ ኹሉ ኣብቲ ምድግጋም ዝፈጥሮ ተመክሮ እተሰረተ እዩ።

ግንከ እዚ ኣብ ተመክሮ እተሰረተ እምነት ብሓቂ ርጉጽነት ኣሎዎ ድዩ? ሓደ መዓልቲ ጸሓይ ከይመጸት ትተርፍዶ ትኸውን? ወይ እቲ እንጌራ ኢልና እንበልያ ቅጫ ወይ ሕምባሻ ኣብ ከብድና ኣትዩ ይቐትለናዶ ይኸውን?

ኣብ ፍጥረት ስለስተ ዓይነት ዩኒቨርስ ክንርኢ ንኽእል፤
ሀ. ኣስትሮፊዚካዊ (ንከዋኽብትን ጸሓያትን ሊሕታትን ዘጠቓለለ)
ለ. ዓለማዊ ወይ ምድራዊ (ሰብ ዚነብረሎም ዓለማት)
ሐ. ትሕተ-ኣቶማዊ (ኮንትማዊ ወይ ምስጢራዊ ዓለም)

ሊቃውንቲ፡ ብዘይካ ኣብቲ ሰብ ዚነብረሉ ዓለማት፡ ኣብ ካልእ ዓለማት ማለት ኣብ ኣስትሮፊዚካዊን ኣብ ኮንትም ዓለምን እቲ ዘይርግጹነት ኣዝዩ እተጋህደን እተጋነነን ኢዩ ይብሉ።

ኣብ ዓለምናውን እምነት ደኣ እናሓወስናሉ እምበር፡ እቲ ዘይርግጹነትስ ኣብ ቦታኡ እዩ ዘሎ፡ ዚብሉ ድማ ኣለዉ።

ዘይርግጹነት ክንብል ከሎና ግን ብኽልተ መገዲ ክንርእዮ ይግባእ፤
ሀ. ኣብ ምዕቃን ዝዓለመን (ሳየንሳዊ)
ለ. ኣብ ፍጻመታት ዝዓለመን (ተመክሮኣዊ)

ሳየንስ ከም ዚሕብሮ፡ ብምዕቃን ዚኽሰት ፍልጠት ፍጹም ርጉጽ ኪኸውን ኣይክእልን። ኩሉ ነገር ዚንቀሳቐስን ገሊኡ ድማ ናብ ሞገድ ዚልወጥ ብምኻኑ፡ ኩሉ እንገብሮ ሳየንሳዊ ምዕቃን ፍጹም ርጉጽ እዩ ክንብል ኣይንኽእልን።

ብኣንጻሩ ድማ፡ ንፍጻመታት እንተ ደኣ ርኢና፡ ከምዚ እንተ ጌርና ከምዚ ኪስዕብ እዩ፡ ከምዚ ምስ እንፍጽም ሳዕቤኑ ከምዚ ኪኸውን እዩ ኢልና ኣፍና መሊእና ክንዛረብ ኣይንኽእልን። ኩሉ ነገር ናይ ምድግጋም ባህሪ እንተ ኣሎዋኳ ብሓደ ዓይነት መገዲ ወይ ኣገባብ ኪደጋገም ኣይክእልን። ኣብ ፍጥረት ወይ ዩኒቨርስ ናይ ነገራት ፍጹም ምምስሳል ስለ ዘየልቡ፡ ከምኡውን ንነገራት ዚልውጡ ረቓሒታት ቀጻሊ ስለ ዚኽሰቱ ወይ ዚቐልቀሉ፡ ኩሉ ነገርውን ኣብ ቀጻሊ ምንቅስቓስ ስለ ዚርከብ፡ እቲ ናይ ሎሚ ምውጻእ ጸሓይ ምስቲ ናይ ጽባሕ ኪህሉ ዘለዎ ምውጻእ ጸሓይ፡ ብኹሉ መገዱ ይመሳሰል እዩ ክንብል ኣይንኽእልን። ኣብ ዩኒቨርስ ፍጹም ምድግጋም ወይ ምምስሳል ዚብሃል ነገር የልቦን።

ኣብቲ ኣስትሮፊዚካዊ ወይ ድማ ኣብቲ ኮንትማዊ ዓለም ምስ እንኣቱሞ፡ ርጉጽነት ዚብሃል ነገር ቦታ የብሉን። ኣብኡ ኽኣዩ ሓንቲ ማንቲለ ንሓደ ጎብየ ኣብ ናይ ጉያ ውድድር ኣትያ ክትቅድሞ ዘይከኣላ።

ኣብቲ ቅድድም፡ ጎብየ ሓደ ሚእቲ ሜትሮ ካብ ማንቲለ ርሒቐ ደው ኢሉ ኣሎ። ንሳ ድማ ፍጥነታ ስለ እተመስከረላ ብድሕሪኡ ኩድም ኢላ ትጽበ ኣላ። ሽጉጥ ይትኰስ ጉያ ድማ ይጅምር። ማንቲለ ዘሊላ ዘሊላ ንጎብየ ኣልሒጋቶ ትዕዘር። ኣብ ትራጓርዳ ኣትያ ድማ ብሓጎስ ተሰራሰር። ዕንባባ ዝሓኞፉ ብጸታ መጺኡም ድማ ዮሃና ይብሉዋ። እዚ ኣብዚ ዓለምና ዚኽሰት ፍጻመ እዩ።

ናብቲ ኮንትማዊ ዓለም ምስ እንኣቱ ግን፡ ኣብኡ እታ ሓንቲ ሜትሮ እንብላ መዐቀኒ፡ ኣብ መወዳእታ ዘይብሉ (ኢንፊኒት) ናይ ዓቕን ኣሃዱታት (ዩኒትስ) ክትመቓቐል ትኽእል እያ። ብሓጺሩ፡ ሓንቲ ሜትሮ፡ ናብቲ ኣዝዩ

ዝደቐቐ ነገራት ተመቓቒላ ክትቀርብ ትኽእል እያ።

ኣብዚ ኩነታትዚ፡ ጎብየን ማንቲለን'ውን ናብቲ ናይ ኣቶማት ዓቕን ኪንእሱ ማለት እዩ። ብሓጺሩ ኩሉ ናብቲ ናይ ትሕተ-ኣቶም ዓቕን ኪደቐቕ ኣለዎ ማለት እዩ።

ሽዑ እቲ ቅድድም ይጅምር፡ ማንቲለ ድማ ክትዘልል ትጅምር። ግን እቲ ንጎብየን ንማንቲለን ዝፈላልዮም ሚእቲ ሜትሮ፡ ኣብቲ ኮንትማዊ ዓለም ምሉእ ዘመንካ ተጓዒዝካ ኣይትውድኦን ኢኻ። ከመይሲ ኣብ ነኣሽቱ "ትሪልዮናዊ ሰንቲ ሜትር" እዩ ተመቓቒሉ ዘሎ፣

ማንቲለ ንጎብየ ከተርክብን ከተልሕጎን ትሕምበብ፡ ግን ንሳ ምንኣሳ ትሪልዮናዊ ሰንቲ ሜትር፡ እቲ ርሕቀት ድማ ትሪልዮናት ሰንቲ ሜትር ብምኻኑ፡ ከመይ ጌራ እያሞ ከተርክቦ። ትገዪ፡ ትነጥር፡ ትልህልህ፡ ግን ምሉእ ህይወታ ጎያ ከተርክቦ ኣይትኽእልን። እቶም ጉያ ኪርእዩ ዝኣተዉ ፍጥረታት ድማ ሰልችዩዎም ነንቤቶም ይኸዱ። ጉራ ማንቲለ ድማ ባኺኑ ይተርፍ።

ኣብቲ ኣስትሮፊዚካዊ ዓለም ምስ እንኣቱ ግን ግዜን ቦታን ስለ ዚምጠጥ፡ ቅድድም ዚብሃል ነገር ቦታ የብሉን፡ ምኾዳም ዚብሃል ኣምር ድማ ትርጉም የብሉን።
ንነገራት ዘይርጉጽ ዚገብሮም ግን እንታይ እዩ?

ሀ. ቀጻሊ ምንቅስቓስ
ለ. ኩሉ ነገር ተዛማዲ ብምኻኑ
ሐ. ኣብ ናይ ምዕቃን መስርሕ፡ ኣእምሮና ነቲ ኣቶማዊ ውጽኢት ዓቕን ስለ ዚጸልዎ

ቀጻሊ ምንቅስቓስ ኣብ ምዕቃን ኣሉታዊ ጽልዋ ኣለዎ። ከምቲ ሃይዘንበርግ እተባህለ ሊቅ ዝበሎ፡ ናይ ሓደ ነገር ክብደተ-ፍጥነትን (ሞመንትም) ቦታን ብሓደ ግዜ ክንዕቅኖ ኣይንኽእልን። ነቲ ነገር ቦታኡ ብርጉጽ መገዲ እናፈለጥናዮ ክንከይድ ከሎና፡ ኣብ ፍጥነተ-ክብደቱ ዘሎና ዓቕን ወይ ርጉጽነት ድማ ናብ ጌጋ እናዘንበለ ኢዩ ዚኸይድ።

ኩሉ ነገር ተዛማዲ ብምኻኑ፡ ብተዛማድነት ዚፍለጥ ነገር ንምልካዕ ኣሸጋሪ እዩ። ኣነ ኪሎ ሽኮር ክመዝን ከለኹ፡ ነታ ኪሎ ሽኮር ዘይኮነስ፡ እቲ ምድራዊ ስሕበት ኣብታ ከረጺት ሽኮረይ ዚፍጽሞ ዘሎ ናይ ምስሓብ

ሓይሊ እየ ዝዕቅን ዘለኹ። እዚ ድማ ምስ ክቢ መሬትን ምስ ምዛር መሬትን ምስ ኩነታት ስሕበት ጸሓይን እተዛመደ ብምኻኑ፡ እቲ ዘካይዶ ዘለኹ ናይ ምዕቃን መስርሕ፡ ፍጹም ዘይኮነስ ተዛማዲ እዩ።

ኣብቲ ኮንትማዊ ዓለም ኣቲና ነቶም ሞገዳዊ ህላዌ ዘለዎም ንጥረ-ነገራት ምስ እንዕዘቦም፡ እቲ ካብ ኣእምሮና ዚወጽእ ሞገዳዊ ሓይሊ (ወይቭ) ኪጸልዎም ኣይክእልንዶ?

ነዞም ሞገዳዊ ህላዌ ዘለዎም ንጥረ-ነገራት፡ ብርጉጽ መገዲ ክትዕቅኖም ወይ ክትፈልጦም ወይ ክትድህስሶም ካብ ዘይክኣል፡ ነቶም ብኣታቶም እተደኩኑ ነገራትከ ብልክዕ ክትፈልጦም ይክኣልዶ?

ማለት፡ ኩሉ ኣብ ዙርያና ዘሎ ነገራት በቶም ኣብቲ ኮንትማዊ ዓለም ዚገሃዱ ሞገዳት እተደኩነ ካብ ኮነ፡ እቲ ኣብ ቅድመና ዘሎ ጣውላ ወይ መንደቕ ብሓቂ ኣብቲ ደው ኢሉዎ ዘሎ ቦታ ድዩ ዘሎ ወይስ ኣእምሮና'ዩ ኣብኡ ከም ዘሎ ገይሩ ዘርእየና ዘሎ?

ንሕና ባዕልና በቶም ናይ መጎድ ባህርይ ዘለዎም ኣቶምስ እተደኩንና ካብ ኮንና፡ ብዛዕባ ምንባርና ወይ ምህላውና ከመይ ጌርና ከነረጋግጽ ንኽእል?

ብዙሓት ፈላስፋታት ኤውሮጳ ብዛዕባዚ ጉዳይ ብዙሕ ተዛሪቦም እዮም። ገሊኦም እዚ ዓለምዚ ናይ ሕልሚ ዓለም ደኣምበር ርጉጽነት የብሉን ይብሉ ነበሩ። ገሊኦም ድማ ንሕና ስለ ዝደለናዮ ወይ ዝሓለንናዮ ኢዩ እቲ ኣብ ቅድሜና ዘሎ ነገር ግዙፋውነት ኪለብስ ዝኽኣለ እምበር፡ ኩሉ ሞገድ እዩ ይብሉ ነበሩ።

ርጉጽነት ደኣ ኣበይ ኢና እንረኽቦ። ዘይርጉጽነት ካብ ሀለው፡ ብኣንጻሩ ድማ ርጉጽነት ኣሎ። እዚ ድማ ኣብሶሉት ይብሃል። ኣብ ዩኒቨርስ ኣብሶሉት ወይ ፍጹም ዚብሃል ነገር ወይ ኣምር እንተ ሃለው፡ ንሱ ኣምላኽ ጥራይ ኢዩ። ኩሉ ካልእ ሓሳፍን ጽላሎትን ኢዩ። እቲ ኣምላኽ ኢልና እንጽውዖ ኣብሶሉት ግን ርጉጽን ነባርን ኢዩ።

ስለዚ፡ ንኣእምሮናን ንልብናን ንህይወትናን ርግጽነት ኪህቦ ዚኽእል ሓደ ነገር እንተሎ፡ ንሱ ኣምላኽ ጥራይ ኢዩ።

ብዘይካ እቲ ኣምላኽ ኢልና እንጽውዖ ፈጣሪ፡ ካልእ ኩሉ ርግጽነት የብሉን!

መሰዋእትን ምሳሌታቱን

ብዘይ መስዋእቲ ዝኾነ ዓይነት ምዕባለ የልቦን። ብዙሕ ዓይነት መስዋእትነት ኪህሉ ይኽእል ይኸውን፥ ናይ ግዜ፡ ናይ ምሾት ወይ ጣዕሚ፡ ናይ ገንዘብ፡ ናይ ዝና፡ ወዘተ። ድኻ ሓውኻ መታን ኪርህዎ ግዜኻ ሰዊእካ ላዕልን ታሕትን ትብለሉ። ደቅኻ ተማሂሮም ኣብ ዝብጻሕ ኪበጽሑልካ ነቲ ምስ ኣረግካ ኪኾነካ ከተቐምጦ ዝሓሰብካ ገንዘብ ንመምህሪኦም ትኽፍለሎም። ሓቂ መታን ኪስዕርን ፍትሒ ድማ መታን ኪነግስ ንዝናኻ ስምካን ሰዊእካ ትቃልስ ወዘተ። እቲ ካብ ኩሉ ዝዓበየን መወዳድርቲ ዘይብሉ መስዋእቲ ግን፡ ነታ እንኮን መተካእታን ዘይብላ ህይወትካ እትኽፍለሉ መስዋእትነት እዩ።

ካብ ህይወትካ ዚዓብየካ ነገር የልቦን። ሃብቲ ይመጽእ ይኽይድ ተመሊሱ'ውን ይመጽእ። ምሾት ወይ ጣዕሚ ሎሚ ኣሎ ጽባሕ የሎን። ዘይሩ ዘይሩ'ውን ኪመጽእ ትጽበዮ። ወድሰብ ክሳዕ ዘሎ ካልእ ይትረፍ ብተስፋ'ውን ኪነብር ይኽእል እዩ። ብህይወት ጥራይ ደኣ ንበር እምበር፡ ኣምላኽ ብገለ መገዲ ሃብቲ ወይ ራህዋ ጥብ ከብለልካ ይኽእል እዩሞ፡ ክትሓልም እንተ ነበርካስ እንታይ ግድኻ።

ሞት ግን መላሲ የብላን። ከምቲ እንቀ'ላሊሕ ምስ ተሰብረት ከተዐርያ ዘይትኽእል፡ ሞት ድማ ከምኡ እያ። ሞት መወዳእታ ኩሉ ሕልምን ትምኒትን እያ። ስለዚ ንሞት መን ይደልያ? ግን ከኣ ነቶም ብመንፈስ ንጹሃትሲ ማዕጸ ናይቲ ዘይሓልፍ ህይወት ኣያ።

ይኹንምበር፡ ባርያ ኼንካ ምንባርዶ ይሓይሽ ወይስ ናጻ ኼንካ ምምዋት? ገለ ሰባት ባርያ ኼንካ ምንባርባ ይሓይሽ ዚብሉ ኣይሰኣኑን። ካልእ ይትረፍስ ይሓልፈለይ ግዲ ይኸውን እናበልካ እናሓለምካ እኳ ትነብር። ወድሰብ ግን ኪሓልም ጥራይ ዲዩ ተፈጢሩ? ኩሉ እንተ ሓሊሙ ደኣ'ሞ መን ደኣዩ ነቲ ሕልሚ ግሁድ ኪገብሮ ዚለዓል? እቲ ንባርነቱ ንምጥፋእ ህይወቱ ኪስውእ እተዳለወ ሰብ ጥራይ እዩ ንሕልሚ ናብ ጋህዲ ዚልውጥ። ብዘይ ብኣኡ እቲ ፈራህ ዚሓልሞን ተበላጺ ዚትምነዮን ግሁድ ኪኸውን ኣይክእልን። ሕልምኻ ንኺገሃድ ግን ዋጋ ምኽፋል ግድን ኢዩ።

ወድሰብ ካብ ጥንቲ ኣብ መስዋእትነት ረቂቕ ርድኢት ነይሩዎ። ኢንካስ እተባህሉ ጥንታውያን ተቐማጦ ደቡብ ኣመሪካ፡ ጸሓይ (ብወርሒ) ምስ እትጋረድ'ሞ ሃገሮም ኣብ ናይ ደልሃመት ኩነታት ምስ እትጠልቕ

ዝገብሩዎ ይጠፍኦም እሞ "እዛ ጸሓይ ኰርያ ንኹላትና ካብ እተጥፍኣና ሓደሓደ ካብቶም ደቅና ዘይንስውኣላ ብማለት ደቆም ይስውኡላ ነይሮም ይብሃል። ሽዑ እታ ጸሓይ (ንኣታቶም ከም ዚመስሎም) ተሓጉሳ ገጻ ትመልሰሎም። ንሳቶም ድማ ደስ ኢሉዎም ንቡር ህይወቶም ይጅምሩ። ሳላ ደቅና ጸሓይ በሪቓትልና ይብሉ ድማ ነበሩ።

ካብ ኩሉ ዘገርም ግን። እዚ ናይ መስዋእትነት ተግባራት ኣብ እንስሳታትን ተኽልታትን ነገራትን ይገሃድ ብምኻኑ ኢዩ።
እምበኣር፡ ነዚ ተግባራትዚ በብሓደ ንርኣዮ።

<u>ፒራንሃ</u>
ኣብቶም ነኣሽቱ ፈለጋት ኣማዞን ፒራንሃ ዚብሃሉ ሰብን እንስሳን ጨራሪሞም ዚበልዑ ኣዚዮም ነኣሽቱ ዓሳታት ኣለዉ። እቲ መጋዝ ዚመስል ኣስናኖም ስሑል፡ ህርፋኖም ደማ መወዳእታ ዘይብሉ ኢዩ። ኣብቲ ዚነብሩሉ ማያት እግርኻ ኣጥልቕ ኣቢልካ ምስ እተውጽኣ፡ ጻዕዳ ዓጽሚ እግሪ ኢኻ እትርኢ። ነቲ ስጋ ከመቅጽበት ኢዮም ህልም ዘብሉዎ።

ንሶት ኣብቲ ልሙዕ ሸኻ ጸኒሑም ንዓዶም ኪምለሱ ከለዉ ነቲ ደማዊ ፈለግ ኪሰግሩዎ ግድን እዩ። ከመይ እሞ ይግበሩ? መስዋእትነትስ ኪኽፈልስ ወዓል ሕደር ዘየድልዮ ጉዳይ እዩ። መን'ሞ ይኽፈሎ?

እቶም ሰብ-ከብቲ ንሓንቲ መከረኛ ላሕሚ በይና ከም እትሳገር ይገብሩዋ። ንሳ ኣብቲ መንጽር ገምገም ከይበጽሐት ናብ ጻዕዳ ዓጽሚ ትልወጥ። ግንከ ንሳ እናተበልዐት ከላ፡ እተን ካልኦት ከብቲ በቶም ንሶተን እናተኸፋኸባ ብህድኣት ናብቲ ገምገም ብጥዕናአን ይበጽሓ።

ብዘይ መስዋእቲ፡ ናብቲ መንጽር ገማግም ዓወት ኪብጻሕ ኣይከኣልን። ነዚ ንምግባር ድማ እቶም ንሶት ኣብቲ ዚሳገሩሉ እዋን ሓንቲ ላሕሚ ንመስዋእቲ ከቕርቡ ግዱዳት እዮም።

<u>ጸጸ</u>
ጸጸ ከም ወትሃደራት እናመረሹ ኪጐዓዙ ኸለዉ፡ ኣብ ጥቓ ገምገም ርባ ይበጽሑ። ደጊም ንድሕሪት ምምላስ የለን። እቶም ኣብ ቅድሚት ዘለዉ ጸጸ ዘዘሊሎም ኣብቲ ማይ ይጠልቁ። እቶም ዚስዕቡዎም ድማ ንኣታቶም ከም ቢንቶ ብምግባር ናብቲ መንጽር ገምገም ይሳገሩ። ዕላማኦም ንኺወቕዑ ግድን መስዋእቲ ኪኸፍሉ ይግደዱ። ብዘይ መስዋእቲ ብጸት፡ ድሕሪ'ቲ ርባ ተሪፎም ድራር ጸላኢ ኪኾኑ ስለ ዚኽእሉ፡ ገለ ዋጋ ከፊሎም፡

ዝበዝሑ ድሒኖም፡ ናብቲ ገማግም ዓወት ብሰላም ይበጽሑ።

<u>ቁጽሊ ኦም</u>

ሓንቲ ተኽሊ ለሚን ከም ኣብነት ንውሰድ። ንሳ ካብቲ መሬት ማይን ሚነራልን ትወስድ። ካብ ጸሓይ ድማ ብርሃን ወሲዳ ምግባ ትሰርሕ። ይኹን'ምበር፡ እቲ መኣዛ ናይቲ መሬት ኪውዳእ ስለ ዚኽእል፡ ንሳ ድማ ብስእነት ሚነራል ክትመውት ወይ ክትሓምም ስለ እትኽእል፡ ገለ ካብተን ኣቕጽልታ፡ ነፍሰ-ቅትለት ብምፍጻም ይቕምስላ'ሞ ናብቲ መሬት ይወድቃ። ኣብኡ ኮይነን ድማ ናብ ድኹዓ ይልወጣ። ነቲ መሬት ብመኣዛ የሀብትማኣ። እታ ተኽሊ ድማ ነቲ መኣዛ ኣናተመገበት ፍረታታ ትሰርሕ። ብመስዋእቲ ገለ ኣቕጽልቲ፡ እታ ተኽሊ ህይወታ ትቕጽል። ትዓቢ። ኣዕዋፍ ሰማይ ድማ ኣብቲ ጨናፍራ ዓሊበን ይዝምራ።

<u>ፍረ ባልደንን</u>

ፍረ ባልደንን ኣብ ባይታ ምስ ወደቐት፡ ማይ ከኣ ምስ ረኸበት፡ ትመውት እሞ ትምሽምሽ። ካብቲ 'ሬሳኣ' ድማ ንእሽቶ ጉንዲ ይበቀ'ል። እቲ ንእሽቶ ተኽሊ፡ ነቲ ኣብታ ፍረ ባልደንን ተኣኪቡ ዝነበረ ሚነራልን ሽኮርን ካልእ መኣዛታትን እናተመገበ ድማ ይዓቢ።

ፍረ ባልደንን ህይወታ ብምስዋእ፡ ሓድሽ ህይወት ከም ዚጅመር ገይራ። ንሳ ከይሞተት ሓድሽ ተኽሊ ባልደንን ኣይመጽእን። ብዘይ መስዋእቲ ሓድሽ ህይወት የልቦን።

<u>ሽምዓ</u>

ሽምዓ ክትነድድ ከላ ብርሃን ትህበና። ይኹን'ምበር፡ ንሕና ነቲ ብርሃና እናተጠቐምና ብህይወት ክንመላለስ ከሎና፡ ንሳ ኣብ ሓደ ምዱብ እዋን ተወዲኣ ከም እትጠፍእ ክንፈልጥ ይግባእ። ብሓጺሩ፡ እታ ሽምዓ ህይወታ ብምስዋእ እያ ብርሃን እትህበና ዘላ። ምናልባት ከይበርህት ትም ኢላ ንዘልኣለም ክትነብር ትኽእል ትኸውን። ግን ነቲ ከባቢኣ ከየብረሃቶ እያ እትነብር። ነቲ ኣብ ከባቢኣ ዘሎ ናይ ጸልማት ደልሃመት በቲ ብርሃና ገይራ ክትቅንጥጠ እንተ ደኣ ኾይና ግን፡ ግድን ክትነድድን ኣብ መወዳእታ ድማ ክትውዳእን ኣለዋ።

ብዘይ ናይታ ሽምዓ 'መስዋእትነት'፡ ብርሃን የልቦን። ኣብቲ ብርሃን ዘይብሉ ድማ፡ ድንቑርናን ባርነትን ጥራይ ዘይኮነስ፡ ኣብ ገደል ምጽዳፍ ከኣ ኣሎ።

ተመራማርን ተባዕን ኣእምሮ

ከምቲ ዝቓደረ ግራት ገለ ዘየፍሪ፡ ዝቓደረ ሓንጎል ድማ ገለ ኣየፍርን። ዝቓደረ ግራት ነዊሕ ምስ ዚጸንሕ ጻህያይን ኣትማንን ሓማውቲ ተመንን ዕንቅርቢትን የፍሪ። ነዊሕ ዝቓደረ ሓንጎል ድማ፡ ዝንቡዕ ኣተሓሳስባን ቁናን ስነ-መጎትን ማሪትን ኣጉል እምነትን ጥንቍልናን ፍርህን ፍጹም ድንቁርናን ይፈጥር።

ኣብዚ ዓለምና ስልጣነ ንኺመጽእ፡ ቅድም ቀዳድም ማሪትን ኣጉል እምነትን ኪጠፍእ ነበሮ። ሳላ ግሪኻውያን እዩ እቲ ኣንጻር ዝንቡዕ ኣተሓሳባን ማሪትን ዝመከተ ኩናት ኪጅመር ዝኽኣለ። ድሕሪ ነዊሕን መሪርን ቃልሲ ድማ፡ ሳየንስን ስነመጎትን ኣብ ልዕሊ ዝንቡዕ ኣተሓሳስባን ማሪትን ኣጉል እምነትን ተዓዊቱ። ነዚ እንርእዮን እንምከሮን ዘለና ማሕበራውን ተክኖሎጅያውን ስልጣነ ከምጸኣልና ከኣ ኽኢሉ።

ዓለም ወይ ዩኒቨርስ ትም ኢሉ እተሰርሐ ኣካል ኣይኮነን፣ ማለት እቲ ንኣኡ ዝሰርሐ ሓይሊ መወዳእታ ዘይብሉን ክንበጽሖ ዘይንኽእልን ፍጹምን ብስነመጎት እተደኰኑ ኣእምሮን ምስትውዓልን ሒዙ እዩ ሰሪሑዎ ወይ ፈጢሩዎ። ንኣኡ ድማ ኣምላኽ ወይ ፈጣሪ ኢልና ንሰምንዮ ወይ ንጽውዮ።

እቲ ንዓለም ኪልውጣን ነዚ ኽሉ ሕጂ እንጥቀመሉ ዘሎና መሳለጥያታትን ኣብ ሕማምና ዚሕግዘና ዘሎ ኣፋውስን ብልሃትን ካልእ ኩሉ ንህይወትና ምሾት ዚህብን ዘሎ ምህዞታትን፡ ቡቲ ካብ ማሪት ኣግሊሱ ብስነመጎታውን ሳየንሳውን መገዲ ኪሓስብ ዝኽኣለ ኣእምሮ ወድሰብ እዩ መጺኡ። ንኣእምሮ ወድሰብ ዝሃንደሰን ዝደኰነን ከኣ ኣምላኽ ኢዩ። እምበኣር፡ ንኣእምሮና ኣማልኽ ካብ ፈጠሮ፡ እቲ ኣብ ስነመጎታውን ሳየንሳውን እተመርኰሰ ኣተሓሳስባና ናይቲ ዝፈጠረና ኣተሓሳስባ ነጸብራቕ እንተ ደኣ ዘይኮይኑ ካበይ ደኣ ኣምጺእናዮ ክንብል ኢና?

ፈጣሪ ንሰብ ካብቲ ምስትውዓሉን ጥበቡን ኢዩ ዓዲሉዎ፡ ከመይሲ ከም ምስሉን ባህርያቱን ገይሩ ኢዩ ፈጢሩዎ። ካብቲ ናቱ ናይ ስነመጎት መንፈስን ሓይልን ድማ ኣካፊሉዎ። ስለዚ፡ ወድሰብ ንፍጥረት ኪብድሃን ኪመልካን ኪገዝኣን እንተ ደኣ ኽይኑ፡ ነቲ ኣምላኽ ዝዓደሎ ኣእምሮኡ ብፋሉላውን ዕዉርን መገዲ ዘይኮነስ፡ ብሳየንሳዊ መገድን ብስሩዕ ኣገባብን ኪመርሖ ግድን እዩ።

ቀደም ዘመን፡ ወድሰብ ካብ ኣብ ስነመሳት (ከምኡውን ካብቲ ተዓዚብካን ተመራሚርካን ዚካየድ ናይ ፍልጠት ጉዕዞ) ዝያዳ ኣብ ከንቱ እምነትን ማሪትን ተመርኩሱ ህይወቱ ኪመርሕ ከሎ፡ ተፈጥሮ ትገዝኦን ተሰምብዶን ተርዕዶን ቃሕ ከም ዝበላ ትገብሮን ተሸኩንድረሉን ከም ዝነበረት ይዝከር።

ምስ ዚሓምም፡ መናፍስቲ እዮም ሒዞምኒ ይብል፣ ማሕበራዊ ወይ ፊናንሳዊ ጸገም ምስ ዚጓነፎ፡ ከዋኽብቲ እዮም ተጻቢኦምኒ ይብል፣ ምስ ዚደኪ ወይ ኣብ ዕዳ ምስ ዚኣቱ፡ ኣማልኽቲ እዮም ቀኒኦምለይ ይብል፣ ግራቱ ምስ ዚሓርር ወይ ብዝናም ምስ ዚባላሾ፡ ንሞሎኽ (ስም ህቡብ ጥንታዊ ጣኦት) ጸሊም ብዕራይ ዘይሓርደሉ ነበርኩ ብምባል የስተማስል፣ በዓልቲቤቱ ምውላድ ምስ እትኣቢ ድማ ቁጽለ መጽሊ ኣራርዩን ኣብሊዑን ኣብ ዘይሕማማ የብጽሓ ነበረ።

ንምንታይ? ብኸመይ? እናበልካ ምጥርጣርን ምምርማርን ምዕዛብን ህየሳዊ ኣመለኻኽታ ምኽታልን ንኣማልኽቲ ከም ምድፋር ገይሩ ይወስዶ ስለ ዝነበረ፡ ከይተመራመረ ግዜኡ ኣሕሊፉዎ።

እቲ ማሪትን ፍርህን ከምዚ እናበለ ኪጐዓዝ ከሎ፡ እቶም ናይቲ ግዜ'ቲ ምሁራን-ኢና-በሃልቲ ድማ፡ ዓለም ጸፋሕ ከም ሰተታ ከም ዝኾነት፡ ጸሓይ ንመሬት ከም እትዞራ፣ ከዋኽብቲ ካብ መሬት ከም ዚንእሱ፣ ሰብ ብሓንሳሉ ዘይኮነስ ብልቡ ከም ዚሓስብ (ሓንሳሉ ግን መጻረይ ደም ከም ዝኾነ)፣ ቀንጭን ቁማልን ካልኦት ደቐቕቲ ሓሳኹን ካብ ባዶ ከም ዚፍጠሩ፣ ሓዊ ነብሱ ዝኽኣለ ባእታ ወይ ኤለመንት ምኻኑ፣ ሕማም ድማ ብምብዛሕን ምጉዳልን ናይቲ ኣብ ኣካላትና ዚርከብ ሓሞት ወይ ደም ወይ ድማ ማይ ከም ዝኾነ ገይሮም ይሓስቡን ይፈላሰፉን ንሰብ የጋግዩን ነበሩ።

ካብዚ ኣተሓሳስባ ወጺኡ ኪገልጽ ወይ ኪምድር እተረኽበ፡ ከም መታለልን መናፍቐን ተቑጺሩ ይስጐጉን ይእሰርን ነበረ።

እንታይ እዩ ግን ንወድሰብ ብስነመሳታዊ ወይ ሳየንሳዊ መገዲ ከይሓስብ ወይ ከይመራመር ዘፍርሆ ዝነበረ? ነዚ ንምምላሽ፡ ናብቲ ጥንታዊ እምነት ተመሊስና ምርኣይ ከድልየና እዩ።

ብጥንቲ ወድሰብ ንኹሉ ኣብ ዓለምን ኣብ ነብሱን ዚኽሰት ፍጻመታት ወይ ኩነታት በቶም ብፍርሂ ዘምልኾም ዝነበረ መናፍስቲ ይምደብን ይፍጸምን

ከም ዝነበረን፡ ንኣታዮም ብምጥባርን ብምምላድን ድማ ካብቲ ኣሉታዊ ጽልዋታት ናይቲ ፍጻመታት ኪድሕን ወይ ኪርሕቕ ይኽእል ከም ዝነበረ ይኣምን ነበረ። ከምዚ ዝበለ ኣተሓሳስባ፡ ንወድሰብ ብናይ ገዛእ ርእሱ ሓሳባትን ትንተናን ከይከይድ ዓገቶ።

ቀደም ይዝከረኒ፡ ንኣቦና ወይ ንኣደና፡ ኪምልሹዎ ዘይክእሉ ኣብ ፍልስፍና እተመርኰሰ ሕቶ ነቕርበሎም እሞ “ኣታ ቄልዓ መዓት ከይተውርደልና! እንታይ ዓይነት ሕቶ’ዩ’ዚ! ኣምላኽ ኣይትፈርህን ዲኻ!?” ዚብል ነቲ ኪመራመር ዚደሊ ሓንጎል ዘደንዝዝን ዘፍዝዝን መልሲ ይህቡና ነበሩ።

ብተመሳሳሊ መገዲ፡ ጋሊለዮ እተባህለ ኢጣልያዊ ሳዮንሰኛ፡ ዓለም ንጸሓይ ከም እትዞራ ምስ መሃረ፡ እቲ ቤተክህነት ነቲ ናይ ጋሊለዮ ሓሳባት ንፈጣሪ ከየሰምብዶ’ሞ መዓት ከይወርዶ ብማለት፡ ንጋሊለዮ ነቲ ዝበሎ ኩሉ ኪኽሕዶ ብማለት ኣፈራራሁዎ። ድሕሪ 500 ዓመት ግን፡ እቲ ቤትክህነት ከም እተጋገየ ተገንዚቡስ ይቕረታ ሓቲቱ ይብሃል። ንጋሊለዮ ድማ ከም ሓደ ካብቶም ዓበይቲ ሊቃውንቲ ዓለም ተቐቢሉዎ።

ሓቂ ብእግራ እንተ ቀበርካያ ብርእሳ ትወጽእ እተባህለ፡ ንስነመኅት’ውን ይምልከት እዩ። ብዘይ ሳዮንስ ወይ ስነመኅት ወይ ህዮሳዊ ትዕዝብቲ፡ ኣእምሮ ወድሰብ ኪምዕብል ኣይክእልን። እዚ ኹሉ ኣብ ዙርያና እንርእዮ ዘሎና ማሕበራውን ተክኖሎጅያውን ስልጣነ፡ ካብቲ ብፍርህን ብማሪትን ከንቱ እምነትን ዘዕለቐለቐ ኣእምሮ ወድሰብ ኣይኮነን ነቒሉ።

ወድሰብ ከምዚ ኣይትሕተት ከምዚ ኣይትዛረብ ኪብሃል ከሎ እሺ እናበለ ትም ኢሉ ህይወቱ ኣሕሊፉዎ ነይሩ እንተ ዚኸውን፣ በዓል ሶክራተስ፡ ፕላቶ፡ ኣሪስቶትል፡ ጋሊለዮ፡ ኮፐርኒካስ፡ ኣይዛክ ኒውተን፡ እቲ ፕኒሲሊን ዝመሃዘ ኣለክሳንደር ፍለይሚንግ፡ ኣይንሽታይን እተባህሉ ንዓለምና ብሳዮንሳዊ መገዲ ዝለወጡ ዓበይቲ መምህራን፡ ገሊኦም ዝጠፈሹ ነጋዶ፡ ገሊኦም ዝጠፈሹ ጸረብቲ፡ ገሊኦም ሓረጥቲ፡ ገሊኦም’ውን መን ይፈልጥ ጐሓሉ ኮይኖም ካብዛ ዓለም ምሓለፉ ነይሮም። ንሕና ድማ፡ ምስ መናፍስትን ጠንቁልትን ከንቱ እምነትን ምስ ጥሜትን ሕማምን ውግእን ወረ ውግእን እናተዛነና ህይወትና መሕለፍናዮ ኔርና።

ኣብዚ ዓለምና ሳዮንሰኛታት ንኺገሃዱ ክንደይ ጸገም እዩ ተረኺቡ መስለኩም። ዘይሳዮንሳውያን ነዛ ዓለም ብምቁጽጻርን ቡቲ መገዶም ክትከይድ ብምድላይን፡ ነቲ ጸልማት ዘመን ተባሂሉ ዚፍለጥ መዋእል ኪገሃድን ተመሊሱ ኪመጽእ ከም ዝጸዓሩን ኩሉ ሰብ ታሪኽ ይፈልጦ እዩ።

ኣብኡ ኾይኖም ድማ ከም ድላዮም ሓምቢጦም። ንዓለም ድማ ንቕድሚት ከይትግስግስ ዓጊቶምዋ።

እቲ ብበዓል ሶክራተስን ካልኦት ግሪኻውያን ተመራመርቲ ተዋሂቡ ዝነበረ ትምህርቲ ግን ግዜኡ ምስ ኣኸለ፡ ነቲ ጸልማት መዋእል ብምቕንጣጥ፡ ብፍላይ ኣብ ኤውሮጳ፡ ነቲ ረኔሳንስ ወይ ድማ ዳግማይ-ትንሳኤ ስልጣኔ ተባሂሉ ዚፍለጥ ናይ ብርሃን መዋእል ከም ዚኽሰት ገይሩ። ማሪታውያንን ኣጉል ኣመንትን ድማ ከምቲ ጸሓይ ምስ በረቐ ህልም ዚብላ ጨራሩ-ለይቲ ህልም ኢሎም። ግን ከኣ ክዳን ረጋቢትን ክዳን ንስርን ኣሞራን ክዳን ባሬቶን ተኸዲኖም ጸጸኒሑም ቅልቅል ቅልቅል ካብ ምባል ኣየቋረጹን። ሓድሓደ ግዜ'ውን ክዳን ሃይማኖት ተኸዲዶም ናብዝን ናብትን ይብሉ ኢዮም።

ንኣብነት፡ ኣብ 19 ክፍለ-ዘመን ገለ ኤውሮጳውያን ሊቃውንቲ፡ ሕማም በቶም ብዓይኒ ኪረእእዩ ዘይክእሉ ጀርምስ እዩ ዚለዓል ኢሎም ምስ መሃሩ፡ ገለ ኣብ መናፍስቲ ተመርኩሶም ናይ ድራር ዕለቶም ዚምእርሩ ዝነበሩ 'ሓኻይም' ደስ ኣይበሎምን። ግንከ፡ እቲ ግዜ'ቲ ነተን ናይ ለይቲ ኣዕዋፍ ዘይምችእ ዘመን ብምንባሩ፡ እቶም ቀጠፍቲ ሓኻይም'ውን ነዚ ነገርዚ ግርም ገይሮም ተገንዚቦምዎ ስለ ዝነበሩ፡ ነገር ከየምጽኡ ኸለዉ፡ ትም ኪብሉ መሪጾም። ሳየንስን ስነ-መጎታዊ ኣተሓሳስባን ህየሳዊ ትዕዝብትን ተራር ኣተናትናን ድማ ግስጋሰኡ ቀጺሉ። ንዓለም ድማ ለዊጡዋ።

ካብ ኩሉ ዘገርም ግን፡ እቶም ንማሪትን ከንቱን ዕዉር እምነትን ከም እንኮ መገዲ ገይሮም ዚወስዱዎ ሰባት፡ ነቲ ሳየንስ ዘፍረየሎም እተፈላለየ ምህዞታት ዘዘሊሎም ኪጥቀሙሉ ኸለዉ ምርኣይ እዩ። ፈራህን ማሪታውን ኣእምሮኦም ዘየፍረዮ ምህዞታት ይጥቀሙ'ሞ ንሳየንስ ድማ ተሓቢኦም ይሓምዩዎ። ዝኾነኾይኑ፡ ዘይተርፈካ ጋሻስ ኣጥቢቕካ ሰዓሞ እዩ'ሞ፡ እንታይ ዘይገበሩ።

ማሪት ወይ ኣጉል እምነት

ኣብ ኩሉ ዓለም፡ ማሪት ወይ ኣጉል እምነት ዚበሃል ኣሎ። ኣብታ ኣዚያ ስልጥንቲ ሃገር ኣመሪካ ከይተረፈ'ውን ብመጠኑ ኣጉል ኣምነት ኣሎ። እቲ ጸገም፣ ማሪት ምህላውን ዘይምህላውን ዘይኮነስ፡ ኣብኡ ምጥባቐን ብኣኡ ምምራሕን ኢዩ። ንሱ ኸኣ'ዩ ንወድሰብ ንድሕሪት ዚጐትቶ ዘሎ። ኩሉ ግን ካብ ዋሕዲ ትምህርትን ተመራማርነትን ዝነቐለ ኢዩ።

ኣብ ሃገርና፡ ሕጂ ደኣ ሳላ ኣንጻር ኩሉ መሰናኽል እተኻየደ ኵናት እናጐደለ ይኸይድ ኣሎ እምበር፡ ቀደምሲ ኣጉል እምነትና ክሳዕ ዝኣኽለና ኣብ ዓዘቕቲ ድንቀኵርና ደርቢዩና ኢዩ።

መጀመርታ፡ ማሪት ብዋሕዲ ትምህርቲ ኪዕንብብ ከሎ፡ ብብርሃን ትምህርቲ ከም ዚጠፍእ ምግንዛብ ግን የድሊ።

ኣብቲ ትምህርቲ ዘይብሉ፡ ኣብኡ ማሪት ገኒኑ ይርከብ። ከምቲ ቃንጥሻ ኣብ ጸልማትን ድነ ቦታን ዚበቀኵል እሞ ጸሓይ ምስ መጽኣቶ ኸኣ ዚቕምስል፡ ማሪት ከኣ ከምኡ ኢዩ።

ብቡድሃ ዶ ክንጅምር። ቡድሃ ምስቲ ቅድሚ ምውላድ ክርስቶስ 500 ዓመታት ይገብር ኣብ ህንዲ ዝመጽአ ልኡኽ ኣምላኽ ኢዩ። ቡድሃ ማለት ብሳንስክሪት፡ ኣእምሮኡ ዝበርሃሉ፡ ምስጢር እተገልጸሉ ሰብ ማለት ኢዩ።

እቲ ኣብ ሃገርና ቡዳ ወይ ጠቢብ እንብሎ'ውን'ኮ ምስጢራት እተገልጸሉ ማለት ኢዩ። እቲ ፍልጠት ናይ ምስጢራት ኣብ ሕማቕ ነገራት ስለ ዚውዕል ዘሎ ድኣ'ምበር ብመሰረቱስ ቡዳነት ጽቡቕ ኢዩ። ምስጢራዊ ፍልጠት ማለት ኢዩ።

ኣብ ሃገርና ቡዳ (ወይ ዚረኣዮ፡ ዚግለጸሉ ሰብ) ኣሎዶ ንዚብል ሕቶ፡ መልሱ ኣብ ሃገርና ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ምሉእ ዓለም ቡዳታት ኣለዉ ኪብሃል ይከኣል። ምህላዎም ከኣ ባህርያዊ ኢዩ። ኣብ ኤውሮጳ ወይ ኣመሪካ ከም ሳይኪክ ኢዮም ዚፍለጡ። ሳይኪክ ምኻን ድማ ነውሪ የብሉን። ረቂቕዊ ፍልጠት ምህላው ማለት ኢዩ።

እቲ ጸገም ግን ነዚ ሓይሊ'ዚ ኣብ ምንታይ ተውዕሎ ኢዩ። ወድሰብ ገና

ኣብ ፍጹም መንፈሳዊ ስልጣነ ስለ ዘይበጽሐ፣ ማለት ብመንፈሳዊ መገዲ ገና ስለ ዘይማዕበለ ከምዚ ዝበለ ሓይልታት ኣብ ሕማቕን ጐዳእን ተግባራት ኪውዕል ይኽእል። እዚ ሓይልታት'ዚ ኣብ ዘይተማህረ ህዝቢ ምስ ዚኽሰት፣ ኣጉል እምነትን ድሕረትን የኽትል።

እቲ ቡዳ ወይ ጠቢብ ዚብሃል ሰብ፡ ልዕለ-ባህሪ ሓይሊ ከም ዘለዎ ስለ ዚእመነሉ፡ ቃሕ ዝበሎ ኪገብር ይኽእል ኢዩ ዚብል ፍርሂ ድማ ኣሎ። ሓደ ካብቲ ተግባራቱ ኽኣ ሰብ ምስቓይን ምቕታልን ኢዩ።

ንኹሉ ፈውሲ ኣሎዎ እንዲዩ፡ እቲ ህዝቢ፡ ነቲ ዘይርድኦ ሕማም ወይ ቃንዛ፡ ብዘይርድኦ ፈውሲ ገይሩ ከሕውዮ ኢዩ ዚፍትን። ኣብዚ ኩነታት'ዚ፡ እቲ ብቡዳ ዝነቐለ ቅርጸት ተታሒዙ ዚብሉዎ ሰብ፡ ብናይ ጎማ ትክን ካልእ ነገራትን ከም ዚድሕን ይጸዓረሉ። እቲ ቡዳ ድማ፡ መታን ነቲ ሕሙም ኪምሕሮ ይልመን፡ ወይ ከኣ ኣድላዪ ስጉምቲ ይውሰደሉ።

ኣብ ኤውሮጳ ሓደ ጀለር ዚብሃል እስራኤላዊ ነይሩ። ብኣዒንቱ ገይሩ ማንካታት ይጠዋዊ ይብሃል። ካብ ዓይኑ እንታይ ሓይሊ ከም ዚወጽእ እግዚሄር ዋንኡ። ግን ኣብ ዓለም ኣዚዩ ህቡብ ኢዩ። ብኣታትና ቡዳ ምኻኑ ኢዩ። ማንካታት ካብ ጠዋወየ ንመዓናጡ ግዳ እንታይ ክርእየሎም። ግን ቡዳ ኢሎም ኣይጸርፍዎን። የኽብሩዎባ ደኣ። ሕማቕ ኪገብር እንተ ዝደሊኮ ምገበረ፣ መን ይኽልክሎ።

ግን፡ ነቲ እተዋህቦ ናይ ቡዳነት ወይ ጠቢብነት ሓይሊ፡ ኣብ መዘናግዒ ቦታታት እናኸደ፡ ሰብ የዘናግዓሉን፡ ናይዕለት እንጌራኡ ድማ ይምእርረሉ ኣሎ። በዓልቲ ቤቱ ድማ፡ እንቋዕ ቡዳ ኮነለይ እናበለት ንኣምላኻ ተመስግን ኣላ። ሳላ ፍሉይ ክእለቱ ድማ ደቁ ቤትትምህርቲ ይኽዱ።

እምበኣር ማሪት ወይ ኣጉል እምነት፣ ሰኣን ትምህርቱ ባዕሉ ሰብ ዚፈጥሮ ድኣምበር፣ ብመሰረቱ ኩሉ ኣብ ዓለም ዚኽሰት ፍልጠት፡ ብመሰረቱ ጽቡቕን ንወድሰብ እተዓደለን ውህበት ምኻኑ ኪርሳዕ ኣይግባእን።

ይኹንምበር፣ ውላድካ ገለ ናይ ሳይኪክ ወይ ቡዳነት ሓይሊ ኣለዎ ዚብል ጥርጣረ እንተ ኣሎካ፡ ሰብ ስለ ዝኾነ፡ ሰብ ድማ ድኹም ስለ ዝኾነ፡ ነዚ ሓይሊ'ዚ ንሕማቕ ነገራት ኪጥቀመሉ ድማ ስለ ዚኽእል፡ (ኣብቲ ናይ መንፈሳዊ ስልጣኔ ገና ድማ ስለ ዘይበጻሕና) እቲ ዝበለጸ ኣማሪጺ፡ ነቲ ሓይልታቱ ከየማዕብሎ ምኽልካሉ ኢዩ።

ሓደ ካብቲ ኣብ ዓለም መግለጺ ተሳኢኑሉ ዘሎ ብቑሊሉ ናብ ማሪት ኪልወጥ ዚኽእል ሓይልታት፡ ዓምደረቦ ኢዩ። እዚ ብእንግሊዝ፡ ፖልተርጋይስት ይብሃል። ኣእማን ዚድርቢ መንፈስ ኢዩ።

ተመሃራይ ከሎኹ ይዝከረኒ፡ ኣብ ገዛውትና ዓበይቲ ኣእማን ካብዚ ዘይትብሎ ቦታ እናተወርወረን እናወደቑን ኣሰንቢዱና። ካበይ ይመጽእ ከም ዘሎ ንምፍላጥ ሸጊሩና። ገለ ሊቃውንቲ፡ ናይ መሬት ማግኑቲዝም ኪዛናበል ከሎ ኢዩ ዚለዓል ይብሉ። ገለ ድማ፡ ገለ ሰባት ከይተፈለጠም ካብ ድቃሶም ከይተባሪበሩ ተንሲኦም ዝፍጽምዎ ተግባር ኢዩ ይብሉ። ይኹንምበር፡ ካብ ተቐዳዲምካ ናብ ማሪት ምጉያይ፡ ምምርማር ይበልጽ።

ኩሉ መግለጺ ኣለዎ። ኣምላኽ ንኹሉ መምስ መግለጺኡ ኢዩ ፈጢርዎ። ገለ ምስጢራት ኣብዚ እዋንዚ ዚግለጽ ይኸውን፣ ገለ ከኣ ኣብቲ ዚመጽእ ዘመናት። ቀደም ዘመን፡ ንጉስ ፋርስ ንግሪኽ ከጥቅዕ ኢሉ ምስ ነቐለ፡ ኣብ መንጎ ጉዕዞኡ፡ ናይ ጸሓይ ግርደት ይፍጸም። ማለት ጸሓይ ብወርሒ ትሽፈን። ንጉስ ፋርስ፡ ወራሩ ደው ኣቢሉ ናብ ዓዱ ይምለስ። ሕማቕ ፋል ኢሉ ኢዩ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ግን" ኣመሪካውያን ቢን ላደን ንምድብዳብ፡ ወርሒ ናብ ቀጠልያ እንተ ትልወጥ'ውን ደው ኣይመበልዎን። ናይ ኩሉ ነገራት ምኽንያትን መንቀልን ብመጠኑ ስለ ዚፈልጡ።

ጠንቂልቲ ከይተረፋ ናተን ሓይሊ ኣለወን። ዝገብሩዎ ምስ ጨነቕም፡ ካብ ሳኦል ኣትሒዝካ ክሳብ ቸርቺል ብዙሓት መራሕቲ ሃገራት ምስ ጠንቂልቲ ተራኺቦም ኢዮም። ሳኦል ናብታ ናብ ኤንዶር ጠንቂሊት፣ ገለ ዘመናውያን መራሕቲ ድማ ናብታ ህብብቲ ማዳም ሶለይ እተባህለት ሞት ከነዲ እተራእያ ፈረንሳዊት ጠንቂሊት ከይዶም ጉዳዮም ኣስሊጦም ኢዮም።

ኩለን ጠንቂልቲ ግን ጥዑያት ኢየን ኪብሃላ ኣይክእላን። ገለ ነገር ከም ዝረኣየን ርግጽ ኢዩ። ግን፡ ልበን ንጹህ ኪኸውን ኣይክእልን። ንገንዘብ ኢለን ኢየን ዚሰርሓ። ንሰብ ከሕዝና ድማ ኣይደልያን። ቢዝነስ ወይ ንግዲ ከይዕጸወን። እቲ ናይ ሓቂ ነብዪ ወይ ብራኢ ዚዛረብ ሰብ፡ ይብሉ ቅዱሳን መጻሕፍቲ፡ እቲ ኣብ ቅድሚ ንጉስ ቀሪቡ ንህይወቱ ከይፈርህ ዚገንሓን ዚግስጸን ኢዩ። ጠንቂልቲ ግን ሰብ ንግዲ ወይ ሸቃጠ ብምኻኖም ብባህርያቶም ከምዚ ዝበለ ድፍረት የብሎምን። ሰለዚ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ንጹጋት ኢዮም።

ጣልያን ኣብ ሃገርና ኤርትራ ምስ ኣተዉ፡ መብዛሕትኦም ድማ ደቂ

ሲቺልያ (ማለት ደቂ እታ ኣብቲ ግዜቲ ዝደንቈረት ክፍሊ ሃገር ኢጣልያ ዝነበረት) ስለ ዝነበሩ፡ ነቲ ዝነበረና ማሪት ኣደንፊያሙዎ ኢዮም። በዓል ፋንታዝማ፡ ማለት ምትሃት፡ ሽዑ ኢዮም ንኣእምሮና ኪቈጻጸሩዎ ዝጀመሩ። ኣብ ከብዲ ኹሉ ወዲ ኸተማ፡ ናይ ጸልማትን ናይ መቓብራትን ፍርሂ ኣተኣታትዮም።

ብነኣሽቶና ኸሎና ናይ ቀብሪ ማኪና ክትሓልፍ ከላ ኣብ ክዳንና ዘሎ ገለ ሓጺን ብምሓዝ፡ ቶካፌሮ ንብል ኔርና። ከምዚ መግበሪና ድማ፡ ብድንገት ከይንመውት ስለ እንፈርህ ኢዩ።

ኣብ መገዲ፡ ጸላም ድሙ እንተ ኣቋሪጻትና፡ ንድሕሪት ንምለስ፡ ሕማቕ ነገራት ከይጓነፈና። ሰይጣን ኣብ መቓብር ስለ ዘሎ፡ ምሽት ብጥቓ መቓብር ኣይንሓልፍን፡ ወዘተ። እዚ ኹሉ፡ ካብ ጣልያን ዝወረስናዮ ማሪታት ነበረ።

ካልእ ሓድሓደ ነኣሽቱ ብዙሕ ዘይጓዳእ ኣጉል እምነታውን ነይሩና። ገሊኡ ካብ ጣልያን ዝወረስናዮ ኪኸውን ከሎ፡ ገሊኡ ድማ ካብ ገለ ሃገራት ኣዕራብ ዝሸመትናዮ ኢዩ።

ጸባ ሰቲኻ ወይኒ ምስ እትሰቲ ሽዑ ሽዑ ትመውት። ነፋሒቶ ኣይትቕረባ ከይትነፍሓካ። ቅራፍ እንቋቑሖ እንተ በላዕካ ኣበንዲቺተ ወይ ትርፊ መዓንጣኻ ትረክስ እሞ ትመውት....

ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝበልኩዎ፡ ስሚ ወይ ፈውሲ ማሪት፡ ሳዮንስ ኢዩ'ሞ፡ ንኹሉ ግጉይ ኣተሓሳስባናን ኣጉል እምነትናን፡ ዝንቡዕ ኣረኣእያናን ብትምህርትን ምርምርን፡ ደፋርን ተባዕን ኣእንምሮን ብምጥራይ ኢና ክንዓግቶ እንኽእል።

ኤውሮጳውያን፡ ነዚ ሕጂ እንጥቀመሉን ገለ ዕድለኛታት ከኣ እንጀሃረሉን ዘሎና ስልጣነ ዘምጽኡዎ፡ ነቲ ኣብ ናይ ማእከላይ ዘመን ኣደንቕሩዎም ዝነበረ ማሪት ደርብዮም ናብ ሳዮንስ ኪጽግዑ ምስ ጀመሩ ኢዩ። ኣብዚ በዓል ደካርት፡ ቮልቴር፡ ኒውተን፡ ፍሮይድ ወዘተ ምዝካር የድሊ።

ኣፍሪቃውያን ግን፡ ብሓፈሻ፡ ኣብ ምድርባይ ኣጉል እምነት፡ ዝደንጎና ንመስል። ኣብቲ ምድንጓይና ግን፡ ፈረንጂ ከም ዚተሓባበሩና ክንርስዕ ኣይግባእን። ፈረንጂ፡ መታን ንዘልኣለም እናበዝበዙና ኪነብሩ፡ ኣብቲ ናይ ኣጉል እምነት ዓለምና ቀጻሊ ንኽንነብር ዘይተሓለለ ጻዕሪ ኢዮም ዘካይዱ።

ነዚ ድማ ብእተፈላለየ መገዲ ኣብ ግብሪ የውዕሉዎ ኣለዉ።

ንሳቶም ዘይኣምኑዎ ነገራት፡ ንሕና ክንኣምኖ ይደልዩ። ንሳቶም ዘይጥቀሙሉ ኣገባብ ኣተሓሳስባ፡ ንሕና ክንጥቀመሉ ይጽዕሩ፡ ንሳቶም ዘይትምነዩዎ ነገራትን ሕልምታትን፡ ንሕና ክንትምነዮ ይደልዩ። ንሳቶም ኣብ ናይ ተግባር ዓለም እናነበሩ፡ ንሕና ኣብ ናይ ሕልሚ ዓለም ክንነብር ይገብሩና ኣለዉ።

ስለዚ፡ መታን ኣብቲ ንሳቶም በጺሖምዎ ዘለዉ ደረጃ ስልጣነ ክንበጽሕ፡ ክንመሃርን፡ ክንመራመርን፡ ንኹሉ ነገራት ክንብድህን፡ ንኹሉ ኣብ ሕልምታት ከኻውሰናን ኪልዕጥጠናን ዚደሊ እምነታትን ሕልምታትን ምሒና ክንድርብዮን ከነርሕቕን ይግበኣና።



ደረጃታት ሓጎስን ደስታን

ወድሰብ ኣብ ጃርዲን ወይ ስፍራ-ኣታኽልቲ ከም እተፈጥረ ኩልና ኣመንቲ ንፈልጥ ኢና። ኣብ ጃርዲን መፍጠሪኡ ድማ መታን ኪሰርሕ ተባሂሉ እዩ።

እቶም መፋጥርቱ ዝኾኑ እንስሳታት ፍጥር ምስ በሉ ኣብ ምህዳንን ምብላዕን ኣብ ወሲብን ኪዋፈሩ ኽለዉ፡ ሰብ ግን ነታ እትዋህቦ ስፍራ-ኣታኽልቲ ኪኹስኩሳ ብፈጣሪ ስለ እተነግሮ፡ ካብ ምስራሕ ኣየቋረጸን። እምበኣር እቲ መጀመርያ ናይ ወድሰብ ሞያ፡ ጀርዲነረ ወይ ምኹስኳስ ኣታኽልቲ ምንባሩ ክንርስዕ ኣይግባእን። ብሓጺሩ፡ ኣምላኽ ኪፈጥረና ኽሎ ጀሚሩ፡ ሰሪሕኩም ብልዎ ኢዩ ኢሉና።

እምበኣር፡ ፈጣሪ ንወድሰብ ሰሪሕካን ርሂጽካን ብላዕ ኪብሎ ኽሎ፡ ብስራሕካ ድማ ተሓጐስ ማለቱ ኢዩ። ስለዚ ወድሰብ ከምቶም እንስሳታት ብሃድን ወይ ብምሒር ምብላዕ ወይ ብግብረ-ጾታ ዘይኮነስ፡ ብስርሑ ጥራይ እዩ ኪሕጐስ ዚኽእል ዝነበረ። ካልእ ዚሕጐሰሉ መገዲ ወይ ብልሃት ኣይነበሮን።

ሰብ፡ ሰሪሑ ኪበልዕ ከሎ ኢዩ ብዝያዳ ንፈጣሪኡ ዚዝክሮ። ኣምላኽ ኢድኩም ዘርጊሕኩም ክትምህለሉ ወዓሉ እሞ ባኒ ክድርብየልኩም እየ ኣይበለናን። ብትግሃትን ብቕንዕናን ሰሪሕና ንነብስና ኾነ ንስድራቤትና ካብኡ ሓሊፉ ኽኣ ንብጻይና ምስ እንረድእ፡ እዚ ከም ጽድቂ ኪቕጸረልና ይኽእል።

ወድሰብ፡ ነቲ ዝሃንጾን ዘዕብዮን ንቡር ስራሕ ገዲፉ ኣብ ካልእ ነገራት ወጠምጠም ኪብል ምስ ጀመረ እዩ ጓሂ ከምጽእ ዝጀመረ። እቲ ዘይእርኑብ ድሌታቱ፡ ጸገማት ኪፈጥረሉን ንጓሂኡ ከብዝሑን ክኢሉ።

እስከ ንሓደ ሰሪሑ ዚኣቱ ፈላጽ ዕንጸይቲ ይኹን በዓል ዓረብያ ቀሪብና ብዛዕባ ኩነታቱ ንሕተቶ። ጻማኡ ዚረክብ እንተ ኾይኑ ኣዝዩ ሕጉስ እዩ። ቅኑዕ ብዝኾነ መገዲ ሰሪሑ ሓዳሩ ኪናብይ ብምኽኣሉ ዚሕጐሶ ሓጎስ እቲ በዓል ርሻንን መኻይንን እኳ ኣይረክቦን።

ኣብ ኣመሪካ እተገብረ መጽናዕቲ ከም ዘረጋግጾ፡ ሰብ ብስርሑ እንተ

ዘይኮይኑ ብኻልእ ኪሕጐስ ከም ዘይክእል ዘረጋግጽ እዩ። ሓጎስ ብምኽሪ ኣይመጽእ፡ ብግበሩለይ ክገብረልካ ኣይገሃድ፡ ብገንዘብን ሽመትን ዕብዳንን ኣይፍጠር፡ ብመስተ ኣይክዕበት።

ግን ከኣ ክልተ ዓይነት ሓጎስ ከም ዘሎ ድማ ክንርስዕ ኣይግባእን። ግዜኣዊ ወይ በናኒ ሓጎስ፡ መሰረታዊ ወይ ውሽጣዊ ሓጎስ።

ሰብ ብፍጥረቱ ነቲ ግዜኣዊ ሓጎስ እዩ ኪቕመጦን ኪሃድኖን ዚውዕልን ዚሓድርን፣ ከመይሲ፡ ግዜኣዊ ሓጎስ ብዙሕ ምጽባይ ኣየድልዮን። ከምዚ ብተሎ ዚርክብ ሎተሪ እዩ። ሽዑ ከፊልካ እዩ ሽዑ ዚርከብ። ማለት፡ ኣብታ እትደልያ እዋን። ነቲ ሓጎስ'ቲ ኣብቲ እትደልዮ እዋን፡ ገንዘብካ ይኹን ግዜኻ ወይ'ውን ክብረትካ ወይ ጭውነትካ ከፊልካ ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ። ይኹንምበር፡ መሰረታዊ ወይ ውሽጣዊ ሓጎስ፡ ደረጃታት ከም ዘለዎ ብኣጋኡ ክንፈልጥ ይግባእ።

ንኣብነት፡ እቲ ስራሕካ ብምስልሳልን ብምስላጥን ዚፍጠር ሓጎስ፡ ኣብቲ ደረጃታት ውሽጣዊ ሓጎስ ሳልሳይ ቦታ ኪሕዝ ከሎ፡ ነብስኻ ብምግታእ ዚርከብ ሓጎስ ካልኣይ ደረጃ ይሕዝ። ካብኡ ዝለዓለ ድማ ኩላትና ደኣ ኣይንምከሮን ንኽውን እምበር፡ እቲ መንፈሳዊ ሓጎስ ዚብሃል እዩ። እንታይነት ናይቲ ሓጎስ'ቲ ንምፍላጥ፡ ኣብ ዙርያና ሃሰው ብምባል ንገለ ጻድቃናት ክንሓትት ንኽእል። ሓድሓደ ግዜ። እዚ ኣብ ጻድቃናትን ኣብቶም ኣምላኽ ዚፈርሁን ሰባት ዚርከብ ሓጎስ፡ ፍጹም ሓጎስ ከም ዝኾነ ይንገረሉ እዩ። ንኣኡ ዚደልዩን ዚሃድኑን ግን ኣዝዮም ውሑዳት እዮም።

ብመሰረቱ፡ ሓጎስ ኪብሃል ከሎ ቅድመ-ኩነት ዘይብሉ እንተ ኾነ ይምረጽ። ሻሂ ምስታይ ዘሐጉሰካ እንተ ደኣ ኾይኑ፡ እቲ ሻሂ ምስ ኣቋረጸ፡ እቲ ሓጎስካ'ስ ምስቲ ሻሂ ኣየቋርጽን'ዶ? ምስ ሓደ ሰብ ምዕላል ሓጎስ ዚፈጥረልካ እንተ ደኣ ኾይኑ። እቲ ሰብ'ቲ ካባኻ ምስ ኣልገሰ እቲ ሓጎስ ምስኡ ኣይዕዘርንዶ? ገንዘብ ጥራይ ሓጎስ ዘምጸኣልካ እንተ ደኣ ኾይኑ፡ እቲ ገንዘብ ምስ በነነ፡ እቲ ሓጎስካ ምስኡ ኣይበንንዶ?

ምብላዕን ምስታይን ምዕባድን ሓጎስ ዘምጸኣልካ እንተ ደኣ ኾይኑ፡ ብገለ ሕማም ወይ ካልእ እተፈላለየ ምኽንያት ካብቲ ነገራት እቲ ምስ እትእለ፡ እቲ ሓጎስካ ምስኡ ኣይእለንዶ?

ስለዚ፡ እቲ ናይ ሓቂ ሓጎስ፡ ቅድመ-ኩነት ዘይብሉ ኪኸውን ከም ዘለዎ ብዙሓት ናይ ስነልቦና ሊቃውንቲ ይምስክሩሉ ኢዮም። ብሓጺሩ፡ ትም

ኢልካ ክትሕጎስ ከም ዚከኣል ክትፈልጥ ይግባእ። ገለ ሰባት፡ ትም ኢለ ዝሕጎስ ደኣ ሕዋይ ድየስ ወይስ ጽሉል ብምባል ኪጠራጠሩ ይኽእሉ። ሓቃቶም እዮም። ስለ ዘይፈልጡዎ እዩ። ግንከ ይከኣል እዩ። ይግበር ከኣ እዩ።

ናብ በረኻ ገጽካ ተዛዊርካ ትፈልጥ'ዶ? ኣብ ሓደ ኣእዋምን ወሓይዝን ዘለዎ ህዱእ ቦታ ኬድካ ኮፍ ትብል፣ ኣብ ከምኡ ዝበለ ንጃርዲን ዝመስል ቦታ ኢኻ ተፈጢርካ መስለኒ። ሽው በየን መጸ ዘይበልካዮ ሓጎስ ይዓስለካ። ትም ኢልካ ትሕጎስ። ዋእ! ተጸሊለ ድየ ብምባል ድማ ትጠራጠር። ኣጆኻ፡ ኣይተጸለልካን። እቲ ሓጎስካ ካብ ውሽጢ እዩ ዚወጽእ ዘሎ። ኣብ ውሽጠይ ተደቢቑ ደኣ እንታይ ይገብር ነይሩ? ኢልካ ክትጠራጠር ትኽእል፣ ግንከ ንስኻ ኢኻ ምስዛ ዓለም ክትቁራቕ ምውጻእ ከኢእካዮ ወይ ገቲእካዮ እምበር ንሱስ ኩሉ ግዜ ገንፊሉ ኪወጽእ ይደሊ ነይሩ እዩ። ንስኻ ግን በቲ ብቕድመ-ኩነት ዚመጽእ ሓላፊ ሓጎስ ጸቒጥካዮ፡ ዓፊንካዮ። ዕድል ከኢእካዮ ኔርካ።

ሓጎስ ንምርካብ ቅድመ-ኩነት ኣድላዩ ኾይኑ ምስ ዚርከብ፡ እዚ ሓጎስ'ዚ ግዜኣዊ ወይ በናኒ ተባሂሉ ይጽዋዕ። ኣብዚ'ውን ደረጃታት ኪህሉ ይኽእል። ግዜኣዊ ወይ በናኒ ኾይኑ፡ ኣዝዩ ዘሐጉስን ስምዒትካ ዘገንፍል'ውን ኣሎ። ንኣብነት ብሽግለታ ኣጥሪኻን ላንድክሩዘር ኣጥሪኻን ቪላ ኣጥሪኻን ዚስመዓካ ደስታን ሓጎስን ኩሉ ሓላፊ'ኳ እንተ ኾነ፡ ብደረጃ ግን እተፈላለየ ኪኸውን ይኽእል እዩ። እቲ ሓደ ስምዒትካ ነኻኺኡ ፍሽኽ ፍሽኽ ከብለካ ዚውዕል ኪኸውን ከሎ፣ እቲ ሓደ ግን ብሓጎስ ከም ማንቲለ ከም እትዘልልን እትሰራሰርን ኪገብረካ ይኽእል። ኣረ ገሊኡስ ብርቱዕ ስምዒት ፈጢሩ ንብዓት ጀረብረብ ከም እተብሎ ኪገብረካ ሓይሊ ኣሎዎ።

ነብስኻ ብምግታእ፡ ካብ ክፉእ ነገራት ብምርሓቕ ዚመጽእ ሓጎስ ከኣ ኣሎ። እዚ ከምቲ ብብርቱዕ ድኻምን ጻዕርን ጎልጕልካን ሓሪስካን ዘሪእካን እተምጽኦ እኽሊ ኪቕጸር ይኽእል።

ሓደ ፈላስፋ ኸምዚ ይብል፥ "ናቲ ካብ ዓቕምና ንላዕሊ ዝኾነ ወይ ድማ ዘይስሩዕ ዝኾነ ድሌታት ወይ ባህግታት ክንገትኦ ክንፍትን ይግበኣና። ከመይሲ ከምዚ ዝበለ ድሌታትትን ባህግታትን ከም ትኪ ወይ ደበና ኾይኑ፡ ናቲ ምሳና ዘሎን ዝነዓቕናዮን ዓቢ ጸጋታት ኪዕፍኖን ምርኣይ ኪኸልኣናን ስለ ዚኽእል.."

ገለ ፈላስፋታት ድማ እቲ ኣብ ናብራና ፍጹም ሓጎስ ከምጽኣልና ዚኽእል

ተግባራት፡ ንብጻይካ ምሕላይ እዩ ይብሉ። ሓጎስ ብምሃብ እምበር ብምውሳድ ኣይመጽእን ይብሉ። ብምግልጋል እምበር ክትግልገል ከሎኻ ኣይርከብን። ንነብስኻ ክትርስዓ ከሎኻ እምበር፡ ምሒር ክትዝክራ ከሎኻን ንዓይ ይጥዓመኒ ክትብል ከሎኻን ኣይክሰትን ዚብሉ ድማ ኣለዉ።

እንስሳታትከ ይሕጕሱ'ዶ ይኾኑ? እወ፡ ዘድልዮም ኩሉ ምስ ተማልኣሎም። ከምኡ'ውን ብሕማም ምስ ዘይሳቐዩ ተሓጕሶም ወዘኽዘኽ ገለ ኽኣ ፍንጭራዕ ይብሉ ኢዮም። ንእንስሳታት ካብ ሰብ ንላዕሊ ሕጉሳት ዚገብሮም ግን ድሌታቶም ውሱን ብምኻኑ እዩ። ላም ሳዕሪ ምስ ረኸበት ኣሕ! ሮማዲ ከይከውን ነበረስ.. ፍሩስካ ከይከውን ነበረስ... ሓሰር-ንፋይ ከይከውን ነበረስ ብምባል ኣይተስተማስልን። ድሌታታ ሳዕርን ማይን ክፉት ቦታን ምህላው ጥራይ እዩ። ብኣኡ ድማ ተሓጕሳን ደስ ኢሉዋን ትነብር።

ሰብ ግን ዝኣኽሎ በሊዑ ጸጊቡ ከብቅዕ፡ ዊስኪ ገይረ ዘየውረድኩዎ ዚብል ባህጊ ወይ ሕማም ይለዓሎ። ስለዚ ይትክዝ። ዝኣኽሎ ደሞዝ ከለዎ፡ ካብ ካዝና ኪሰርቕ ይደሊ። ውላድ ተዋሂቡዎ ኽሎ፡ ተባዕቶት ዘይኮኑ ይብል። ናይ ብጻዩ ነኣሽቱ ነገራት ድማ የቕንኡ።

ሓንቲ በጊዕ ሳዕሪ እናበልዐት ከላ፡ ካልእ ብጸይታ ሰዊት ዓተር ክትበልዕ ርእያታ ኣይትቕንኣላን። ከይዳ ከተግድፉ'ውን ኣይትፍትንን። በቲ እትበልያ ዘላ እንተ ደኣ ዓጊባ፡ ናይ ካልእ ብዙሕ ኣይዓጅባን። እንስሳታት ብሓፈሻ ኣይቃንኡን እዮም። ይቃጸጹ ወይ ይሻወሙ ይኾኑ፡ ግን ኣይቃንኡን ወይ ኣይሕስዱን ኢዮም።

ሰብ ግን፡ ቪላ ሰሪሑ ከብቅዕ፡ ሓደ ካልእ ሰብ ኣብ ጥቓኡ ግራውንድ ፕላስ ዋን ምስ ዘስርሕ፡ ብቕንኢ ይሓምም። ሕጊ እንተ ዘይህሉ ነይሩውን ሞደሻ ወይ ቡልዶዘር ተለቂሑ ከፍረሶ ድሕር ኣይምበለን።

ክትዛረቦ ቀሊል ክትገብሮ ከቢድ ደኣ ኾይኑ እምበር፡ እቲ ዝቕለለ መገዲ ሓጎስ፡ ይኣኽለኒ ብምባል እዩ ዚመጽእ። ግን ከኣ ይኣኽለኒ ኢልካ ምድቃስ ዘይኮነስ፡ በቲ እናሰራሕካን እናረሃጽካን እትረኽቦ ሃብቲ ይኣኽለኒ እናበልካን እናኣመስገንካን፡ ግን ከኣ ጻዕርኻን ሓርኮትኮትካን ብዘይ ምቀራጽ ክትቅጽሎን ከተማዕብሎን ምቕላስ ግሩም ባህርይ ኢዩ፡ ነቲ ሓጎስካ'ውን ኣይንክዮን።

ተፈጸመ።

ርእይቶታትን ሓሳባትን

ርእይቶታትን ሓሳባትን

ሓንቲ ዓለም



ፍልስፍናን ኣስተንትኖን



Price:
SEK 100 € 10 USD 15